**Interview with President Isaias Afwerki ቃለ መጠይቕ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ-1ይን-2ይን-3ይን-4ይን ክፋላት**

04.12.2014



## ቃለ መጠይቕ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

### ቀዳማይ ክፋል

መርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኣዳራሽ ቤተ መንግስቲ ዋና ኸተማ ኣስመራ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንኽልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ዓሚቑን ነዊሕን ቃለ መጠይቕ ኣካይዱ። ነዚ ብኣጋጣሚ ምድላዋት መበል 20 ዓመት ዝኽሪ በዓል ናጽነት፡ ዓወታትን ብድሆታትን ሃገረ ኤርትራ ብዝምልከት ዝቐረበሉ ሕቶታትን ዝሃቦ መልስን ገምጋምን ዓሚቑን ኣገዳስን ሓበሬታትን ትንታነታትን ዝሓዘ'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዛዕባ ተመኵሮ ሽዱሽተኣን ዘባታት ኤርትራን ምዕባለኣንን፡ ኣብቲ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ልምዓት ኣብ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝምርኮስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ዘሎንና መረዳእታ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ'ውን ኤርትራዊ መንእሰይ ጽቡቕ ወራሲ ካብ ጽቡቕ ኣውራሲ ምእንቲ ክኸውን፡ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ምህናጽ ኣፍራዪ መንእሰይ ንእተጻወቶ ዘላ ኣዎንታዊ ተራ ዘርዚሩ። ብተወሳኺ ነቲ ብቕጽሪ 1907 ዝፍለጥ ብኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ዓማጽን ፍትሒ ዝረገጸን ውሳነ ዓሚቕ ነቐፌታዊ ትንታነ ሂቡሉ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት 24 ግንቦት 2011 ህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናጽነቱ ዝጨበጠሉ መበል 20 ዓመት ክኽብር እዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዝነበሩ ቐንዲ ብድሆታትን ዓወታትን እንታይ ነይሮም?**

መልሲ፡- ብዛዕባ ዘጋጠመ ብድሆታትን ዝተጨበጠ ዓወታትን ምሉእ መልሲ ንምሃብ ካብ ሰለስተ ክሳዕ ኣርባዕተ ሰዓታት ዝሓትት እዩ። ቀንዲ ብድሆ ኣብ ቅርጺ'ዩ ነይሩ። ኣነ ኹሉ ግዜ ብዛዕባ ቅርጺ'የ ዝዛረብ። ምናልባት ምስ'ቲ ንሕና እንዛረበሉ ክውንነት ዝሳነ ቕኑዕ ስነ-ቃል ኣብ ምምራጽ ዕዉት ከይከውን እኽእል እየ። ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘንጸፍናዮ ፖለቲካዊ ህንጸት ናይ ኵሉ መሰረት እዩ። እንተዀነ ኣብ ግብሪ ከምቲ ዝድለ ኣይተተርጐመን።

መስርሕ ህንጸት ሃገር ክልተ ገጽ ዘለዎ ኮይኑ ምናልባት ብቛንቋ ኮምፑተር ሶፍት ዌርን ሃርድ ዌርን ተባሂሉ ክግለጽ ይከኣል። መጀመርታ ክንብገስ ከለና ሃገር ፍጹም ዓንያ'ያ ነይራ። ምህናጽ ሃገር ትሕተ ቕርጺ ማለት ጽርግያ፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ሆስፒታላት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መራኸቢታት፡ ኤሌክትሪክን ዝስተ ጽሩይ ማይን ወዘተ ... የድሊ። እዚ ኹሉ ግን ኣይነበረን። ስለዚ ኸኣ ካብ ትሕቲ ባዶ ኢና ጀሚርና ክንብል ንኽእል። ኵሉ መለክዒታት ዘማለአት ሃገር ንምህናጽ ድማ ትሕዝቶ ክህሉ ይግባእ። ንሕና ናይ ምግባር ድሌትን ሓይሊ ህዝብን ጥራይ'ዩ ዘሎንና። ስለዚ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር እቲ ሃርድ ዌር ዝበሃል ንዓና እቲ ዝዓበየ ብድሆ እዩ ነይሩ። እቲ ሶፍት ዌር ዝበሃል ከም ስነ-ኣእምራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምድላዋት ግን ኣሎንና ጥራይ ዘይኮነ፡ በዚ መዳይ እኹል ትሕጃ ንውንን ኢና። ምስቲ ኹሉ ዘሎንና ፋይናንስያዊ ሕጽረት፡ ብሳላ'ቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘጥረናዮ ተመኩሮታት፡ በዚ እንውንኖ ሰብኣዊ ዓቕሚ፡ ኣብ ትሕተ ቕርጽ ን ህንጸት ሃገርን ነዚ ክሳዕ ሕጂ ኣመዝጊብናዮ ዘለና ዓወታት ከነረጋግጽ ክኢልና ኣለና። ዘጋጠመና ብድሆታት ድማ ምስቲ ኣብ ውሽጢ 20 ዓመታት ዘረጋገጽናዮ ዓወታት ክነጻጸር ከሎ ሽሕ'ኳ ግድን ክንሰግሮ ዝግብኣና ጒዳይ እንተዀነ ብዙሕ ዘሻቕል ኣይኮነን።

ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ ከኣ፡ ዓወታት ዝልክዓሉ መዐቀኒታት እንታይ'ዩ? ዝብል እዩ። ዓወታት ብስምዒት ዝልካዕ ድዩ? ከም ዝመስለካ ፍርዲ ዝወሃበሉ ድዩ? ብዝመጸልካ ከምዚ ገይረ ከምዚ ሰሪሐ እናበልካ ዲኻ ትዛረብ? ብዙሕ መዐቀኒታት ኣሎ። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ምስ ዝማዕበላ ምህናጽ ትካላትን፡ ስርዓትን ትሕተ ቕርጽን ብዙሕ ብድሆታት ዝሰገራ ሃገራት ምርኣይ'ውን ይከኣል እዩ። በቲ ኣብ ውሽጢ 20 ዓመታት ዘረጋገጽናዮ ፍርያት ክንም ካሕ ኣይግባእን እብል። ምኽንያቱ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዘረጋገጽናዮ ምስ ባህግታት ናይዚ ኣብ ምህናጽ ሃገር ክቡር ዋጋ ዝኸፍል ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክዳረግ ስለ ዘይክእል። ይኹን እምበር ብመዐቀኒታት ኣፍሪቃ፡ እስያን፡ ማእከላይ ምብራቕን፡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመዐቀኒታት ኤውሮጳ እንተ ኣመዛዚንናዮ ብምቕሉል ዓቕምታትን ሓያል ድሌትን ብዙሕ ስለ ዝዓመምና ብቐሊሉ ዝረኣ ኣይኮነን። እንተዀነ ብኤርትራዊ መዐቐኒ እንተ ረኣናዮ፡ ካብ ባህጊ ህዝብና ክንደይ ሚእታዊት ኢና ኣሳሊጥና? ሓደ ሚእታዊት ጥራይ'ዩ ተረጋጊጹ ዘሎ። ምናልባት ካብ ባህግታትና ሓደ ሚእታዊት ጥራይ'ና ዓሚምና ዘሎና ክብል ከለኹ የገርም ይኸውን። ምስ ካልእ ከባቢታት ክነጻጸር ከሎ ግን ኣዝዩ ዓቢ ዓወት እዩ። ፍልልያት ኣሎ፡ ሰባት ድማ ብኸምቲ ዝደልይዎ ክርድእዎ ይኽእሉ እዮም። ኣነ ግን ብድሆታትን ዓወትን ብኸምዚ ዝጠቕስክዎ መልክዕ እየ ዝርድኦ።

**ሕቶ፡- እዚ ብዛዕባ ብድሆታትን ዓወትን እዩ ነይሩ። ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ካልእ ሕቶ ክንሰግር፣ ተመኩሮ ሽዱሽተ ዞባታት ኤርትራን ተራ ዜጋታት ኣብ ምህናጽ ሃገርንከ ከመይ ትግምግሞ?**

መልሲ፡- እዚ'ውን ሓደ ኸፋል ናይቲ ብድሆ እዩ። ፖለቲካ ዝበሃል ኣሎ እንተድኣ ኮይኑ፡ ቅድሚ ኹሉ ምህናጽ ሃገር ኣብ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን መዳያት'ዩ ዝምርኰስ። ኣብ ዝኾነት ሃገርን ሕብረተ ሰብን ጒድለታት ዘጋጥም ብዛዕባ'ቲ ሕብረተሰብ ቅኑዕ ገምጋም ምስ ዘይትህበሉ እዩ። ብወገንና ልምዓታዊ ፕሮግራም ግድን ምዕሩይ ክኸውን ይግባእ ኢና ንብል።

ባጀት ሃገር ኣብ ክንዲ’ቶም ብፍሉይ ኵነታት ተረባሕቲ ዝኾኑ፣ ነቶም ዝተረስዑ ዝያዳ ቐላሕታ ብዝህብ ክመቻራሕ ኣለዎ። ነቲ ኣብ መንጎ ኸተማን ርሑቕ ገጠራትን ዝነብር ዘሎ ናይ መነባብሮ ደረጃ ፍልልይ ንምእላይ ልምዓታዊ ውጥን የድሊ። እቲ ልምዓታዊ ውጥን ድማ ግድን ባህላዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ደረጃ ምዕባለ ናይቲ ሕብረተ ሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ዝኾነት ሃገር፡ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ነቶም ኮነ ኢልካ ብዝተፈጸመ ታሪኻውን ሰብኣውን ምኽንያታት ዝተረስዑን ዝተወገኑን ወገናት፡ ግድን ኣብ ግምት ከእትውዎም የድሊ። ስለዚ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን፡ ኣብ መንጎ ተረባሕቲ ዝጸንሑን ዝተረስዑን ዘሎ ፍልልያት ንምጽባብን ንምእላይን ክስራሕ ይግባእ። በዚ መሰረት ነዘን ሽዱሽተ ዞባታት እንተ ረኣናየን ነፍስ ወከፍ ዞባ ናታ ፍሉይ ኵነታት ኣሎዋ።

ንኣብነት ዞባ ማእከል ምስ ዋና ኸተማ ሃገር፡ ኣስመራ እንተድኣ ወሲድና ምስ ካልኦት ዞባታት ብምንጽጻር ብመጠኑ ኣብኡ ኹሉ ነገራት ዝሓሸ እዩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ኹነታት መንግስቲ ንልምዓት ኣስመራ ዝምልከት ውጥናት ከዳሉ ድዩ ዘለዎ ወይስ ነቲ ርሑቕ ከባቢታት? ነቶም ዝተረስዑ ዞባታት ከምቶም ኣብ ዋና ኸተማ ዝነብሩ ዜጋታት ንክረኽቡ ክሰርሓሎም የድሊ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ከም መጓዓዝያ ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከም ኣብያተ ትምህርቲ፡ ማእከላት ጥዕና፡ ጽሩይ ዝስተ ማይን ኤሌትሪክን ንክረኽቡ ዕድል ክወሃቦም ይግባእ። ብዛዕባ ብድሆታት ክንዛረብ ከለና፡ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ንምስልሳል ፋይናንስያዊ ሕጽረት ኣሎ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ንዜጋታት ዕድል ምፍጣር ዘኽእል ብመድረኻት ዝመቻራሕ ጸጋታት የልቦን ማለትና እዩ። ምኽንያቱ ነፍስ ወከፍ ዜጋ ዕድል ክረክብ መሰሉ እኳ እንተኾነ፡ እዚ ዕድላት’ዚ ክሳዕ ዝጭበጥ ክውንነት ናይ ነፍስ ወከፍ ዜጋ ግምት ክወሃቦ ኣለዎ። እዚ ከኣ ሓደ ካብ ቀዳምነታት ዞባታት እዩ። ስለዚ ገለ ዞባታት ድሑራት ክኾና እንከለዋ፡ ገለ ድማ ናይ ልምዓት ምቹእ ኵነታት ዘለወን ዝገስገሳ ዞባታት እየን። ገለ ግን ከምኡ ዓይነት ኵነታት የብለንን። እዚ ኸኣ ሓደ ኽፋል ናይቲ ቐዳምነታት እዩ። እንተደኣ ነዚ ክውንነት’ዚ ጉስዩ ንዝተወሰነ ከባቢ ዘልምዕን ኵሉ ዓቕምታት ናብኡ ዘቕንዕን ትካል ወይ መንግስቲ ኣልዩ ድማ ከምዚ ዓይነት ልምዓት ትርጉም የብሉን። ብወገንና ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝነበረ ቐዳምነታትና ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ቐጸላታት፡ ኣብ ዞባታት ይኹን ኣብ ውሽጢ ጂኦግራፍያዊ ከባቢ ናይ ሓንቲ ዞባ ንዘሎ ጋግን ፍልልያትን ንምጽባብ፡ ነቲ ዝርካቡ ትሕዝቶታትን ጸጋታትን ኣብኡ ምምቕራሕ ዝዓለመ’ዩ ነይሩ። ኣብ ኣፍሪቃ ይኹን ኣብ ካልኦት ዘይማዕበላ ሃገራትን ሕብረተ ሰባትን እቲ ቐንዲ ብድሆ ከኣ እዚ እዩ። እዚ ጉዳይ እዚ እንተደኣ ዘይተፈቲሑ ቅሳነት ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ልምዓት ዝበሃል’ውን የልቦን። እዚ ሓደ ካብቲ ዘጋጠመና ብድሆታት እኳ እንተኾነ፡ ውርሻታት ተመኩሮ ስለ ዘሎንና መደባትናን ፖለቲካዊ መስመርና ቕኑዕ ስለ ዝነበረን ግን ጌጋታት ኣይፈጸምናን። ዋላ’ኳ ንባህግታት ህዝብና ዝዳረግ ዓወታት እንተ ዘይኣረጋገጽና፡ ቕኑዕ መኣዝን ሒዝና ብዙሕ ዓሚምና ኢና።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት እዚ ትንታነ እዚ ናብ ብዛዕባ መረዳእታን ኣተረጓጉማን ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ዲሞክራስያዊ መስርሕ እዩ ዝመርሓና። ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ መብራህካልናዶ?**

መልሲ፡- ብመሰረቱ ዲሞክራሲ ዕላማ ዘይኮነ ኣገባብ እዩ። ሓቀኛ ሃገራዊ መሰላት ንምርግጋጽ እትጥቀመሉ ኣገባብ እዩ። ሓደ ዜጋ ኹሉ መሰላቱ ንኽረክብ ድማ ግድን ዕድላት ክህሉ ይግባእ። ዲሞክራሲ ብመገዲ መድመጺ ሰናዱቕ ወከልቲ ንምምጻእ እትጥቀመሉ ኣገባባብ ኣይኮነን። ሓቀኛ ተሳትፎ ዜጋታት ክህሉ እንተድኣ ኮይኑ ድማ፡ መድረኻት ምዕባለ ሕብረተ ሰባት ዕቱብ ፍታሕ ከምዘድልዮ ርዱእ እዩ። ዜጋታት ኣብቲ ዝምልከቶም ጉዳያት ሓቀኛ ሱታፌ ክህልዎም የድሊ። ኣብ መዓልታዊ ጉዳያት ይኹን ወይ ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት፡ ብንቕሓት ክሳተፉ ዘኽእሎም ደረጃ ክበጽሑ ኣለዎም። ስለዚ ኹሉ ዕድላት ክረጋገጸሎም ይግባእ። ካልእ ገጽ

ናይዚ ጉዳይ እዚ ከኣ ትካላዊ ኣሰራርሓ እዩ። ተሳትፎ ዜጋታት ንምርግጋጽ ዘኽእል ብቑዕ ትካላት ክህሉ ይግባእ። ስለዚ ብናትና መለክዒታት፡ እዚ ንዜጋታት ሰፊሕ ዕድላት ብምፍጣር ዘረጋግጽ ተሳትፎ እቲ ሓቀኛ ዲሞክራሲ ናይ ዜጋታት ንሱ እዩ። እቲ ዕድላት ንዝተወሰነ ጉጅለ ወይ ዝወሓዱ ኽፍሊ ሕብረተሰብ ጥራይ እንተደኣ ኾይኑ፡ እቶም ውሑዳት ዝበሃሉ ደቆም ናብ ዩኒቨርሲትን ኣብያተ ትምህርትን ክልእኩ ከለዉ፡ እቶም ካልኦት ድማ ዓቕሚ ስለ ዘይብሎም ነቲ ዕድላት ክረኽብዎ ኣይክእሉን ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ኾነታት ነቶም ዕድላት ዘይረኽቡን ዝረኽቡን ብሓባር ኣብ መድመጺ ሰናዱቕ ኣድምጹ ከበሃሉ እንተደኣ ኮይኖም፡ ሓቀኛ ዲሞክራሲ ኣይኮነን። ሓቀኛ ዲሞክራሲ ዝበሃል ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ባህላውን ምዕባለ ሕብረተሰብ ዘረጋግጽን ናይ ነፍስ ወከፍ ዜጋ መሰላት ዘወሕስን እዩ። እዚ ድማ ነታ ሃገር ኣብ ዜግነታዊ መሰረት ዝቖመ፡ ዜጋታት ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ርእይቶኦም ክህቡሉ ዝኽእሉ ማዕረ ዕድላት ከውሕስ ይኽእል። ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ነዚ መሰል እዚ ንምርግጋጽ ድማ ጻዕርታት ዝሓትት እዩ። ኣብ ኩነታትና እንተ መጺእና፡ ዘጋጠመና ፖለቲካውን ናይ ደገ ምትእትታውን ብድሆታት ንሱ ዝፈጥሮ ዕንቅፋታትን ነቲ እንደልዮ ካብ ምርግጋጽ ኣደናጕዩና እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ሃገራዊ ትካላት ንኽይንሃንጽን፡ ፖለቲካዊ ምዕባለ ንኽይነረጋግጽን ናይ ግዳም ሓይልታት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክዕንቅፉና ጸኒሖም። ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፍናዮ መድረኻት እንተረኣና፡ መስርሕ ጉዕዞና ዝተፈላለየ ዕንቅፋታት ብፍላይ ድማ ዝተሰነዐ ዶባዊ ሽግር ኣጋጢምዎ'ዩ። እዚ ከኣ ንፖለቲካዊ ምዕባለ ናይ'ዛ ሃገር ኣብ ምዝሕታል ተራ ነይሩዎ። ምስዚ ኹሉ ብድሆታት'ዚ ግን ኩሉ ዕንቅፋታት ኣብ ምስጋር ተዓዊትና ኢና።

ኣብ መወዳእታ ዘሎንና ንቕሓትን፡ ናይ ምግባር ኒሕን ናብ ሓቀኛ ሱታፌ ከም ዘብጽሓና ዓሚቚ እምነትን ዕግበትን ኣሎንና። ነዚ ተሳትፎ'ዚ ብዙሕ ስያመታት ክወሃቦ ይከኣል ይኸውን። እዚ ኾይኑ እቲ ግን ንሕና በቲ ካብ ቃልሲ ዝወረስናዮ ፖለቲካዊ ተመኩሮን ብዘሎና ባህግታትን ምቹእ ሃዋህውን ፖለቲካዊ ሱታፌን፡ ትካላት ከም እንሃንጽን ናብ ዕላማታትና ከም እንበጽሕን ጥርጣረ የብልናን። ምናልባት እዚ ኣብ ውሽጣዊ መስርሕ ወለዶታት ዝረጋገጽ'ኳ እንተኾነ፡ ምቅልጣፉ ግን መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ ንዘጋጥመና ፖለቲካዊ ብድሆታት ክንሰግር ከለና፡ ንልምዓት ሃገር ምቹእ ኩነታት ንፈጥር ኣለና ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ደረጃ መነባብሮ ዜጋታት ልዕሊ'ቲ ዝድለ ባህግታት ክኸውን ይኽእል። ይኹን'ምበር ኩሉ'ዚ ዝገለጽኩዎ ብቕሊሉ ዝረጋገጽ ኣይኮነን። ኣብዚ ኣብ ግምት ክነእትዎ ዝግባእ ብዙሕ ረቛሒታት ኣሎ። ብቐዳምነት ድሌት ክህሉ ኣለዎ። ብዘይካ'ዚ ከኣ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘድሊ ወድዓዊ ረቛሒታት ኣሎ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ኣብ ጉዕዞ ዕንቅፋታት ዝፈጥር ናይ ወጻኢ ምትእትታው ኣሎ። ናይ ዝሓለፈ 20 ዓመት ተመኩሮ እንተረኣና፡ እዚ ህዝብ'ዚ ንኸይምዕብልን ትካላቱ ንኸይሃንጽን፡ ኣብ ሓራ ሃዋህው ኮይኑ ንኸይሰርሕን ብዙሕ ዕንቅፋታት ዝፈጠረሉ ናይ ደገ ምትእትታው ኣጋጢምዎ። እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ሓደ ክፋል ናይቲ ብድሆታት'ዩ ነይሩ። ኣብ መጻኢ'ውን እዚ ብድሆ'ዚ ክህሉ እዩ። እንተኾነ ሓያል ድሌትን ናይ ምግባር ዓቕምን ህዝብና፡ ንኹሉ'ቲ ብድሆታት ክሰዕሮ ምኻኑ ዘማትእ ኣይኮነን።

**ሕቶ፡- ከቡር ፕረዚደንት ብዛዕባ ንመዓስከር ሳዋ ከም ወተሃደራዊ ታዕሊም ጥራይ ዝርኢ ግጉይ መረዳእታ ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ከምቲ ዝገለጽካዮ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተወልደን ዝበሰለን ሰውራውን ሰብኣውን ክብርታት ወሪሱ ዝቕጽሎን፡ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዝምርኰስን ብሉጽ ወለዶ ንምህናጽ ዝቐንዐ እዩ። ስለዚ ነዚ ፍሉይ ኤርትራዊ ተመኩሮ'ዚ ከመይ ትግምግሞ?**

መልሲ፡- እዚ ናይ ኤርትራ ፍሉይ ተመኩሮ ኣይኮነን። ንሕና ዝመሃዝናዮ ሓድሽ ነገር የልቦን። ሳዋ ክንጅምር ከለና፡ ንዝኾነ ሰብ ሓድሽ ጉዳይ ኣይነበረን። መቐጸልታ ተመኩሮ ሰውራ እዩ። ተመኩሮ ሰውራ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቓልሲ እንተ ረኣና'ውን እዚ ጉዳይ'ዚ ነይሩ እዩ። ዕጥቃዊ ቃልሲ ሓደ

ኣተሓሳስባን ንቕሓትን ዝህነጹሉ'ዩ ነይሩ። ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ፡ ኤርትራውያን መጺኦም ኣብቲ ዕጥቃዊ ቓልሲ ተሳቲፎም። ዕጥቃዊ ቃልሲ ከኣ ብሓባር ከም ወርቂ ዝፍተነሉ ቑራዕ እዩ ነይሩ። ኤርትራውያን መንእሰያት ካብ ኵሉ ማሕበራዊ ቀጻላታትን ዕድመታትን ኣብ ዕጥቃዊ ሰውራ ተሰሊፎም። ስለዚ ዕጥቃዊ ቓልሲ ከም ሓደ መዘናግዒ ዘይኮነስ፡ መሪር ተመኩሮ ዝነበሮ እዩ። ንኣብነት መንእሰያት ካብ ኣውራጃዊ ፍልልያት ሓራ ኮይኖም ሃገሮም ሓራ ከውጽኡ ክኢሎም። ሓርነት ኤርትራ ብኽምቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ወይ ካልኦት ካብ መግዛእቲ ናጻ ወጺእና ዝብላ ሃገራት ዝተኸተልአ ኣገባብ ኣይኮነን ተፈጺሙ። ኵሎም ኤርትራውያን ብዝተፈተኑሉ ፖለቲካዊ መስርሕ ተሓሊፉ። ምናልባት ናይ ኣበርክቶ ፍልልያት ነይሩዎ ይኸውን። ብሓፈሽኡ ግን ኵሎም ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ቑራዕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተፈቲኖም ወጺኦም። እዚ ድማ ክምዕብል ዘለዎ ሃብቲ እዩ።

ኣብ 1991 ሃገር ናጻ ምስ ወጸት፡ እቲ ሕቶ እንደገና ተላዒሉ። እዚ መስርሕ'ዚ ምስ ምምጻእ ናጽነት ደው ክብል ኣለዎዶ ወይስ ሃገር ንምህናጽ ከም ባህላዊ፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን መስርሕ ክቕጽል ይግባእ? ዝብል ሕቶ ተላዒሉ። ሳዋ ዝብል ሓሳብ ድማ ካብዚ'ዩ ዝብገስ። ስለዚ ከኣ ሳዋ መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ ተመኩሮ እያ። ኣብ ሳዋ ገለ ካብ ዓሰብን ቃሮራን፡ ገለ ድማ ካብ ተሰነይን ኣስመራን ዓዲ-ኟላን ሰንዓፈን መጺኦም ብሓባር ተኣኪቦም፣ ነንሓድሕዶም ተፋሊጦም። እዚኣቶም ኣብ ግዜ ሰውራ ዘይነበሩን ቅድሚኡ ብረት ዓጢቖም ዘይፈልጡን መንእሰያት እዮም። ፖለቲካዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ተመኩሮ'ውን የብሎምን። ካብቲ ኣብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ዝነበረ ኾነታት ኣብ ዝተፈለየ ሃዋህው ከኣ እዮም ዝነብሩ ዘለዉ። ስለዚ እዚ መስርሕ'ዚ ግድን ክቕጽል የድሊ። ዝኾነ ፖለቲካዊ መስርሕ ክቕጽል እንተደኣ ኾይኑ ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ህንጸት ሃገር ቀጻልነት ክህሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ብዘይናቱ ቐጻልነት ህንጸት ሃገር ክረጋገጽ ስለ ዘይኽእል።

ስለዚ ከምቲ ዝበልክዎ ሳዋ ሓድሽ ዝተማህዘ ነገር ኣይኮነን። ኵላትና በቲ ተመኩሮ ኢና ሓሊፍና። ኣብ ሰውራ ድማ ነንሓድሕድና ተፋሊጥና። ቅድሚኡ ነንሓድሕና ንፋለጥ ኣይነበርናን። ነዛ ሃገር ሓራ ንምውጻእ፡ ኣብ ሓደ ዕርዲ ብሓባር ሰሪሕና፣ ሂወትና ወፊና፣ ብሓባር ከኣ ተወፊና። ኣብ መወዳእታ ድማ በቲ ዘማዕበልናዮ ንቕሓት ሓደ ኣካል ናይ ሓደ ህዝቢ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ከም ዝኾንና ኣሚንና። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ እዚ ተመኩሮ'ዚ ግድን ክቕጽል ይግባእ። ሳዋ ከም ሓሳብ ክመጽእ ከሎ፡ ኲናት ስለ ዘሎ ወይ ካልእ ሽግራት ከይመጽኣና ኢልና ኣይኮናን ጀሚርናዮ። የግዳስ ነቲ ኤርትራ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝሃነጸቶ ፖለቲካዊ መስርሕ ንምቕጻሉ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። ነዚ ሓቅ'ዚ ዝኽሕድ እንተሎ ድማ ብዛዕባ ሳዋ ዝመስሎ ክዛረብ ይኽእል እዩ። ንሕና ግን ሳዋ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ህንጸት ሃገር ብወለዶታት ዝካየድ መስርሕ ምዃና ኢና ንሕብሮ። ብድሆታትን መግለጺታቱን ብዘየገድስ፡ ኣብ መደምደምታ ሳዋ ሓድሽ ምህዞ ወይ ኣብ ኤርትራ ቅድሚኡ ዘይነበረ ተርእዮ ኣይኮነን።

**ሕቶ፡- ከቡር ፕረዚደንት ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ ዓማጺ እገዳ ዓመት ገይሩ። ናይዚ ውሳነ'ዚ ድርኺትን ሳዕቤኑን እንታይ እዩ? ኤርትራኸ ምስዚ ጉዳይ'ዚ ብኸመይ እያ ትዋሳእ ዘላ?**

መልሲ፡- ብመጀምርታ እቲ ውሳነ ብፖለቲካውን ሕጋውን መዳይ ፍጹም ንጹግ ምዃኑ ክሕብር እፈቱ። ኣብ ምትንታን ኲነታት ሶማል፡ ዝተሰነዐ ዶባዊ ፍልልይ ኤርትራን ጂቡትን፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሽግር ሱዳንን እንተ መጺእና፡ ንሕና ንነገራት በቲ ዘሎ ህልው ኲነታት ጥራይ ፈላሊና ኣይንርእዮን ኢና። የግዳስ ኣብ ነንሕድሕዱ መጐታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ጉዳያት እዩ። እዚ ውሳነ እዚ ንምሕላፍ ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ መመኽነይታ ኣይነበሮን። ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ሓቅን መሰልን ንምንጋስ፡ ኣብ ጎኒ ፍትሒ ደው ንምባል ዝሰርሕ ኔሩ እንተ ዝኸውን ቅድም

ቀዳድም፡ ነታ ንብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ምትግባር ሓንጊዳ ዘላ ኢትዮጵያ ምኣገደ ነይሩ። ውሳነ ኮምሽን ቤት ፍርዲ እንከሎ፡ ኢትዮጵያ ገና ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ጐቢጣ ሒዛ ኣላ። ከምቲ ግቡእ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ንልኡላዊ መሬት ኤርትራ ክከላኸልን መሰል ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከውሕስን ግዴታ ኣለዎ። ነቲ ውሳነ ንምሕላፍ ዝቐርብ ዝነበረ ምኽንያታት ምኽኑይ ኣይነበረን። እኳደኣ እቲ ምኽኒት ካብቲ ኣበሳ ዝኸፈአ'ዩ ነይሩ። ቤት ምኽሪ ጸጥታ ነዚ ውሳነ እዚ ንምሕላፍ ዝደረኾ ምኽንያታት እንታይ እዩ ነይሩ? ጉዳይ ሶማል ድዩ ነይሩ? ኣብ ሶማል ፖለቲካዊ ስራሕን ወጥርን ስለ ዘሎ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ከሕልፍ መሰል ኣለዎ ድዩ? ከም ሓቂ እቲ እገዳ ምስቲ ንሽግር ሶማል ዝሓላለኽን ኣብ ሶማል ዘይርጉእ ኩነታት ብምፍጣር ኣካል ሽግር ሶማል ዝኾነን ናይ ወጻኢ ምትእትታው ዝተኣሳሰር እንተ ኾይኑ፡ ክእገዳ ዝነበረን ሃገራት ኬንያ፡ ኢትዮጵያን ጂቡትን እየን ነይረን።

ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ሶማል ምትእትታው ኣልቓዒዳ ኣሎ ዝብል እምነት እንተ ነይሩዎ ድማ፡ ክእገዳ ዝነበረን እተን ኣብ ሶማል ኣትየን ዘለዋ እየን። ኣብ ባይታ ዘየሎ፡ ኤርትራ ኣብ ሶማል ብምእታው ምስ ወገናት ሶማል ትሰርሕን ዘይርጉእ ኩነታት ትፈጥር ኣላ ብምባል እገዳ ምሕላፍ ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዘየሎ ውጹእ ሓሶት ስለ ዝኾነ። ነዚ ቅሉዕ ሓሶት'ዚ ዘረጋግጽ ሰነዳትን መርትዖታትን እውን የልቦን። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የብሉን። እንተደኣ እቲ ዝተሰነዐ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ጂቡትን ኮይኑ ድማ፣ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ነቲ ዝተሰነዐ ጉዳይ ከየረጋገጸ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ከሕልፍ መሰል የብሉን። ኣብ መንጎ ኤርትራን ጂቡትን ዝተሰነዐ ጉዳይ ኣሎ ብምባል ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ምሕላፍ ብሕጊ ቕቡል ድዩ? ድሕሪ ዓመት ናይ'ዚ ውሳነ እዚ ኽብሎ ዝደሊ፣ ዕላማ ናይቲ እገዳ፡ ኤርትራ ኣብ ምፍታሕ ሽግር ሶማልን ኣብ ርግኣት ዞባናን ሃናጺ ተራ ንኸይትጻወት ንምዕጋታ ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ ብጸቕጢ ዋሽንግተን ዝመጸ እዩ። ዋሽንግተን ኣብ ዞባና ተራ ስለ ዘሎዋ፡ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ደድሕሪኣ ኽጒዩ ምኽኑይ ኣይኮነን። እንተደኣ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ልዕሊ ሕጋጋትን መዐቀኒታትን ዝሰርሕ ከም ቅዱስ ኣካል ንርእዮ ኾይንና፡ ወይ ከምኡ ዓይነት ኣተሓሳስባ እንተሎና፡ ካብ መስመር ወጺእና ኣሎና ማለት እዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ነውራም ውሳነ ንቤት ምኽሪ ጸጥታ ባዕሉ ዘሕስር እዩ። ንተኣማንነት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዘኽፍእ እውን እዩ። ድሕሪ ዓመት ኩሉ'ቲ ኣንጻር ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ዝቐርብ ዝነበረ ሓሶታት ምቕልዑን ምኽሻሑን ድማ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብዘይካ ንዓና ይቕሬታ ምሕታት ካልእ ኣማራጺ የብሉን። እቲ ውሳነ ጌጋ ነይሩ ኢሉ ንነገራት ናብቲ ቕኑዕ ኣንፈት ከትሕዞም ይግባእ። ከምኡ'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብቲ ጐቢጥዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ብምውጻእ ንዶባዊ ሽግር ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ምፍታሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ጂቡትን ብዝምልከት ድማ ኣብ ኢድ እሙን ኣካል ኣትዩ ንምስጋሩ ይስርሓሉ ኣሎ። ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ግን ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ብዘይምኽንያትን ሕግን ምትእትታው ጌርና፡ ሕጂ ግን መርገጺና ኣሪምና ኣለና ክብል ይግባእ።

※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※

**Part II Interview with President Isaias Afwerki ቃለ መጠይቕ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካልኣይ ክፋል**




ካልኣይ ክፋል

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ቃለ መጠይቕ፡ መርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕቲ ኤርትራ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ዘካየደቶ ቃለ መጠይቕ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ዘተኮረ እዩ ኔይሩ። ኣብ'ዚ ኻልኣይ ክፋል እታ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባቲ ብሰብ ጉዳይ ዝተመስከረሉ፡ ኣዎንታዊ ተራ ዘበርከተ ኣህጉራዊ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ኤርትራን ናይ ወጻኢ ፖሊሲኣን ዝምርኰሰሉ ክብርታትን መትከላትን ንኸበርህ ሕቶ ኣቕሪባ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነቲ ሕቶ ብዕምቈት መሊሱ፣ ከምኡ'ውን ኵነታት ጐረባብቲ ሃገራት ንኽገልጽ ዝቐረበሉ ጥያቐ ምርኵስ ብምግባር፣ ሽግር ሶማልን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ፍጻመታትን ምዕባለታቱን፡ ጸገማት የመንን ሕሉፍን ህልውን ጉዳያት ሱዳን ኣብሪሁ።ነቲ ዝተሰነዐ ''ዶባዊ ምስሕሓብ'' ኤርትራን ጂቡትን ብተበግሶ ቐጠር ዝተጀመረ መንጎኝነትን ኣመልኪቱ'ውን መብርሂ ሂቡ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል'ዚ ቓለ መጠይቕ፡ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኾነታት ኣብሪህካልና ኔርካ፣ ኣብ'ዚ ኻልኣይ ክፋል ከኣ ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ሃገረ ኤርትራ ክንኣቱ። ብመጀመርታ ንፖሊሲ ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ ዝገዝእ ክብርታትን ዝቖመሉ መትከላትንዶ ምገለጽካልና?**

መልሲ፡- ኣነ ግሎባላይዘሽን ወይ ዓውለማ ዝብል ኣምር ኣይፈትዎን እየ። ናይ ባዕለይ ኣገላልጻ'ውን ኣሎንኒ። ዓውለማ ከም ኣምር ክህሉ ይኽእል እዩ። ንሕና ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቓልሲ እውን ዝነበረና ጠመተ ሰፊሕን ንነዊሕ ዘማዕዱን'ዩ ነይሩ። እዚ ብግስግስና ይገለጽ ወይስ ብኻልእ ዘገድስ ኣይኮነን። እንተኾነ ዕጥቃዊ ቓልሲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ጥራይ ዝተሓጸረ ኣይነበረን። ኣብ መንጎ ህዝብታት ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን ነይሩ። ብዛዕባ ናጽነት ኤርትራ ክዛረብ ከለኹ፡ ኣብ ውሽጢ ዞባን ካብኡ ወጻእን ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራ ደው ዝበሉ ህዝብታት ነይሮም እዮም። ምኽንያቱ ሓደ መሰል ካብ መሰላት ሕብረተሰባት ስለ ዝኾነ። እቲ ምድግጋፍ ምናልባት ፖለቲካዊ ጥራይ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ኣገዳስነቱ፡

ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ዝኾነት ሃገር ካብቲ ዝነብረሉ ኸባቢ ወጻኢ ተፈልዩ ኽነብር ኣይክእልን እዩ። ምናልባት ዞባዊ ወይ ኣህጉራዊ ኣከባቢ ክኸውን ይኽእል። ዝምድናና ካብ መጀመርታ ድሕሪ ናጽነት ኣብ መንጎ ህዝብታት ዞባ ማእከላይ ምብራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን ናይ ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን ሃዋህው ክፈጥር ኣብ ዝኽእል መትከላት ዝተመርኰሰ'ዩ ነይሩ። እዚ መሰረታዊ መትከል ኮይኑ፡ ካብ ኣህጉራዊ ኾነታት'ውን ክትንጸል ኣሎካ ማለት ኣይኮነን። ምስ እስያ፡ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካን ካልኦት ክፍላተ-ዓለም'ውን ናይ ግድን ዝምድና ኽህልወና የድሊ። እዚ ግን ምስ ህዝብታት ዞባና ናይ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ኪዳን ንምምስራት ዝዕንቅፍ ክኸውን ኣይግባእን። ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሶማል፡ ኬንያን ካልኦትን፡ ከምኡ ድማ ምስ ማእከላይ ምብራቕ እንገብሮ ዝምድናታት ኣብዚ ዝጠቓለለ ስትራተጅያዊ ርድኢት ዝምርኰስ እዩ። ንኣብነት ውድብ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት (IGAD) ኣብ መንጎ ሃገራት ዞባና ከም ናይ ምትሕግጋዝ ውድብ፡ ከም ምኧኑ መጠን፡ ክምዕብል የድሊ። እዚ ሓደ ካብቲ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ዝምርኰሰሉ መትከላት እዩ። ነቲ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቓልሲ ምስ ዓረባዊ ዓለም ዝተሃንጸ ናይ መራኽቢ ድንድል ምሕያል። እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎ ሃገራትን ፖለቲካውያን ሓይልታትን ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ ዝምድና ዝገልጽ ባህርያዊ ነገር እዩ። ከምኡ'ውን ምስ ኣብ ኤውሮጳን መላእ ዓለምን ዝርከቡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ዝምድና ምህናጽ ሓደ ካብቲ ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ዘተኰረሉ እዩ። ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘሎዎ ዝምድና ንምህናጽ ንዕኡ ዘነጣጥፍ ትካላት ምህናጽ'ውን የድሊ እዩ። ንኣብነት ብዛዕባ ቍጠባዊ ምዕባለ፡ ትሕተ ቕርጺ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ካልእን ኣብ እንዛረበሉ፡ ናይ ግድን እዚ ፕሮጀክታት'ዚ ምስ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጂቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ የመንን ምስ ኵሎም ከባቢናን ክተኣሳሰር የድሊ። እዚ ኸባቢ ህዝብታቱ ኣብ ነንሕድሕዶም ንኽተሓጋገዙ ዘፍቅድ ሰላማዊ ኣከባቢ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ድማ ኣብ ውሽጥ'ዚ ርድኢት'ዚ እዩ ዝሰርሕ። ንሕና ነዛ ሃገር እዚኣ ሓራ ንምውጻእ ክቡር ዋጋ ኸፊልና ኢና። ስለዚ ኣብ ከባቢና ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋህው ንምፍጣር ክንሰርሕ ይግባእ። ንሱ ምስ ማዕበለ ናብ ካልእ ዞባታት ክሰጋገር ይኽእል እዩ። ዝምድናታት ድማ ነቲ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ዝምርኰሰሉ ዕላማታት ንምትግባር ዘገልግል ስትራተጂ ብምስኣል'ዩ ዝህነጽ። ከምኡ'ውን መካኒዝም ንምፍጣርን ትካላት ንምህናጽን ናብ ዕላማ ዘብጽሕ ውጥን ምድላው የድሊ። ብሓጺሩ ናይ ወጻኢ ፖሊሲና ህዝብታት ንደረጃ መነባብሮኦምን ሂወቶምን ብቐጻሊ ኣብ ምምዕባል ከውሕሰሎም ኣብ ዝኽእል ናይ ሓባር ምትሕግጋዝ፡ ምክብባርን ሰላማዊ ምድግጋፍን ኣብ ዝብሉ መትከላት ዝቖመ እዩ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት ካብ መጀመርታ መዓልቲ ናጽነት፡ ኤርትራ ንሽግራት ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ጂቡትን የመንን ንምፍታሕ ዕቱብ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ኣካይዳ እያ። እዚ ፓሊሲ'ዚ መበገሲኡ እንታይ'ዩ? ሽቶኡኸ ውቒዑዶ?**

መልሲ፡- ኵሎም ሕብረተሰባት ቍርቍሳት ኣሎዎም። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ሓደ ቐጸላ ልዕሊ ኾሉ ረብሓ ምስ ዝህልዎ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ብዋጋ ናይ ብዙሓት ረብሓኡ ከረጋግጽ ዝደሊ ሓደ ቐጸላን፡ ኣብ መንጎ'ቶም ረብሓኦም ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ከረጋግጹ ዝደልዩ ብዙሓትን ቍርቍስ ይለዓል። ሓይልን ጽልዋን ዘሎዎም ውሑዳት፡ ብዋጋ ኻልኦት ክነብሩ ስለ ዝደልዩ ኣብ ዓለም ውግኣት ተወሊዖም። እዚ ንነብሮ ዘለና መበል 20ን 21ን ክፍላተ-ዘመን ድማ ከምዚ ዝጠቓለለ'ዩ ዘሎ። እቶም ጸጋታት ካልኦት ዝምዝምዙ ሰብ ፍሉይ ረብሓ፡ ኣህጉራውያን ኩባንያታትን ትካላትን እውን ኣለዉ። ፖለቲካዊ ቍርቍስ ወይ'ቲ ኣነ ዘይድግፎ ኣጸዋውዓ ናይ ስልጣንነታት ቍርቍስ ድማ ቐጻሊ እዩ። ብድሆታት እዚ ዝሓለፈ 20 ዓመት ክንዛረብ ከለና ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ቍርቍስ'ዚ ዝነበረ እዩ። ኣብ 1991 መላእ መሬትና ሓራ ምስ ኣውጻእና፡ ዘመነ ኾናት ኣብቂዑ ንብል ኔርና። ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣቲና፣ ህዝቢ ሓራ ወጺኡ። ኣብ ሶማልን

ካልኦት ከባቢታትን ድማ እቲ ሃዋህው ተለዊጡ። ኣብ ርእሲ’ዚ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታትን መጀመርታ ተስዓታትን ኣብ ሱዳን ለውጢ መጺኡ። እዞም ህዝብታት እዚኣቶም፡ ንዘሎ ክውንነት ናብ ዝበለጸ ንምልዋጡ ኣብ ነንሓድሕዶም ክተሓጋገዙ ዘኽእሎም ሃዋህው ክፈጥሩ ይግባእ። ህዝብታት ዞባና ንኣብነት ሶማላውያን፡ ሱዳናውያን፡ የመናውያንን ካልኦትን ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋህው ክፈጥሩ ኸደልዩ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ንኸምዚ ዓይነት ምትሕግጋዝ ዘየፍቅዱ ዓብለልትን ገበትን ሓይልታት ምህላዎም ክንፈልጥ የድሊ። ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም እንተ ረኣና እቲ ቊርቊስ ኣብ መንጎ ሓራ ኾይኑ ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋህው ክፈጥር ዝደሊ ህዝብን፡ ክዕብልል ዝደሊ ዓለም ለኻዊ ሓይልን እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ቊርቊስ እዚ ድማ ኣሎን፡ ንመጻኢ ክቕጽልን እዩ። ካብዚ ብምብጋስ እቲ ንሕና ኣብ ሶማል እነካይዶ ጻዕሪ ኣብ ውሽጥ’ዚ ምዕባለታት’ዚ እዩ ዝረኣ። ንሕና ዝኾነ ይኹን ሕቡእ ኣጀንዳ የብልናን። ቅድሚ ሕጂ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሓራ ኣብ ምውጻኡ ተሓጋጊዝና፡ ንገዛእ ርእስና’ውን ሓራ ወጺእና። እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ኸኣ ንሕናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ተሓጋጊዝና ንመጻኢ ወለዶ ሓድሽ ሃዋህው ምፍጣር እዩ ነይሩ። ከምኡ’ውን በዚ መረዳእታ’ዚ ምስ ሱዳንን የመንን ተሓጋጊዝና። ምእንቲ ሓድነትን ምዕባለን የመን ኣብ ጎኑ ደው ኢልና። ከባቢና ስለ ዝኾነ ኸኣ ከምኡ ዓይነት መርገጺ ኽንወስድ ባህርያዊ እዩ። የመን ናይ ግድን ሰላም ዝሰፈና ሃገር ክትከውን ይግባእ። ውሑስ ከባቢ ፈጢርና ህዝብታት ኣብ ነንሕድሕዱ ዝተሓጋገዘሉ ዕድላት ንምዕቃብ፡ ጸጥታ ቐይሕ ባሕሪ ምውሓስ ኣገዳስን ህጹጽን ጉዳይ’ዩ። ኣብ ዞባና ሽግራት ንምፍታሕ ዝውሰድ ዝነበረ ተበግሶታት፡ ኣብቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ናይ ምትሕግጋዝን ስኒትን ሃዋህው ምፍጣር ዝብል ፖሊሲታት እዩ ዝምርኰስ ነይሩ። እዞም ህዝብታት እዚኣቶም ንኣሽሓት ዓመታትን ዘመናትን ብሓባር ክነብሩ ዝጸንሑ እዮም። ስለዚ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ናይ ግድን ኣብ ዝበለጸን ዝማዕበለን ታሪኻዊ መድረኽ ክሰርሑ ባህርያዊ እዩ። እቲ ዘሕዝን ግን ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝበለጸ ኾነታት ክፍጠር ዘይደሊ ኣህጉራዊ ሓይሊ ምህላዉ እዩ። እዚ ሓይል’ዚ ኣብ ሶማል፡ ሱዳንን የመንን ምትእትታው ይፍጽምን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ሽግራት ይፈጥርን ኣሎ። ኣብ ወሽመጥ ዓደን ድማ ጸገማት ክፈጥር ይረአ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ክውንነት እዚ’ዩ። ብኽውንነታዊ መገዲ ድማ ምስዚ ኾነታት’ዚ ክንዋሳእ የድሊ። እዚ ኣብ መንጎ ህዝብታት ዞባና ናይ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ዝምድናታት ንምፍጣር ዝዓለመ ቕዱስ መትከላትና ኸኣ ክህሉን ክቕጽልን እዩ። ካብዚ ንጸጋታት ህዝብታትና ክግብት ዝደልን ዝፍትንን ዓቢ ሓይሊ ፈሪህና ስራሕና ክንገድፍን ክንወላወልን ከቶ ኣይግባእን። እዚ ቊርቊስ እዚ ዝቕጽል እኳ እንተኾነ፡ ብውሽጥን ከባብን ዕላማታትና ክሳዕ እነረጋግጽ ብዘይ ተጒላባነት ክንቕጽል ይግባእ።

**ሕቶ፡- ከም እንፈልጦ ክቡር ፕረዚደንት፡ ኤርትራ በዛ ኣብ ቃራና መገዲ እትርከብ ሱዳን ትጽሎን ትጸሉን እያ። ህልው ፍጻመታትን መጻእን ሱዳን ከመይ ተንብቦ? ተራ ኤርትራኸ እንታይ እዩ?**

መልሲ፡- መልሲ ናይዚ ሕቶ’ዚ ኣብ ውሽጢ’ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ መትከላት ዝረአ እዩ። ዝምድና ኤርትራ ምስ ከባቢኣ ብዝምልከት፡ ነፍስ ወከፍ ዝምድና ናቱ ፍሉይነት ኣሎዎ። ንኣብነት ዝምድና ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናቱ ፍሉይነት ኣሎዎ። ከምኡ ድማ ዝምድና ኤርትራ ምስ ሱዳንን ሶማልን። ስለዚ ዝምድናና ምስ ሱዳን ዘጋጠሞ ኾነታት ብዘየገድስ ስትራተጅያዊ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ታሪኻዊ መድረኻት ዝተቐያየሩ ስርዓታት ብዘየገድስ ዝምድናታትና ንወለዶታት ዝቕጽል ስትራተጅያዊ ዝምድና እዩ። እቲ ሕቶ እምበኣር ከመይ ነንብቦን ንርድኦን ጥራይ እዩ። ሱዳን ዝሓለፎ ዘሎ ምዕባለታትን ምስኡ ዘሎንና ዝምድናን ከመይ ነንብቦ? እዚ ኽብል ከለኹ ኣብዚ ሕጂ ብዛዕባ ረፈረንደምን ምንጻልን ደቡብ ሱዳንን ካልእን ዝዝረብ ዘረባታት ብምትኳር እየ። እዚ ድማ እቲ ድሕሪ ናጽነት ንልዕሊ ፍርቂ ኽፍለ ዘመን ዝቐጸለ ናይ ኣፈታትሓ ግርጭት ኣገባባት ፍሹል ከም ዝነበረ ዘረድእ እዩ። ሕጂ ግን ኣብ 1956ን ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ታሪኻውን ፖለቲካውን መድረኻትን ምዝራብ ጥቕሚ ከም ዘይብሉ’ዩ ዝረኣየኒ። ሕጂ ብዛዕባ ዘሎ ህልው

ኾነታት ጥራይ ክንዛረብ ይግባእ። ብዛዕባ’ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ማለት ካብ ምብቃዕ ዝሑል ኲናት ክሳዕ ምልክት ሓድሽ ሃዋህው ኣብ ዞባና ዝተራእየሉ እዋን፡ ሱዳን ነዚ ዝተወርሰ ሽግር ኣብ ክል’ቲ እንነብረሉ ከባቢ ዝተኸስተ ሓድሽ ሃዋህው ክትሰግሮ ትኽእል ነይራ።ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ዘሎ ዝምድና ፍሉይ እዩ። ህልው ተራና ድማ ምስ ሱዳን ምድግጋፍ እዩ። ንጕዳይ ደቡብ ሱዳን ብዝምልከት ካብ ነዊሕ ዝቐጸለ ታሪኻዊ ውርሻ እዩ። ብዙሕ መግለጺታት ክወሃብ ይከኣል ይኸውን። ብሓፈሻኡ ግን ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ናይ ዝሐለፈ ክፍለ ዘመን፡ ሱዳን ነቲ መድረኽ ክትሰግሮ ዕድል ነይርዋ። ንሕና ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ ዝተወርሰ ታሪኻዊ ሽግር ክፍታሕ እንተ ኾይኑ፡ ኵሎም ወገናት ሱዳን ምሉእ መሰሎም ክረኽቡ ይግባእ ዝብል ንጹር ርእይቶ ነይሩና። ነዚ መሰል ርእሰ ውሳነ ድዩ ክበሃል ወይስ ካልእ ዘገድስ ኣይኮነን። መሰል ርእሰ ውሳነ ብሓደ ወገን ሓድነት ሱዳን ዘረጋግጽ፡ በቲ ኻልእ ወገን ድማ መሰል ህዝቢ ደቡብ ሱዳን ኣብ ግብሪ ዘውዕል ማለትና እዩ። ኣብ ማዕረ ዜግነታዊ መሰላት ዝተሰረተት ሱዳን ምፍጣር ማለት እዩ። ኣብዚ መስርሕ’ዚ ኸኣ ህዝቢ ደቡብ ሱዳን መሰሎም ክረኽቡ፡ ኵናት ከብቅዕን፡ ኵሎም ሱዳናውያን ብስኒት ንምንባር ዘኽእሎም ፖለቲካዊ ሃዋህው ክፍጠርን ይግባእ። ጕዳይ ሱዳን ንምፍታሕ ዘካየድናዮ ናይ መጀመርታ ጻዕሪ ንውድብ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት (IGAD) ብግብራዊ ሓድሽ ኣገባብ ብምውዳብ፡ ኣብ ውሽጡ ከም ዝፍታሕ ንምግባር ነይሩ። ቅድሚኡ’ውን ምስ ኣሕዋትና ኣብ ሰሜንን ደቡብን ሱዳን ርክባት ነይሩና። ከም ዝፍለጥ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ኣብ እዋን ስርዓት ኑሜሪ ኣብ 1983 እዩ ንጥፈታቱ ጀሚሩ። ድሕረ ባይታ ኣበጋግሳኡ ንታሪኽ ገዲፈ፡ እቲ ምንቅስቓስ ኣብ ሜዳ ህላወ ዘሎዎ ምኽኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ክልተ ኣረኣእያ ዝነበሮም ወገናት ሓቝፉ ነይሩ። እቲ ሓደ ወገን ንደቡብ ሱዳን ንምንጻል ዝሰርሕ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ግን ኣብ ውሽጢ ስምርቲ ሱዳን መሰላቱ ዝሓትት እዩ። ይዝከረኒ ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ርያክ መሻር፡ ንሕና ክንፍለ ኢና እንደሊ ይብል ነይሩ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ከኣ ምክትል ፕረዚደንት መንግስቲ ደቡብ ሱዳን ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ዶክቶር ጆን ጋራንግ ድማ ንሕና ሓድነት ኢና ንደሊ፣ መጻኢ ደቡብ ምስ ሰሜን ስለ ዝተኣሳሰር፡ ንደቡብ ነጺልና ናጻ ሃገር ክንገብራ ኣይንደልን ኢና ይብል ነይሩ። ከም መረዳእታ ጆን ጋራንግ ኣብ ማዕርነት ዜግነታዊ መሰላት ዝተሰረተት ሓዳስ ሱዳን ምህናጽ ማለት እዩ። እዚ እንተደኣ ተረጋጊጹ፡ ደቂ ደቡብ ካብ ምውጋን ወጺኦም፡ ከም ኵሎም ሱዳናውያን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስርዑ ዜጋታት ምስ ዝኾኑ፡ ኵሉ ጕዳያት ኣብ ደቡብ ተወዲኡ ማለት እዩ። እቲ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ንልምዓት ደቡብ ዝምልከት ካልኣዊ እዩ። ምኽንያቱ ውጽኢት ናይ’ቲ ንኹሎም ሱዳናውያን ማዕረ ዜግነታዊ መሰላት ዘፍቅድ ፖለቲካዊ ክውንነት ስለ ዝኾነ። እዚ ኣረኣእያ’ዚ ምስ ናትና እምነት ዝሳነ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ተኽእሎ ምፍንጫል ደቡብ ወይ መጻኢ ደቡብ ካብ ሓድነት ሱዳን ወጻኢ’ዩ ክኸውን ዝግባእ ዝብል እምነት ኣይነበረናን። ሕጂ ግን ሕቶ ምፍላይ ዳርጋ ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ። ብዛዕባ መሰል ርእሰ ውሳነ ክዝረብ ምስ ተጀመረ፡ ናይ ሓድነት ዕድል 99 ካብ ሚእቲ፡ ናይ ምፍንጫል ተኽእሎ ድማ ሓደ ካብ ሚእቲ ክኸውን’ዩ ንብል ኔርና። እዚ መሰል ደቂ ደቡብ ብምውሓስ ሓድነት ሱዳን ኣብ ምዕቃብ ዝነበረ መርገጺ ዘረድእ ኣሃዝ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ግን ክልቲኦም ኣብ ስልጣን ዝነብሩ ወገናትን ካልኦትን ብዝፈጸምዎ ግጉይ ፖለቲካዊ ኣፈታትሓ፡ እቲ ጕዳይ ካብ ምቊጽጻር ወጻኢ ኾይኑ። ምናልባት ሕጂ ነዚ ወገን’ዚ ይኹን ነቲ፡ ናይቲ ጌጋታት ሓላፍነት ምስካም ጽቡቕ ከይከውን ይኽእል እዩ። እቲ ርጉጽ ነገር ግን ጕድለታት ተፈጺሙ። ኣብ ርእስ’ዚ ጌጋታት’ዚ ድማ ንነገራት ብምትሕልላኽ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ዘብጽሐ ኻልእ ናይ ወጻኢ ረቛሒታት ኣሎ። ናይ ወጻኢ ምትእትታውን ኣጀንዳን ንጕዳይ ሱዳን ሓላሊኹዎ እዩ። ብተወሳኺ ውሽጣዊ ፍጻመታት ከም ሞት ዶክቶር ጆን ጋራንግ ተራ ነይሩዎ። ኣብዚ ከብርሆ ዝድሊ ሓደ ሓቂ፡ ኣብ ስምምዕ ናይቫሻ ዕቃበታት ከም ዝነበረና እዩ። ሓደ ካብ ዕቃበታትና ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ናብ ሓድነት ሱዳን ዘብጽሕ ዘይምንባሩ እዩ። እቲ ስምምዕ ንባዕሉ ናይ ምፍንጫል መሰረት እዩ ኣንጺፉ። ትካላዊ

መልክዕ ዘሎዎ መንግስቲ ኣብ ደቡብ፡ ካልእ መንግስቲ ኣብ ኻርቱም፡ ሰራዊት ኣብ ጁባ፡ ሰራዊት ከኣ ኣብ ኻርቱም። ኣብዚ ጉዳያት እዚ ዕቃበታት ነይሩና፣ ብዛዕባኡ ኣብ እዋኑ ሓቢርና። እቲ ስምምዕ ናይቫሻ መወዳእታ ዘይብሉ ሽግር ዘስዕብ ስለ ዝኾነ ምፍርራም ስምምዕ ደው ከብል ይግባእ ኢልና። እዚ ቅድሚ 2005 ዝነበረ መርገጺና እዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ንሰማማዓሉ መመቓርሒ ስልጣንን ሃብትን መርገጺ መንግስትን ኣብዝን ኣብትን ዝኣመሰሉ ብዙሕ ጌጋታት ይረአ ስለ ዝነበረ፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ገለ ወገናት እቲ ሰይጣን ኣብቲ ዝርዝራቶም እዩ ዘሎ ይብሉ ነይሮም። እቲ ቐንዲ ሽግር ግን ኣብ ዝርዝራቶም ዘይኮነስ ኣብ ትሕዝቶ'ዩ ነይሩ። እዚ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ሽግር ከኣ፡ ጠንቁ ትሕዝቶ እቲ ስምምዕ እዩ። እዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ወጻኢ ኣጀንዳን ምትእትታውን ማለት እዩ። ምስቲ ኹሉ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበረና ዕቃበታት፡ መተካእታኡም ኴንና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ክንኣቱን ርእይቶና ከነስገድድን ስለ ዘይንኽእል ግን ምርጫና ንመርገጺ ሰብ ጉዳይ ምኽባር እዩ ነይሩ። እቲ ስምምዕ ኣጠቓላሊ ስምምዕ ሰላም ተባሂሉ። ብወገንና ኣብ ሞንጎ ኽልተ ወገናት ብምዃኑ፡ ኻብኡ ንላዕሊ ዝሰፍሐ ስምምዕ ክግበር ይከኣል ስለ ዝነበረ፡ ኣጠቓላሊ ስምምዕ ክበሃል ከም ዘይግባእ ሓቢርና። እንተኾነ ኣብ መጠረሽታ ምርጫኦም ስለ ዝኾነ፡ ንሕና ድማ ርእይቶና ከነስገድድ ስለ ዘይንኽእል ኣብቲ ስምምዕ ዘሎንና ዕቃበታት ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ነቲ ስምምዕ ምፍርራም ዓቢ ጸገም ከምጽእ ከም ዝኽእል ሓቢርናዮም። ምስዚ ኹሉ ግን ክልቲኦም ወገናት ክታሞም ኣንቢሮም፣ እቲ ዘጋጥመ ድማ ኣጋጢሙ። ካልኣይ ትዕዝብትና ናይ ወጻኢ ምትእትታውን ነቲ ጉዳይ ኣህጉራዊ መልክዕ ምትሓዙን እዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኽስገር ዝከኣል እዩ ነይሩ፣ መስርሕ ሰላም ክጅመር ከሎ፡ ኣብ ውሽጢ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት እዩ ነይሩ። ቀስ ብቐስ ግን ፈተውቲ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ዝበሃሉ መጺኦም። ቀጺሎም ከኣ መሻርኽቲ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ዝተባህሉ ኣትዮም። ቀስ ብቐስ ድማ እቲ ጉዳይ ካብ ምቍጽጻር በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ወጻኢ ኮይኑ። በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ከኣ ኣብ ንናይ ደገ ሓይልታት ከም ጽላል ዘገልግል መሳርሒ ተለዊጡ። ነቲ ጉዳይ ኣህጉራዊ መልክዕ ምትሓዙ መሊሱ ሓላሊኹዎ። በዚ ጥራይ'ውን ደው ኣይበለን። ሕብረት ኣፍሪቃን ሕውስዋስ ሓይልታትን መጺኦም። ጉዳይ ዳርፉር ድማ መሊሱ ሓላሊኽዎ። ስምምዕ ግንባር ምብራቕ እንተ ረኣና ግን ኣብቶም ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎም መትከላት ዝተሰረተ ብምንባሩ ብኣብነት ዝግለጽ እዩ። እዚ ስምምዕ'ዚ ብዛዕባ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ኣይተዛተየን። ናይ ደገ ምትእትታው ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይኹን ሕብረት ኣፍሪቃ ኣይነበሮን። ኣብ መንጎ ሱዳናውያን ጥራይ ዝተሓጽረ'ዩ ነይሩ። ከምቲ ግቡእ እዚ ስምምዕ'ዚ ንሽግር ደቡብ ሱዳን ይኹን ጉዳይ ዳርፉር ንምፍታሕ ኣብነት ክኸውን ነይርዎ። እቲ ድሒሩ ዝተቐልቀለ ጉዳይ ዳርፉር እንተ ረኣና'ውን መጀመርታ ስምምዕ ኣቡጃ ዝተባህለ'ዩ መጺኡ። ኣብ መንጎ ኽልተ ወገናት ቅልጡፍ ስምምዕ ክግበር ስለ ዘይከኣል ድማ ኣብ ስምምዕ ኣቡጃ'ውን ዕቃበታት ነይሩና። ካብቲ ስምምዕ ኣቡጃ ዝተኸተመሉ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ዝተኸስተ ምዕባለታት እንተ ረኣና ከኣ፡ እቲ ዝስዓበ ሕልኽላኻት ብልክዕ ከምቲ ንስምምዕ ናይቫሻ ዘጋጠመ እዩ ነይሩ። ብኸምዚ እቲ ጉዳይ ኣብ ነንሓድሕዱ ስለ ዝተጠናነገ ካብ 2005 ክሳዕ 2011 ዘሎ ናይ ሓሙሽተ ዓመት እዋን፡ ነቲ ሕልኽላኻት ንምስጋር እኹል ክኸውን ኣይከኣለን። ኣብ ርእሲ'ዚ ዝገለጽክዎ ረቛሒታት ድማ እቲ ስምምዕ ከም መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ቁርኣን ፍጹም ከም ዘይልወጥ ነገር ተወሲዱ። ንነገራት ኣጽኒዕካ ንኹሎም ወገናት ዘዕግብ ፍታሕ ንምምጻእ ነቲ ረፈረንደም ኣብ ክንዲ ምንዋሕ፡ ገለ ናይ ውሽጥን ደገን ሓይልታት ረፈረንደም ኣብ ግዚኡ ክካየድ ይግባእ ኣብ ዝብል መርገጺ ጸኒዖም። እዚኸ ውጽኢት ኣሎዎ ድዩ? ነዚ ሕቶ'ዚ መጻኢ ውጽኢት ናይቲ መስርሕ ባዕሉ ክምልሶ እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ቅሳነት ከምጽእ ከም ዘይክእልን ንሽግር ደቡብ ይኹን ሰሜን ከምኡ'ውን ንሽግር ምዕራብ ሱዳን ክፈትሕ ከም ዘይክእልን ካብ መጀመርታ ዝተዛረብናሉ ጉዳይ እዩ። ምናልባት ሕጂ ነዚ ጉዳይ'ዚ ንምትሕልላኽን ናብ ረብሓኡ ንምልዋጡን ብዝሰፍሐ መልክዕ ዝዋሳእ ዘሎ

ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ምዝራብ፡ እቲ ግዜ ምቹእ ከይከውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ውዱእ ግዜ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ምዝራብ ትርጉም ስለ ዘይህልዎ። ሕጂ ንነገራት ድሕሪት ንምምላስ ምቹእ ሃዋህው ይኹን ዕድል የልቦን። እቲ ጉዳይ ኣህጉራዊ መልክዕ ሒዙ፡ ምስ ናይ ውሽጥን ደገን ሕልኽላኻት ስለ ዝተኣሳሰረ ከኣ ኣብ ዕጹው መገዲ በጺሕና። ንሱዳናውያን ይኹን ንመላእ ዞባና ዕጹው መገዲ እዩ። ኣብ ዞባና ስትራተጅያዊ፡ ማሕበራውን ታሪኻውን ቦታ ሱዳን ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን፣ ረፈረንደም ዘምጽኦ ውጽኢታት ድማ ናብ ብዙሕ ሲናርዮታት ዝመርሕ'ዩ ክኸውን። ብዛዕባኡ ምዝራብ ብዙሕ ግዜ ዝወስድ እዩ። ብሓጺሩ ግን ውጽኢት ናይ ጉድለታትን ሕልኽላኻትን፡ ናይ ደገ ምትእትታውን እዩ። ሕጂ ኣብ ውዱእ ግዜ ብዛዕባ ፍታሕ ምንዳይ ግን ክውንነታዊ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ውጽኢት ናይቲ ኣብ ካልኣይ ሰሙን ጥሪ 2011 ዝካየድ ረፈረንደም ዘምጽኦ ብድሆታት ንምግጣም ድሉዋት ክንከውን ይግባእ። ኤርትራ መትከላት ዘሎዎ ዝቕጽል ዘይቅየር ጉዳይ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎዋ። ምናልባት ወድዓዊ ኹነታት ብዝፈጠሮ ምኽንያታት፡ እቲ ጉዳይ ካብ ምቍጽጻርና ወጻኢ ክህሉ ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር ካብ መጀመርታ ተስዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጥ'ዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣብ ጉዳይ ሱዳን ዘሎንና መረዳእታ ዝተለወጠ የልቦን። ኣብ ጉዳይ ሱዳን ሃናጺ ተራ ንኽንጻወት ዝደረኸና ኸኣ ንሱ እዩ። ኣብዚ ናይ ኩሎም ህዝብታትን ሃገራትን ከባቢና ምድግጋፍ ዝሓትት ዞባና፡ ሱዳን ኣድማዒ ፖለቲካዊ ተራ ንኽህልዋ ድማ ጻዕርታትና ቐጻሊ እዩ።

**ሕቶ፡- ከቡር ፕረዚደንት ሶማል ኣብ ባሕሪ ሽግር ካብ እትጥሕል 20 ዓመታት ኣሕሊፋ ኣላ። ነዚ ሽግር'ዚ ኸመይ ትግምግሞ? ኤርትራኸ መፍትሒኡ ኸመይ ክኸውን ይግባእ እያ እትብል?**

መልሲ፡- ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ሓድሽ ነገር የልቦን። ዝምድናና ምስ ሶማል ካብ መጠረሽታ 19 ክፍለ ዘመን'ዩ ዝጅምር። መግዛእቲ ንኽልቲኡ ህዝብታት ብዝፈጠረሉ ሃዋህው፡ ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ኣብ መንጎ ኽልቲኦም ህዝብታት ናይ ሓባር ስራሕን ምትእስሳርን ነይሩ። እዚ መግዛእታዊ ተመኩሮ'ዚ ኸኣ ንኤርትራውያንን ሶማላውያንን ናይ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ሕውነትን ረብሓታትን ምድንጋጽን ክበሃል ዝከኣል ዝምድና ፈጢሩሎም። ኣብ መጀመርታ ሱሳታት መድረኽ ሓርነትን ናጽነትን ኣፍሪቃ ምስ መጸ ድማ፡ ክልተ ሸነኻት ሶማል፡ ማለት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝነበረ ሰሜናዊ ክፋልን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበረ ደቡባዊ ክፋልን ኣብ ሓንቲ ሶማል ሰሚሩ። እቲ መስርሕ ብድሌት ዝተፈጸመ ሓድነት'ዩ ነይሩ። ኩነታት ሶማል ዓሚቑ መጽናዕቲ ዘድልዮ ዝተሓላለኸ ጉዳይ እዩ። ብልምዳዊ መረዳእታ ሶማል ናይ ሓደ ቛንቋ፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጂኦግራፍያዊ ከባብን ባህልን ብልጫታት ስለ ዘሎዋ፡ ስጥምትን ስምርትን ሃገር ክትከውን ብቕዓት ኣሎዋ ይበሃል እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሶማል ካብ ህዝብታት ኣፍሪቃ፡ ዞባናን ካልኦትን ንላዕሊ ሓንቲ ስምርቲ ሃገር ናይ ምዃን ተኽእሎታት ኣሎዋ። ካብ ማእከላይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ፡ ኣብ ገለ ክፋል ጂቡቲ፡ ኢትዮጵያ ኦጋዴንን ሰሜናዊ ምብራቕ ኬንያን ሶማላውያን ኣለዉ። እዞም ሶማላውያን እዚኣቶም ብባህሪኦም ከም ሓደ ህዝቢ'ዮም ንነብሶም ዝርእይዎ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኣብ ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ዓባይ ሶማል ናይ ምቛም፡ ሶማላዊ ባህጊ ክቕልቀል ጀሚሩ። እዚ ባህግ'ዚኸ ሕጋዊ ድዩ? ንዝብል ሕቶ ንታሪኽ ተገዲፉ፡ ፈቲና ጸሊእና እቲ ስምዒት ከም ዘሎን፡ ኣካል ናይቲ ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ዝተቐልቀለ ሽግር ሶማል ምዃኑን ፍሉጥ እዩ። ባህጊ ሶማላውያን ሽግርን ሻቕሎትን ዞባና ኾይኑ'ዩ ጸኒሑ። ፍጻመታት ማእከላይ ክፍለ ዘመን ብዘየገድስ ከኣ፡ ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ኣብ ኣተሓሳስባ ኢትዮጵያ ናይ ሶማል ጽልኢ ማዕቢሉ። በዚ ድማ ሶማል ከም ዓቢ ብድሆ ኮይናቶም። ከም ዝፍለጥ ግን እዛ ሎሚ ኢትዮጵያ እትበሃል ሃገር፡ ኣብ መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመን ዝቖመት እምበር ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ህላወ ኣይነበራን። ኢምበራጦርያዊት ኢትዮጵያ ምስ ቆመት፡ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብሰንከ'ቲ ዝነበሮም ታሪኻዊ ቍርቍስ፡ ንሶማል ከም ቀንዲ ሻቕሎቶም ርእዮምዋ። ኣብ ኦጋዴን ዝርከቡ

ሶማላውያን ንገዛእርእሶም ሓንቲ መዓልቲ’ኳ ከም ኣካል ኢትዮጵያ ርእዮምዋ ኣይፈልጡን እዮም። እኳድኣ ከም ኣካል ናይቶም ኣብ ሶማል ዝርከቡ ኣሕዋቶም’ዮም ዝርእይዋ። ብተመሳሳሊ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኬንያ ዝርከቡ ሶማላውያን። ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ብዙሕ ረቛሒታት፡ ገለ ካብኡ ባህግታት ሶማላውያን፡ ሽግራት ጐረባብቲ ሃገራት ከም ጂቡቲ፡ ኢትዮጵያን ኬንያን ኣብ ሶማል ሽግር ኣምጺኡ። ጂቡቲ በቲ ዘሎዋ ፍሉይነትን ህላወ ፈረንሳን ንጎኒ ገዲፍና፡ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ኬንያን ግን ንሶማላውያን ከም ምንጪ ሻቕሎቶም’ዮም ዝርእይዎም። ኣነ ብዛዕባ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። ብዛዕባ ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ እምበር። እቶም ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ሶማል ንሃገራዊ ጸጥታ ኢትዮጵያ ከም ሓደገኛ ገይሮም ክርእይዋ ጸኒሖም። ከምኡ’ውን ተኸታተልቲ ስርዓታት ኬንያ ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ኣሎዎም። ስለዚ መድረኽ ዝሑል ኲናት ኣብዘን ሃገራት እዚኣተን ሽግር ዓባይ ሶማል ዝበሃል ውጽኢት ኣምጺኡ። ኣብ ጂቡቲ መግዛእቲ ፈረንሳ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ሻቕሎት ትሑት ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ ምምጻእ ናጽነት ጂቡቲ ግን እቲ ሽግር ተላዒሉ። ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልን ኣብ 1964ን 1977 ውግኣት ተኻይዱ ነይሩ። ካብቲ ኣብ መንጎ ጂቡትን ሶማልን፡ ኬንያን ሶማልን ዝነበረ ቖርቖስ ከኣ፡ እቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልን ዝነበረ ዝበርተዐን ሓደገኛን ነይሩ። እዚ ቖርቖስ እዚ ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ዝተፈልየ ነይሩ። እዚ ሻቕሎት’ዚ ክሳዕ ምብቃዕ መድረኽ ዝሑል ኲናት 1990 ቀጺሉ እዩ። ስርዓት ፐረዚደንት ስያድ ባረ ምስ ወደቐ ግን፡ ኣብ ምብትታን ሶማል ዞባዊ ረቛሒታት ግደ ነይርዎ። ብፍላይ ከኣ ኢትዮጵያ ኣብዚ ጉዳይዚ ዓቢ ተራ ተጻዊታ። ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ወዲቑ ኣብ ኢትዮጵያ ሓድሽ ስርዓት ምስ መጸ፡ ኢትዮጵያውያን ምስ ሶማላውያን ሓድሽ ዝምድና ክፈጥሩን ኣብ ዝምድና ኽልቲአን ሃገራት ሓድሽ ምዕራፍ ክኸፍቱን ንትስፎ ኔርና። ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ዝርዝር ክኣቱ ኣይደልን እየ። እንተኾነ ብሓፈሻኡ እቲ ዘሕዝን ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ ውሽጣዊ ሽግራቱ ተበጊሱ፡ ኵነታት ሶማልን ኵነታት ኦጋዴንን ከም ኣካል ሽግር ሃገራዊ ጸጥታኡ ገይሩ ክርእዮ ጀሚሩ። ልክዕ’ዩ ኣብቲ ግዜ’ቲ ሶማል ብውሽጣዊ ሽግራት ትሕመስ እያ ነይራ። እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ሽግር ካብ ጐረባብቲ ሶማል ዝኾና ሃገራት’ዩ ዝመጽእ ነይሩ። ምናልባት ኣብቲ ኢትዮጵያ፡ ኬንያን ጂቡትን ዝጻወትኦ ኣሉታዊ ተራ ፍልልይ ክህሉ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ብሓፈሻኡ እዘን ጐረቤት ሶማል ዝኾና ሃገራት፡ ውድቀት ሃገረ ሶማልን ውሽጣዊ ምብትታናን ንረብሓኣን ከም ዘገልግል ገይረን እየን ዝርእያኦ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ስያድ ባረ፡ ነቲ ጉዳይ ዝሓላልኽ ዝነበረ ኸኣ እዚ ኣተሓሳስባ’ዚ እዩ። ልክዕ’ዩ ስርዓት ፐረዚደንት ስያድ ባረ ውሽጣዊ ሽግራት ነይሩዎ እዩ። ነበርቲ ሶማሊ ላንድን (ምድረ ሶማል) ካልኦትን ናይ ኣድልዎ ሜላ ብዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ጸገማት፡ ተረሲዕና ዝብል ስምዒት ኣማዕቢሎም እዮም። ስያድ ባረ ኣብቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ውግእ ምስ ተሳዕረ ኸኣ፡ ናይ ተሰዓርነት ስምዒት ስለ ዝማዕበለ ውሽጣዊ ምፍንጫላት ኣስዒቡ። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ ድማ ንሽግር ሶማል ሓላሊኹዎ። ብርእይቶይ ግን እቲ ቐንዲ ዞባዊ ረቛሒ’ዩ ነይሩ። ስርዓት ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ወገን ትጽቢት ዘይገበረሉ ምብትታን ሶማል ዝብል ፖሊሲ ተኸቲሉ። ስርዓት ኬንያ’ውን ኣብቲ ጉዳይ ብምጽንባር ኣብ ምብትታን ሶማል ሰሪሑ። ጽቡቕ ዕድል ናይዘን ሃገራት እዚኣተን፡ ሕማቕ ዕድል ሶማልን ዞባናን ኮይኑ ድማ ፍጻመታት 11 መስከረም 2001 መጺኡ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ሶማል ክትኣቱ ጀሚራ። ልክዕ’ዩ ዋሽንግተን ንሓደ ፍሉይ ኵነታት ኢላ ቅድሚኡ’ውን ምትእትታው ገይራ ነይራ። እንተኾነ እቲ ምትእትታው ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ፍሽለት ስለ ዘስዓበሎም፡ ፖለቲከኞታት ኣመሪካ ቐጥታዊ ዘይኮነ፡ ብዞባውያን መሳርሒታታቶም ኢትዮጵያ፡ ኬንያን ጂቡትን ኣቢሎም ምትእትታው ክገብሩ’ዮም ወሲኖም። ኣመሪካ ነዚ ፖሊሲ’ዚ ብምጽዳቕ ድሕሪ ፍጻመ 11 መስከረም ብግብሪ ክትሰርሓሉ ጀሚራ። ብኸምዚ ኣገባብ’ዚ ኸኣ ተርእዮ ግብረ ሽበራን ምምካት ግብረ ሽበራን ዝበሃል መጺኡ። ሶማል ድማ ኣካል ናይዚ ካርታ እዚ ኾይና። እዚ ኹሉ ከኣ ኾነ ኢልካ ዝተማሃዘ እዩ ነይሩ። እዚ ኣብ

መጠረሽታ ንሶማል ምስ ናይ ኬንያን ታንዛንያን ግብረ ሽበራዊ ስርሒታት ብምትሕሓዝ ንዞባና ኸም እተስግእ ሓደገኛ ሃገር ኣምሲልካ ምቕራብ ብኣህጉራውያን ሓይልታት ዝተወጠነ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ረብሓታቶም ከምኡ ስለ ዝእዝዝ። ናይ ዓበይቲ ሓይልታት ኣጀንዳ ንምትግባር ድማ የገልግል ማለት እዩ። እዚ ኣህጉራዊ ረቛሒ'ዚ ንጉዳይ ሶማል መሊሱ ሓላሊኹዎ እዩ። ሎሚ ሽግር ሶማል ውሽጣዊ ሽግር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ዞባን ናይተን ኣካል ናይቲ ሽግር ኮይነን ዘለዋ ጐረባብቲ ሃገራት ሶማልን ኮይኑ ኣሎ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ንተርእዮ ግብረ ሽበራን ምምካት ግብረ ሽበራን ይምዝምዝኦ ኣለዋ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ኣብ ናይ ወጻእን ናይ ኣመሪካን ሓገዛት እየን ዝምርኰሳ። ዝኾነ ነገር ንምፍጻም ሶማል ግዳይ ኮይና ኣላ። ሶማል ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኬንያን ጂቡትን መመኽነይታ ውሽጣዊ ሽግራቶም ገይሮማ ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ጸጋታት ሶማል ሃብቲ ባሕሪ፡ ማዕድን፡ ሕርሻ፡ እንስሳን ካልእን ንምዝማት ሽግር ሶማል ቀንዲ ናይ መመዝመዚ ምኽንያት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ኹሉ ጸጋታት'ዚ ኸኣ በዘን ሃገራት እዚኣተን ይዝመት ኣሎ። ሶማል ካብ ከባቢኣ ክትንጸል ኣይግባእን፡ ዝብል መርገጺ ጸኒሑናን ኣሎን። ሽግር ሶማል ንምፍታሕ ድማ ንሶማላውያን ክግደፍ ይግባእ። እቲ ዓቢ ጸገም ግን ንሶማል ክበታትኑን ናብ ትርጉም ዘይብለን ከም ምድረ ሶማል፡ ምድረ ፑንት፡ ምድረ ጁባ፡ ምድረ በናዲርን ካልኦትን ክመቓቕልዋን ዝደልዩ ዞባውያን ሓይልታት ምህላዎም እዩ። ዝኾነ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ወገን ንሶማል ክበታትን መሰል የብሉን። ምብትታን ሶማል ድማ ኣብ ርግኣት ዞባና ኣሉታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ንኹነታት ሶማል ብምግናን፡ ንሃገራዊ ጸጥታ ናይዛ ሃገር እዚኣ ሓደገኛ'ዩ ወይ ጸጥታ ዋሽንግተን ምስ ኵነታት ሶማል ዝተኣሳሰረ'ዩ እናበልካ ምዝራብ ግን ጉዳይ ፈጢርካ ኣጀንዳኻ ኣብቲ ዞባ ንምትግባር እምበር ካልእ ትርጉም የብሉን። ናይዚ ጉዳይ'ዚ ሕልኽላኻትን ዕብየትን ብዘየገድስ ድማ መርገጺና ንጹር እዩ። ምብትታን ሶማል ንሶማላውያን ዘርብሕ ስለ ዘይኮነ፡ ሓድነታ ዓቂባ ክትቅጽል የድሊ። መላእ ሃገራት ዞባናን ጐረባብቲ ሶማል ዝኾና ሃገራትን'ውን ካብ ምብትታን ሶማል ዝረብሓኦ የልቦን። ህዝብታት ኢትዮጵያን ኬንያን ካብ ሶማላውያን ዝመጽኦም ስግኣት የልቦን። ብዛዕባ ስግኣታት ዝዛረቡ ዘለዉ እቶም ስርዓታት ጥራይ እዮም። ጐረባብቲ ሃገራት ኣካል ሽግር ሶማል ይኾና ስለ ዘለዋ፡ ኣብ ጉዳይ ሶማል ኢደን ከእትዋ ኣይግባእን። ከም ግቡእ ውድብ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ሽግር ሶማል ንምፍታሕ ዞባዊ መሳርሒ ክኸውን ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ሽግር ደቡብ ሱዳን ንምፍታሕ፡ ኣብ መጀመርታ ተበግሶ ዝወሰደ ውድብ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ብኸምቲ ዝተነብረሉ ሓላፍነት ተራኡ ክጻወት ኣይከኣለን። ኣብ መጠረሽታ ከኣ ንናይ ካልኦት ሓይልታት ዘገልግል ጽላል ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት ጐረባብቲ ሃገራት ሶማል ዝእከብሉን ብውልቂ ይኹን ብሓባር ረብሓታቶም ንምዕዋት ዘሳልጥሉን ክለብ ጥራይ'ዩ ኮይኑ ዘሎ። መርገጺና ግን ቀዋሚ ዘይልወጥ እዩ። ኵሎም ወጻእተኛታት ኢዶም ካብ ሶማል ከልዕሉ ኣለዎም። ሽሕ'ኳ ገለ ሶማላውያን ተፈልዮም ናይ ገዛእ ርእሶም ሃገር ክህልዎም ዝደልዩ እንተለዉ፡ ንሶማላውያን ብሓባር ምቹእ ሃዋህዉ ክፍጠረሎም የድሊ። ሶማላውያን ባዕላቶም ዝደልይዎ ንኽውስኑ ብቕዳምነት ጥጡሕ ሃዋህው ክረጋገጸሎም ይግባእ። ሶማላውያን ፈደራዊ ኮንፈደራዊ ወይ ከኣ ትርጉም ዘይብለን ፍንጫላት ክፍላተ-ሃገር ክመርጹ እንተ ኾይኖም ንዕኦም ዝግደፍ ምርጫ እዩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር ንሶማላውያን ዕድል ምሃብ እዩ። ናይ ወጻኢ ምትእትታው ገደብ ክግበረሉ ይግባእ። ንሶማላውያን ጽቡቕ ዝደሊ ወገን ሽግሮም ባዕሎም ንኽፈትሕዎ ክሕግዞም የድሊ። መተካእታ ሶማላውያን ኮይኑ ተኣምራታዊ መፍትሒ ከምጽኣሎም ግን ኣይክእልን እዩ። ኣብ ጉዳይ ሶማል እቲ ቐንዲ ብድሆ ዘይንጹርነትን ነገራት ኣብ ነንሓድሕዱ ምጥንናጉን ሓቀኛ ዘይኮነ ምስሊ ምሃብን፡ ኣብ ክንዲ መፍትሒ ምቕራብ ንነገራት ዝሓላልኹ መተካእታ ምቕራብን ዝኣመሰለ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ መርገጺና ምንም'ኳ ምስ ቤት ምኽሪ ጸጥታን ካልኦትን ኣብ ግጥም እንተ ኣእተወና፡ ዘይልወጥ መትከላዊ ታሪኻዊ መርገጺ እዩ። ኣብኡ ከኣ ጸኒዕና ኣለና። እዚ መርገጺና'ዚ ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝቐጸለ ዘይልወጥ መርገጺ እዩ። ንኹሉ ናይ ዞባውን

ኣህጉራውን ምትእትታውን ካብ ፖለቲካዊ ሜዳ ሶማል ኣውጺእካ ንሶማላውያን ንበይኖም ምግዳፍ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ካልእ መዋጽኦ የልቦን። ሶማላውያን ሃገሮም ዘውሕስን ንቐርሰና ዝምክትን ንመስርሕ ዝምታ ጸጋታት ሶማል ደው ከብል ዝኽእልን ኣድማዒ መንግስታዊ ትካላት ምእንቲ ክሃንጹ ክሕገዙ ይግባእ። ሶማል ኣካል ናይ ቅሱንን ዝመላላእን ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ክትከውን የድሊ።

**ሕቶ፡- ከቡር ፕረዚደንት መጻኢ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ዝገልጹ ወገናት ኣለዉ፣ ኢትዮጵያ ናበይ ገጻ’ያ እትጉዓዝ ዘላ?**

መልሲ፡- ኢትዮጵያ ናበይ ገጻ ትኸይድ ከም ዘላ፡ ኣነ ኣብ ግምታት ክኣቱ ኣይደልን እየ። እንተኾነ ኢትዮጵያ ናብቲ ንኣዲስ ኣበባ ዘመሓድር ዘሎ ጉጅለ ወያነ ዝወጠኖ መኣዝን ገጻ ትኸይድ ኣላ ክብል እኽእል። እዚ ጉጅለ’ዚ ከኣ ሕጂ ይኹን ቅድም ኣብ ሓድነት ኢትዮጵያ ፍጹም ረብሓ የብሉን። ካብ ሰብዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ፡ እዚ ሕጂ መሪሕነት ኢትዮጵያ ሒዙ ዘሎ ጉጅለ ዘውጽኦ ፕሮግራም እንተ ረኣና፡ ኣብ ትግራይ ናጻን ሉኣላዊትን ሃገር ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ነዚ ኣረኣእያ’ዚ ንምልዋጥን ኣብ ውሽጢ ፕሮግራም ሓንቲ ኢትዮጵያ ንምእታዎምን ዘይሕለል ቃልሲ ኣካይድና። ይኹን’ምበር እቲ ኣተሓሳስባ ሕጂ’ውን ገና ኣይጠፍአን ኣሎ። እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ንኢትዮጵያ ንምብትታን ምእንቲ ክኽእል ምቹእ ሃዋህው ንምፍጣር ይሰርሕ ኣሎ። ኢትዮጵያዊ ሃገራዊ ስምዒት የብሉን። ንኣብነት ቅዋም ኢትዮጵያ እንተ ረኣና፡ ብፍላይ ከኣ ዓንቀጽ 39 ከሳብ ምንጻል ዝኸይድ መሰል ርእሰ ውሳነ ዘፍቅድ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምዕራፍ ዘሎዎ ቅዋም ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ ዓለም የልቦን። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት እቲ ስርዓት ዝተኸተሎ ፖሊሲታት ምስ እንርኢ፡ ንኦሮሞ፡ ዓፋር፡ ሶማላውያን፡ ተጋሩን፡ ኣምሓሩን ካልኦት ብሄራትን ኣብ ምብትታንን ምቍጽጻርን ከም ዝተዓወተ ዘረድእ እዩ። እቲ ጉጅለ በቲ ዝተኸተሎ ፖሊሲታት ኢትዮጵያ ኣብ ብሄራዊ ዞባታት ተመቓቒላ እያ ዘላ። እዚ ከውንነት’ዚ ናብ ረጽሚ ከምርሕ ይኽእልዶ? እዚ ፖሊሲታት’ዚ ናይ ወጻኢ ምትእትታው እንተ ዘይመጽእ ነይሩ ናብ ውሽጣዊ ረጽሚ ከእቱ ይኽእል ነይሩ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብተን 12 ዓመታት ዝረኣናዮ ምግልባጥ ፖሊሲታት፡ ማለት ኣብ ስልጣን ንኽቕጽል ኣብ 1998 ምስ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር ድሕሪ ምፍጣሩ፡ ኣብ ናይ ኣመሪካን ኣህጉራውያን ሓይልታትን መሰረታዊ ሓገዝ ዝምርኰስ እዩ ነይሩ። እቲ ዘገርም እዚ ስርዓት’ዚ ህላወኡ ኣብ ስልጣን ምእንቲ ከውሕስ፡ ናይ ኣህጉራውያን ሓይልታት ኣጀንዳ ኣብ ዞባና ዝትግብርን ንናይ ደገ ሓይልታት ናጻ ኣገልግሎት ዝህብን ምዃኑ እዩ። እዚ ካብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ዝቐጸለ ፖሊሲ’ዚ ብመጠኑ ተዓዊቱ’ኳ እንተኾነ፡ ክሳዕ መወዳእታ ዝቕጽል ግን ኣይኮነን። ከውንነት ኢትዮጵያ ብኸምዚ ዘለዎ ክቕጽል ኣይክእልን እዩ። ብናይ ወጻኢ ሓገዛትን ምድግጋፍን ግዜ ንምዕዳግ ዝግበር ፈተነታት ወጽኢት ዘይርከቦ ግጉይ ምርጫ እዩ። ቀጻልነቱ ኣብ ስልጣን ንምውሓስ፡ ናይ ዶብ ሽግር ምስ ኤርትራ፡ ሽግር ሶማል፡ ጉዳይ ቐርሰና፡ ግብረ ሽበራን ካልእ፡ ኣጀንዳ ኣህጉራውያን ሓይልታትን ቀንዲ መሳርሒኡ እዮም። ስርዓት ኢትዮጵያ በዚ ኣገባብ’ዚ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ስልጣን ቀጺሉ ኣሎ። ህላወኡ ግን ግዝያዊ እዩ። ንኹሉ ነገራት ብህድኣትን ብታሪኻውን ፖለቲካውን ከውንነቱ ክንርእዮ ይግባእ። እዚ ኹሉ ረቛሒታት’ዚ ክቕጽል ድዩ? ተመኩሮ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብመንጽር ካልኦት ናይ ዓለም ተመኩሮታት ነባሪ ዝበሃል ነገር የልቦን። ናይ ንኡስ ብሄር ዓብላሊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ዝበዝሑ ብሄራት ስልጣኑ ኽቕጽል ኣይክእልን’ዩ። ንዝበዝሑ 90% ብሄራት ኣርሒቕካ፡ ንትካላት መንግስቲ ብሓይሊ ምቍጽጻር ዘንብር ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ስርዓት ዕድመኡ ውሱን እዩ። ከምኡ’ውን ፖለቲካዊ ውዲታትን ናይ ምብትታንን ምንቛትን ዕላማን ፈላሊኻ ናይ ምግዛእ ሜላን ዕምሩ ነዊሕ ኣይኮነን። ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምምርኳስ’ውን ዕድመ የብሉን። ብዘይ ደረት ንወለዶታት ክቕጽል

ኣይከእልን እዩ። እዚ ብሓይሊ ተደጕሉ ዘሎ እሳተ-ጎመራ ኣብ ግዜኡ ግድን ክትኮስ እዩ። መዓስ ከም ዝነቱግ ንመጻኢ ዝግደፍ ጉዳይ እዩ። ብርግጽ ግን ብኹሉ ዓቕሞም ንግዚኡ ዓጊቶሞ ዘለዉ እሳተ-ጎመራ ኢዩ። ስለዚ ብዙሕ ክንርኢ ኢና። በዝን በትን ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ዓወታት ከም ዘሎዎ ይመስል ይኸውን። ከምኡ'ውን ህልው ዘባዊ ኹነታት ንኸም ስርዓት ኢትዮጵያ ዝኣመሰሉ ስርዓታት ከም ዝቕጽሉ የምስሎም ይኸውን እዩ። ቅድሚ'ዚ ስርዓት'ዚ ከም ናይ ሃጸይ ሃይለ ስላሰ ዝኣመሰሉ ስርዓታት ርኢና ኢና። ዓርሞሽሽ ስርዓት ይበሃል ነይሩ። ክወድቕ ዝኽእል ስርዓት ስለ ዘይኮነ፡ ኤርትራ ናጻ ናይ ምውጻእን ንውሽጣዊ ኹነታት ኢትዮጵያ ናይ ምልዋጥን ተኽእሎ የልቦን ይበሃል ነይሩ። ብድሕሪኡ ዝመጽአ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ድማ ኣብ ኣፍሪቃ ሓደ ካብቶም ዝሓየሉ ነይሩ። እዚ ኹሉ ግን ሕሉፍ ዛንታ ኾይኑ። ስርዓት መንግስቱ ወዲቑ። እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት'ውን ዕድመኡ ንምንዋሕ ዝተፈላለየ ከንቱ ፈተነታት'ኳ እንተካየደ ዕምሩ ውሱን እዩ። ናይ ሓደ ዝተወሰነ መድረኽ ተመኵሮ ብምውሳድ ዝወድቕ ስርዓት ኣይኮነን፡ ናብ ዝብል መረዳእታ ምብጻሕ ዝዓበየ ጌጋ እዩ። ዲፕሎማስያዊ ዓወታት ስርዓት ኢትዮጵያ ብዝምልከት፡ ሓድሽ ምህዞ ዝበሃል የልቦን። ንኣብነት ስርዓት ሃይለስላሰ እንተ ወሰድና ናይ ወጻኢ ሓገዝ እንተ ዘይረክብ ነይሩ፡ ኣብ ቅድሚ ቓልስታት ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ኢትዮጵያን ደው ክብል ኣይምኸኣለን። ኣብ ውሽጢ ሃገር ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን መሰረት ዘይብሉ ስርዓት፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ሓይልታት'ዩ ዝምርኰስ። ስርዓት ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም'ውን ናይ ዝሓለፈ ስርዓት ኣሰር'ዩ ተኸቲሉ። እዚ ሕጂ ዘሎ ስርዓት'ውን እንተኾነ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ዝረአናዮ ይደግም ኣሎ። ኣብዚ ክብሎ ዝደሊ፡ ናይ ሓደ መጽሓፍ ሓደ መስመር ጥራይ ኣንቢብና ናብ መደምደምታ ክንበጽሕ ከም ዘይግባእ እዩ። ምኽንያቱ መጽሓፍ ኣብ ውሽጡ ንመጻኢ ዕድል ናይቲ ስርዓት ዘብርሃልና ብዙሕ ምዕራፋትን ኣርእስታትን ዝርዝራትን ስለ ዘሎዎ። መጻኢ ናይዚ ስርዓት'ዚ ጸልማት መጻኢ እዩ። ዝኾነ ብኸምዚ ስነ-ሓሳብ ዝምራሕ ስርዓት ዕድመኡ ሓጺር እዩ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት መንግስቲ ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ቤት ምኽሪ ጸጥታን ብምብዳህ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ጕቢጡ ኣሎ። መፍትሒ ናይዚ ሽግር'ዚ እንታይ'ዩ ትብል?**

መልሲ፡- ከምቲ ቕድሚ ሕጂ ዝገለጽክዎ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ መሳርሒ ሓይልታት ወጻኢ ኮይኑ'ሎ። ጉዳይ ዶብ ሓደ ካብቲ ወጥሪ ንምፍጣር ዝመጸ'ዩ ነይሩ። ምናልባት ንረብሓ ስርዓት ኢትዮጵያ ተባሂሉ መጺኡ ይኸውን እዩ። ንምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይሊ ከም ሓደ ምኽንያት ተባሂሉ'ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ናብ ዳንነት ኬድና፣ እዚ ሕጂ ዘሎ ስግኣት ከኣ፡ ኤርትራ እንተደኣ ርግኣት ረኺባ፡ ህዝባ ምንጪ ስግኣት ናይዞም ሓይልታት እዚኣቶም ክኸውን'ዩ ዝብል እዩ። ስለዚ ኸኣ ተኸታታሊ ሽግራት ክትፈጥረሉ ኣሎካ ማለት እዩ። እቲ ውሳነ ምስ ኰሉ ዝነበሮ ዓመጻት ምስ ሓለፈ፡ ብዘይካ ምቕባሉ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ከም ቀያድን ናይ መወዳእታን ይግባይ ዘይበሃሎን ንኽንቕበሎ ኣቐዲምና ዝተሰማማዕናሉ ስለ ዝኾነ። ስለዚ ከኣ ፈቲና ጸሊእና ክንትግብሮ'ዩ ዝግባእ። ንኣብነት እቲ ስምምዕ እንተ ዝትግበር ነይሩ ካልእ ሃዋህው ምተፈጥረ ነይሩ። ንድሕሪት ተመሊስና ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኣብ 2002 እንተ ዝትግበር እንታይ ሲናርዮ ምመጸ ዝብል ሓሳብ ምስ እነቕርብ፡ ኤርትራ ንቕድሚት ናይ ምምራሽ ዕድል መጋጠመ። ኵሎም ተጻባእቲ ሓይልታት ዝፈርህዎ ከኣ ንሱ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ ግስጋስ ኤርትራ ንምኹላፍ ተባሂሉ ዝተሃንደሰ ስለ ዝነበረ። እቲ ውሳነ'ውን ከም ካልእ ሽግር ኮይኑ መጺኡ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ሽግር ከይፈጠሩ ክድቅሱ ኣይክእሉን እዮም። ነቲ ስምምዕ ዘይምትግባር ከኣ ፖለቲካውን ቍጠባውን ግስጋስ ናይዛ ሃገር ንምዕጋት ተባሂሉ እዩ። ካልእ ተወሳኺ ሽግራት ንኤርትራ ምፍጣር ዝብል'ውን ኣካል ናይቲ ውጥን ኣሎ። ምናልባት በዚ

ጉዳይ’ዚ ነቲ ቕድሚ ዓመት ብኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዝወጸ ንኤርትራ ዝእግድ ውሳነ ክጥቀስ ይከኣል። ንኤርትራ ንምእጋድ ዝሓለፈ ውሳነ ኣብ ምንታይ መመኽነይታ ተመርኲሱ እዩ? እቲ ጉዳይ ኤርትራ ንገዛእ ርእሳን ረብሓታታን ንኽትከላኸል ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ ንምብጻሕ ዘንቀደ እዩ። ስለምንታይ መጺኡ’ቲ ውሳነ? እቲ ውሳነ ብሃንደበት ዝመጸ ኣይነበረን። ምዕባለ ኤርትራ ንምዕንቃፍ ዝካየድ ተኸታታሊ ዕንቅፋታትን መሰናኽላትን እዩ። ኣነ ነዚ ንምዕባለና ንምዕንቃፍ ዝዳሎ ውዲታት ግዝያዊ’ኳ እንተኾነ ኣቃሊለ ኣይርእዮን እየ። እቶም ነዚ ውሳነ ዝወጠኑ ወገናት፡ ኣቐዲሞም ውሳነ ንምሕላፍ ዘኽእሎም ምኽንያታት እዮም ምሂዞም። ብዛዕባ ምትእትታው ኤርትራ ኣብ ሶማል፡ ዝተሰነዐ ዶባዊ ሽግር ኤርትራን ጂቡትን ዝብል ዘረባታት ኣምጺኦም። እቲ መሰረታዊ ዕላማ ድማ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ሽግር ምፍጣርን ቍጠባውን ፖለቲካውን ውድቀት ፈጢርካ ንኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ካርታ ንምውጻእን ዝዓለመ እዩ። ደረጃ ብደረጃ ዝትግበር ውጥንን ስትራትጅን እዩ። ብደብዳበታት ዊኪሊክስን ኣምባሳደር ኣመሪካን ዝለሓኹ ሰነዳት እንተ ረኣና፡ እዞም ኤርትራ በቲ ዝምህዝዎ መሰናኽላት ክትወድቅ ትኽእል እያ ኢሎም ዝሓስቡ ወገናት፡ ስነ ኣእምራዊ ሕማም ከም ዘለዎም ኢና ኣብ መደምደምታ ክንበጽሕ እንኽእል። ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ኵሉ ዓቕሙ ተጠቒሙ ውሳነ ቍጽሪ 1907 ከሕልፍ ከሎ፡ ዕላማኡ ንውሽጣዊ ኹነታት ኤርትራ ንምድኻምን ፖለቲካዊ ውድቀት ንምስዓብን እዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ኤርትራ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ሃይማኖታዊ ግርጭታት ኣብ መንጎ ክርስትናን ምስልምናን፡ ኣብ ውሽጢ ክርስትና እውን ዞባዊ ስምዒታትን ተቓውሞን ከም ዘሎ ኣምሲሎም ብቐጻሊ ይዛረቡ ነይሮም። እዚ ብዘይካ’ቲ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ካልእን እገዳ ንምግባር ዝገብርዎ ፈተነታት ማለት እዩ። ናይዚ ዕላማኺ እንታዩ ነይሩ? ነፍስ ወከፍ ዘካየድዎ ፈተነታት ምስ ፈሸሎም፡ ኣብ ካልእ ፈተነ እዮም ዝኣትዉ። እዚ ዘረደኣና ነገር እንተሎ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ዕላማኦም ክሳዕ ዘረጋግጹ ክድቅሱ ከም ዘይኮኑ እዩ። እንተኾነ ዝኾነ ዘካይድዎ ፈተነታትን ዕንቅፋታትን ከቶ ክዕወት ኣይኮነን። ዶባዊ ሽግር ብዝምልከት ኣብ ሓጺር ግዜ ክፍታሕ’ዩ ክብል ኣይክእልን እየ። ብድሆታት እናተደራረበ እንተደኣ ኸይዱ፡ ንኤርትራ ሽግር ክፈጥረላን ከዳኽማን ከም ዝኽእል ገይሮም ዝግምቱ ኣለዉ፣ ይኹን’ምበር ኤርትራ ብድሆታት ኣብ እትገጥመሉ እዋን ሓይሊ ህዝብን መንግስትን መሊሱ እዩ ዝስውድ። ስለዚ ኸኣ እቲ ኹነታት ንኤርትራ ዝበለጸ ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ጉዳይ ዶብ ንዓና ሓደ ካብ ቀዳምነታትና ድዩ? ሓደ ካብ ቀዳምነታትና ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ብመሰረት ሕግታት ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቍርቍስ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ንገዛእ ርእሱ ክስዕራ ምኺኑ ርዱእ እዩ። እዚ ስዕረት’ዚኸ መዓስ’ዩ ክመጽእ? ብውሽጣዊ ምዕባለታት ድዩ ወይስ ብጸቕጥታት ኤርትራ? በቲ ንዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ኣካቢቡ ዘሎ ኹነታትዶ ወይስ ብኣህጉራዊ ኹነታት? ምናልባት ብዙሕ ትንታነታትን ዝርዝራትን ክነቕርብ ንኽእል ንኸውን። ዝተፈላለዩ ሲናርዮታት’ውን ይህልዉና ይኾኑ። እቲ ርጉጽ ነገር ግን፡ እዚ ስርዓት እዚ ብኢዱ ንነፍሱ ንስዕረት ከቃልዓ ምኺኑ እዩ። ሓድሽ ሜላታትን ኣገባባትን ምቕራቡ ድማ፡ ቍሩብ ዕድመኡ ንምንዋሕ እምበር ካብ ስዕረት ንምድሓን ኣይኮነን። በዚ መንጽር’ዚ ከኣ ንታሪኽ ክነንብቦ ይግባእ። ስለዚ ድማ ትዕግስቲ ክህልወና የድሊ። ብወገንና ቐጥታዊ ጽልዋ ከይገበርና ነገራት ክምዕብል እዩ። ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ከኣ መሬትና ካብ ጐበጣ ሓራ ክኸውን እዩ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ሓደ ካብቲ ዝጠቐስካዮ ምህዞታትን ምትእትታውን፡ እቲ ኤርትራ ብልዑል ልቦና ዝተቜጻጸረቶን ኣብ መወዳእታ ኸኣ ብመንጎኝነት ቐጠር ዝተታሕዘን፡ ኣብ 2008 ጂቡቲ ምስ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር ኣሎንኒ ዝበለቶ እዩ። መንጎኝነት ቐጠርከ ኣበይ በጺሑ ኣሎ?**

መልሲ፡- ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ግልጺ ምእንቲ ክኸውን፣ ብጌጋ ንመንግስቲ ጂቡቲ ወይ ንህዝቢ ጂቡቲ ኽንሓሚ ኣይግባእን። ጂቡትን ህዝባን ጐረቤትናን ኣካል ዞባናን እዮም። ስለዚ ከኣ ኣብዚ

ጉዳይ’ዚ ግጉይ መረዳእታ ክህልወና ኣይግባእን። ነዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ውሽጢ ዞባውን ኣህጉራውን ምዕባለታት ክንርእዮ የድሊ። ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ እንተ ዘይህሉ ነይሩ እዚ ጉዳይ እዚ’ውን ኣይምነበረን። ብሰንኪ ጂኦግራፍያዊ ኣገዳስነት ጂቡቲ፡ እዚ ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ንጂቡቲ ከም መበገሲ ወሲዱ ኣብ ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ናቱ ውጥን ገይሩ ኣሎ። እዚ ኣብ ባይታ ናቱ ህላወ ፈጢሩ ዘሎ ስለ ዝኾነ ትንታነታትን መግለጽን ዘድልዮ ኣይኮነን። ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ነዚ ናይ ውሽጢ ምትእትታው እትነጽግ ሃገር’ያ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ኲነታት ሶማልን ሱዳንን እንተ ረኣና’ውን ኣብ ውሽጥ’ዚ ስትራተጂ’ዚ እዩ ዝፍጸም ዘሎ። ነዚ ኣጀንዳ’ዚ ዘገልግል ድማ ስርዓት ኢትዮጵያን ካልኦት ኣብ ዞባና ዘለዉን እዮም። እቲ ውጥን ንኹነታት ዞባና ብምትሕልላኽን ሽግር ብምፍጣርን ነቲ ሽግር ንምምሕዳር ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ብቐረባ ይኹን ብርሑቕ ጂቡታውያን ኢድ የብሎምን። ኣነ ንቐለዓለም ኢለ ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። ንመንግስቲ ጂቡቲ ከሓምዮ ኣይደልን እየ። ጂቡቲ ናታ ፍሉይነት ኣሎዋ። ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ዝተሰገደደ ኣጀንዳ ኣሎ። እቲ ዝተሰገደደ ኣጀንዳ ኸኣ ንጂቡቲ ከም መበደሲ ተጠቒሙ ካብ ደገ ዝመጽአ’ዩ። ፈረንሳውያን ድሕሪ ናጽነት ጂቡቲ ብቐጻሊ ናቶም ህላወ ኣብ ጂቡቲ ኣሎዎም። ህላወ ፈረንሳውያን ኣገዳስነት ዘይነበሮ እኳ እንተኾነ፡ ብእኡ ተሻቒልና ኣይንፈልጥን ኢና። ኣብ ርእሲኡ’ውን ፈረንሳውያን ኣዎንታዊ ተራ ነይሩዎም። ምኽንያቱ ኣብ ጂቡቲ ርግኣት ይፈጥሩ ስለ ዝነበሩ። ከምኡ’ውን ብህላወ ፈረንሳ ኣብ ጂቡቲ፡ ኣብ ዞባና ዝወረደ ጉድኣት ኣይነበረን። ድሕሪ 11 መስከረም ግን ኲነታት ፍጹም ተለዊጡ። እቲ ጉዳይ ከኣ ንኹሉ ብሩህ እዩ። ከም መቐጸልታ ናይቲ ብተኸታታሊ ንኤርትራ ንምዕንቃፍ ዝግበር ዝነበረ ውዲታት ድማ እዚ ጉዳይ’ዚ መጺኡ። እዚ ዝተሰንዐ ዶባዊ ሽግር ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ሚያዝያ 2008 እዩ ብሃንደበት መጺኡ። ንሕና ግን ንከታተል ስለ ዝነበርና እቲ ጉዳይ ብጂቡቲ ዘይኮነስ ብናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ከም ዝመጽአ አስተውዒልናሉ። ኣብ ዝርዝር ናይቲ ፍጻመታት ከኣቱ ኣይደልን እየ። እንተኾነ ፕረዚደንት እስማዒል ዑመር ገ’ለ ነቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ኣብ ሚያዝያ 2008 ንኣሚር ቐጠር ዘቕርበሉ፡ ብቐጥታ ምሳይ ክዘራረብ ይኽእል ነይሩ’ዩ። ኣሚር ቐጠር ብግርህና ናይ ዶብ ሽግር ዘሎ ስለ ዝመሰሎ፡ ምሳይ ብምርኻብ ምስ ጂቡቲ ሽግር ኣሎኩም ክብል ሓቢሩኒ። እዚ ጉዳይ’ዚ ካበይ’ዩ መጺኡ? ብምባል ድማ ተወኪሰዮ። ፕረዚደንት እስማዒል ዑመር ገ’ለ ምስ ኤርትራ ናይ ዶብ ሽግር ኣሎ’ንና ክብል ከም ዝገለጸሉ ኸኣ ሓቢሩኒ። ኣነ ድማ ብቐንዕና ፕረዚደንት እስማዒል ዑመር ገ’ለ ጐረቤተይ እዩ፣ ካባኻ ንዓይ ይቐርብ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ምሳኻ ዝዘራረብ ብቐጥታ ምሳይ ክዛረብ ምተገበኣ፡ ናይ ዶብ ሽግር ኣሎ እንተደኣ ኾይኑ ድማ፡ ብኽልተኣዊ ደረጃ ኽንፈትሖ ንኽእል ኢና፣ ምስ በልክዎ፡ ኣሚር ቐጠር ይቕሬታ ብምባል፡ ፕረዚደንት ዑመር ገ’ለ ስለ ዝሓበረኒ እምበር፡ ከምቲ ዝበልካዮ፡ እቲ ዝበለጸ ብኽልተኣዊ ደረጃ ኽትፈትሕዎ ይግባእ ኢሉኒ። እንደገና ፕረዚደንት ገ’ለ ምሳይ ብቐጥታ ኽዘራረብ ምተገብኣ፣ እቲ ሽግር ከኣ ካብ መሰረቱ ኸመይ እዩ? ምስ በልክዎ፡ ካልእ ግዜ ክረኽበኒ ምኺኑ ገሊጹለይ። እቲ ዘጋጠመ ድማ ኣጋጢሙ። ኣብቲ ኻልኣይ መዓልቲ ፕረዚደንት ገ’ለ ምስ ሰራዊቱ ኣብ ዶብ መጺኡ። ኣነ ብወገነይ በቲ ዝተፈጸመ ንፕረዚደንት ገ’ለ ኣይሕዘሉን፣ ከም ጉዳይ’ውን ኣይርእዮን እየ። ብድሕሪ’ዚ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ብዛዕባ’ቲ ዝተሰንዐ ዶባዊ ሽግር መግለጺ ምስ ወጸ፡ እቲ ጉዳይ ተቓሊዑ። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ከመይ ገይሩ’ዩ ኸምዚ ዝኣመሰለ መግለጺ ኣውጺኡ? ምናልባት’ውን ናይቲ ብድሕሪ መጋረጃ ዝተኻየደ ዝርዝራት ዊኪሊክስ የወጽኦ ይኸውን። ምኽንያቱ ዊኪሊክስ ናይ ኲሉ’ቲ ፍጻመታታትን ሓቅታታት መወከሲ ኾይኑ ስለ ዘሎ። ምናልባት ነገራት ከመይ ይኸዱ ነይሮም ኣይንፈልጥን ኔርና ክንከውን ንኽእል ኢና። ሕጂ ግን እቲ ሰነዳት ብቐሊሉ ዝርከብ ኮይኑ ኣሎ። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ብሃንደበት ኤርትራ መሬት ጂቡቲ ጐቢጣ’ላ ዝብል መግለጺ ከውጽእ ዲፕሎማስያዊ ይኹን ሕጋዊ መመኽነይታ የብሉን። ሓንቲ ተክኖሎጅያውን ኢንዱስትሪያውን ምዕባለ ዘሎዋ ዓባይ ሃገር ከመይ ገይራ’ያ

ከምዚ ዓይነት መግለጺ እተውጽእ?! እቲ ጒዳይ ንዝምልከቶም ወገናት ምግዳፉዶ ኣይምበለጸን? ወይ ድማ በቲ ፍሉጥ ኣገባባት ነቲ ጒዳይ ከጻርዩዎ ነይሩዎም። ሚኒስትሪ ጒዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ከመይ ገይሩ'ዩ ብኸምዚ ሕሱር ኣገባብ መግለጺ ከውጽእ ዝኸኣለ? ስለዚ ከኣ እቲ ጒዳይ ካብ መጀመርታ መዓልቲ ብሩህ እዩ ነይሩ። እቲ ዝወጽአ መግለጺ ድማ ንዲፕሎማስያዊ ትምክሕቲ ዋሽንግተን ጥራይ'ዩ ዘብርህ። ብወገነይ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዕሽነት ጥራይ'የ ዝብሎ። ምምሕዳር ኣመሪካ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ኣፍልጦ ንኤርትራ ኣብ ምዅናን'ዩ ተጓይዩ። በቲ ጒዳይ ኣብ መጀመርታኡ ተቓሊዑ። ኣብዚ ኣቐዲሙ ዝተጠጀአ ጒዳይ ጂቡትን መንግስቲ ጂቡትን ተራ ከም ዘይነበሮም ድማ ብንጹር ይፍለጥ። ኣብቲ መጀመርታ መንግስቲ ጂቡቲ ነቲ ጒዳይ ነቒሑሉ ኣይነበረን። ምናልባት ንዕኡ'ውን መጻወድያ'ዩ ነይሩ። እቲ ዘደንጹን ዘገርምን ጒዳይ፡ ድሕሪ መግለጺ ኣመሪካ፡ ብቕጥታ ብኸምቲ ኣመሪካ ዘውጽኣቶ ትሕዝቶን ኵነታትን፡ ካልእ መግለጺ ካብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምውጽኡ'ዩ። እዚ ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ሓደ ቤት ጽሕፈት ናይ ሚኒስትሪ ጒዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዘቕጽሮ እዩ። ው.ሕ.ሃ. ከመይ ጌሩ ከምዚ ዓይነት መግለጺ ከውጽእ ዝኸኣለ? ስለዚ እቲ ጒዳይ ካብ መጀመርታኡ ዝተማህዘ ተዋስኦ ምንባሩ ብሩህ እዩ። ዝኾነ ኾይኑ ድሕሪ ባይታ ናይቲ ጒዳይ ከምዚ ዝገለጽክዎ ኾይኑ፡ ካብዚ ንላዕሊ ግን ክዛረብ ኣይደልን እየ። ንብዙሕ ሓቅታት ዘቃልዕ ሰነዳት ድማ ክረአ ጀሚሩ ኣሎ። ምናልባት'ውን ነቲ መስርሕ ብምሉኡ ዘቃልዓልና ካልእ ሰነዳት ይመጽእ ይኸውን። እቲ ሕጋዊ መወከሲ ዘይነበሮ ዓማጺ ውሳነ ብ23 ታሕሳስ 2009 ምስ ወጸ፡ ነገራት ማእዝኖም ክስሕቱ ጀሚሮም። ቐጠራውያን ምትሕልላኽ ጒዳያት ኣድላይነት የብሉን፡ ንስኻትኩም ድማ ኣሕዋት ስለ ዝኾንኩም ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ጒዳይኩም ክትፈትሕዎ ይግባእ  ብምባል እንደገና ተበግሶኦም ኣቕሪቦም። እዚ ኣብ መርገጺና ለውጢ ኣይነበሮን። ብወገንና ብኽልተኣዊ ደረጃ ክንፈትሖ'ዩ ድሌትና ነይሩ። እንተኾነ እቲ ጒዳይ ካብ ምቍጽጻር ካብ ወጸ፡ ብመንገዲ ሳልሳይ ኣካል ብዲፕሎማስያዊ ስምምዓት ዘይኮነስ ብሕጋውን ሞያውን ኣገባባት ምፍትሑ ጸገም የብሉን ኢልና። እንተድኣ ተዓሚጻ ወይ እጀታ ኣሎንኒ ዝበሃል ዘረባታት ኣሎ ኾይኑ ድማ ብሕጋዊ መገዲ ኽረጋገጽ ይግባእ። ንሕና ዶብና ሰጊርና ዘይመሬትና ከም ዘይጐበጥና ክንገልጽ ጸኒሕና ኢና። ነዚ'ውን መርትዖታት ብምቕራብ ብሕጋውን ሞያውን ኣገባብ ክረጋገጽ የድሊ። ንሕና ንነገራት ካብ ቍጽጽር ክነውጽኦም ኣይንደልን ኢና። ሕጂ እቲ ጒዳይ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ንረብሓ ጂቡትን ኤርትራን ዘይኮነ ሽግራት ክፈጥር ዝደሊ ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ነይሩ እዩ። ስለዚ ኣብ መርገጺና ሓድሽ ዝበሃል ነገር ስለ ዘይመጸ ንተበግሶ ቐጠር ተቐቢልናዮ። ኣሕዋት ጂቡታውያን'ውን ተቐቢሎሞ። እቲ ጒዳይ ብንቡር ኣገባብ ይቕጽል ኣሎ። እቲ ቕድም ነገራት ንምጒህሃርን ሽግራት ንምብራዕን ምስ ካልእ ኣጀንዳታት ናይ'ቲ ዞባ ንምትእስሳሩን ክካየድ ዝጸንሐ ፈተነታት ሕጂ የልቦን። ነቲ ጒዳይ ኣህጉራዊ መልክዕ ንምትሓዙን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሽግራት ንምፍጣርን ክካየድ ዝጸንሐ ፈተነታት ተወጊኑ ኣሎ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ጒዳይ ብህድኣት ይቕጽል ኣሎ። ኣብ ዜናዊ ቈይቀ፦ ምእታው ኣየድልን'ዩ። ኣብ'ዚ ጒዳይ'ዚ ክንዛረብ ኣይንደልን ኢና። ብመሰረቱ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጂቡትን ሽግር ዝበሃል ስለ ዘየልቦ ድማ፡ እዚ ጒዳይ'ዚ ሽግር ኤርትራን ጂቡትን'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ የብልናን። ጽሩይ ማይ ናይ ምዝራግ ስራሕ ግን ገና ይቕጽል ኣሎ። እቲ ኣገዳሲ ግን እቲ ውጥን ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ምህላዉ እዩ። ሎሚ ድሕሪ ኽልተ ዓመት፡ እቲ ዝተሰንዐ ጒዳይ ርዱእን ኩሎም ዝዓገብሉን ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ዞባናን ካብ ዞባና ወጻእን ዝርከቡ ሰብ ሰናይ-ግብሪ ድማ ነቲ ሓቂ ፈሊጦሞ ኣለዉ። ነቲ ተጻባኢ ኣጀንዳ ግን ገለ ጐረባብቲ ሃገራት ገና የቓንያኦ ኣለዋ። ብፍላይ ከኣ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን ገለ ኣብ ትሕቲ ጽላል በይነ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ንልምዓት  ዝርከባ ሃገራትን። ብዘይካ'ዚ ነዚ ጒዳይ'ዚ ንምትሕልላኽ ብመገዲ ትካላት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝግበር ቀጻሊ ፈተነታት ኣሎ። ብሓፈሻኡ ግን እዚ ኣጀንዳ'ዚ ስለ ዝተቓለዐ፡ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ኣብ ዞባና

ካልእ ሸግራት ንምፍጣር ነዚ ጉዳይ’ዚ ከረሳስኖን ክውልዖን ሕጋዊ ይኹን ፖለቲካዊ ምኽንያታት የብሉን።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ የመን ብዝተፈላለየ ሸግራት ትሓልፍ ኣላ። መርገጺ ኤርትራ ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ብኸመይ ትገልጾ?**

መልሲ፡- ንየመን ብዝምልከት ካብቲ ኣብ መጀመርታ ተስዓታት ብግብሪ ዝተመስከረ መርገጺና ዝተለወጠ ሓድሽ ነገር የልቦን። ምስ የመን ኣብ ምድግጋፍ ዝተመርኰሰ መርገጺና፡ ካብቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋህው ዝፈጥር ርጉእ ከባቢ ምውሓስ ዝብል መረዳእታና’ዩ ዝብገስ። ንሕና ምስ ሓድነት የመን ኢና። ኣብ መርገጺና ደብዛዝ ነገር የልቦን። ኣብ እዋን መግዛእትን ድሕሪኡን ክልተ የመን ዝበሃላ ነይረን። ብመሰረት ናይ ሰሜንን ደቡብን ህዝቢ የመን ድሌት ድማ ሓድነት መጺኡ። መርገጺና ኸኣ ምስ ሓድነት ክልተ የመን እዩ። ምኽንያቱ ሓድነት ንረብሓ ህዝቢ የመንን ንመላእ’ቲ ዞባን ዘገልግል’ዩ ዝብል እምነት ስለ ዘሎንና። ኣብ ውሽጢ ዅነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ እንተ ረአና’ውን የመን ኣካል ፖለቲካዊ ካርታ ናይዚ ዞባ እያ። ስለዚ ኸኣ ቅሳነት የመን የገድሰና እዩ። ሓድነት የመን ብዝምልከት ድማ መትከላዊ መርገጺ ኣሎንና። ኣብ የመን ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ጸገማት እኳ እንተ’ሎ ኣብ ውሽጢ ሓድነት ክፍታሕ ይግባእ። ነገራት ተጓሃሂሩ ካብ ውሽጣዊ ሸግር ናብ ዞባውን ኣህጉራውን ሸግር ክምዕብል ኣየድልን። ኣብ የመን ረብሓታቶም ንምርግጋጽ፡ ንሕቶ ግብረሽበራን ምምካት ግብረሽበራን፡ ከም ኣጀንዳ ዝጥቀሙሉ ኣህጉራውያን ሓይልታት ዕድል ክረኽቡ ኣይግባእን። የመናውያን ሽግራቶም ባዕላቶም ክፈትሕዎ ይኽእሉ እዮም። ሽግር ኣሎ እንተድኣ ኾይኑ፡ ነቲ ሽግር ንምልላይ ናይ የመን ተበግሶ’ዩ ዘድሊ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ፡ ሽግር ሱዳን ብሱዳናውያን፡ ሽግር ሶማል ድማ ብሶማላውያን ከምኡ’ውን ሽግር የመን ብየመናውያን ጥራይ ክፍታሕ ይግባእ። ሽግራቶም ክፈትሑ ከኣ ብቕዓትን ዓቕምን ኣሎዎም። ሖሲዩን ኣለዉ፣ ዓመጽን ጠለባትን ኣሎ፣ ብዝብል ምስምስ ካብ ኵነታት የመን ንምርባሕን ሰላምን ርግኣትን ጸጥታኣን ንምዝራግን ዝግበር ምትእትታው ብወገና ቅቡል ኣይኮነን። ብትሪ ድማ ንነጽጎ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ምኽንያታት ናይ ወጻኢ ምትእትታው ንጹግ እዩ። ኣብ ደቡብ ወጽዓ ኣሎ እንተድኣ ኾይኑ፡ ኣብ ሰሜን’ውን ኣሎ። የመናውያን ድማ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ሽግራቶም ይፈልጡ እዮም። ብዘይ ናይ ወጻኢ ምትእትታው ክፈትሕዎ ድማ ዓቕሚ ኣሎዎም። ውሽጣዊ ሽግር ምስ ዝህሉ ብውሽጣዊ ደረጃ ክፍታሕ የድሊ። ምትእትታው ዝበሃል ክህሉ ኣይግባእን። ሃናጺ ተራ ዘለዎም ወገናት እንተድኣ ኣልዮም ድማ፡ ብዘይምውዕዋዕ ነቲ ጸገም ንምፍታሕ ንየመናውያን ጥራይ ክሕግዙ የድሊ። የመናውያን ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ዓቕሚ ኣሎዎም ዝብል እምነት’ዩ ዘሎንና። ነቲ ሽግር ኣብ ክንዲ የመናውያን ኮይኖም ክፈትሕዎ ዝደልዩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት እንተድኣ መጺኦም፡ ዝኾነ ይኹን ፍታሕ ከየምጽኡ ዘይርጉእ ኵነታት ክፈጥሩ እዮም። ንሕና ኤርትራውያን ናይ ወጻኢ ምትእትታው ዘይኮነስ፡ የመናዊ ፍታሕ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምዃኑ ጽኑዕ እምነት ኣሎንና። ኵለን ጐረባብቲ የመን ዝኾና ሃገራት ድማ ንየመን ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊ ይኹን ካልእን ጸገማታ ንምፍታሕ ክሕግዝኣ ይግባእ። ሕቶ ልምዓት፡ ምምሕዳርን ፖለቲካዊ ስርዓት ኵሉ ንየመናውያን ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ብተበግሶ የመናውያን ድማ ክፍታሕ ይግባእ። ካብ የመን ወጻኢ ብደገ ዝግበር ፍታሕ ናይ ምድላይ ፈተነታት ግን ጸገም እዩ። ኤርትራ ኣብ ጎኒ የመናውያን ጸኒሓን ኣላን። ምስ ቅሳነትን ሓድነትን የመን ድማ’ያ። የመናውያን ሽግራቶም ባዕላቶም ክፈትሑ ኸኣ ትድግፍ። ※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※**Part**

**III Interview with President Isaias Afwerki ቃለ መጠይቕ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሳልሳይ ክፋል**



**ቃለ መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ**

**ሳልሳይ ክፋል**

መርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት ኤርትራ፡ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘካየዶ ቓለ መጠይቕ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሳልሳይ ክፋል'ቲ ቓለ መጠይቕ፡ ብዛዕባ ኣብ ገማግም ሶማል ዝተኸስተ ቐርስና፡ ውሽጣውን ግዳማውን ሳዕቤናቱን መፍትሒኡን ኣብሪሁ። ሓደሓደ ወገናት ንሹነታት ሶማል ብምምዝማዝ፡ ንማያዊ ገማግማ ኢንዳስትርያዊ ሓተላ ይጉሕፍሉ ምህላዎም'ውን ገሊጹ። ትካላት መድሕን ንተርእዮ ቐርሰና ምኽኒት ብምግባር ንመኻዕበቲ ኣታዊታተን ከም ዝጥቀማሉ፡ ዓበይቲ ሃገራት ቀርስና ንምግታእ ብዝብል ጕልባብ ኣብ ገማግም ሶማል፡ ወሽመጥ ዓደንን ደቡባዊ ቐይሕ ባሕርን መራኸብ ኵናት ኣዋፊረን ምህላወን ሓቢሩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መንጎ ሃገራት ምንጭን ማዕልቦን ፈለግ ኒል ዝተቐልቀለ ምስሕሓባት ብምትኻር፡ ንሃገራት ኒል ኮነ ንኻልኦት ሃገራት ዝኸውን እኹል ሃብቲ ማይ ምህላዉ፡ እንተኾነ እቲ ጕዳይ ምስ ፓለቲካዊ ጕዳያት ተኣሳሲሩ ኣብ ዘየድሊ ምፍሕፋሕ ከም ዘምረሐ ጠቒሱ። ኤርትራ ምስ ሃገራት ኣዕራብን እስራኤልን ዘሎዋ ርክብ ኣመልኪቱ፡ ኤርትራ ምስ ዝኾነ ይኹን ወገን ኣብ ኪዳን ከም ዘይትኣቱ ኣገንዚቡ። ንጕዳይ ዘተ ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያንን ኣመልኪቱ'ውን ኤርትራ ስምምዕ ኦስሎ ካብ ዝተኸተመሉ እዋን ኣትሒዛ ኣብቲ ስምምዕ ዕቃበታት ከም ዝነበራ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት በብእዋኑ ዝፍተን ዘተ ሰላም ኣዎንታዊ ውጽኢት ንኸርከቦ ትጽቢት ከም ዘይግበረሉ ሓቢሩ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ ደቡባዊ ቐይሕ ባሕሪ፡ ወሽመጥ ዓደን፡ ገማግም ሶማልን ህንዳዊ ውቅያኖስን ቀርስና ይካየድ ኣሎ። ነዚ ተግባር'ዚ ብኸመይ ትርእዮ? ብኸመይከ'ዩ ኽፍታሕ?**

መልሲ፡- እዚ ተርእዮ'ዚ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ሶማልን ኣብ መላእ ከባቢናን ዘሎ ዘይምርግጋእ'ዩ። ሶማላውያን ከኣ ግዳይ ናይ ዘባውን ኣህጉራውን ኣጀንዳን ምትእትታዋትን ኮይኖም። ኣብ ሶማል መንግስትን መንግስታዊ ትካላትን ስለ ዘየልቦ፡ ክብረት ዘሎዎን ሂወት

ዘውሕስን፡ ርግኣትን ቅሳነትን የልቦን። ሶማላውያን ድማ ናብ ካልእ ኣማራጺታት ንኽማዕድዉ ተገዲዶም። ኣብ ሶማል ባዶነት ብምህላዉ፡ ንረብሓታትን ሃብትን ሶማላውያን ዝከላኸል ዓቕሚ የልቦን፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ሃብቲ ዓሳ እታ ሃገር ኣብ ጥቕሚ ሓይልታት ወጻኢ ይውዕል ኣሎ። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ሶማላውያን ኣደዳ ጥሜት፡ ሕማማት፡ ሸቕለተ ኣልቦነትን ስደትን ኮይኖም። ኣብ ከምዚ ዝኣመአለ ኩነታት ሕግታት ንክኽበሩ ዝሕግዝ ሃውህው ብዘይምህላዉ ድማ ሶማላውያን መንእሰያት ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንኽወድቁ ተደሪኾም። ባህርያዊ ኩነታት ኣብ ዝስኣነሉ እዋን፡ መንፈስ ተስፋ ምቕ‌ራጽ እናዛየደ ይኸይድ፣ ኣብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ናይ ምውዳቕ ተኽእሎ ከኣ ይልዕል። ስለ'ዚ ቐርሰና ሶማላውያን ተጠቀምቲ ሃብቲ ባሕሮም ክኾኑ ብዘይምኽኣሎም ዝተቐልቀለ ተርእዮ እዩ። ገማግም ባሕሪ ሶማል ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽእ ኢንዳስትርያዊ ሓተላ ዝጕሓፈሉ ቦታ ኾይኑ'ሎ። እዚ ፍጻመ'ዚ ልሙድ ተርእዮ ኾይኑ ምህላዉ ዝእመን ሓበሬታ'ሎ። ሶማላውያን ተጠቀምቲ ሃብቶም ክኾኑ ብዘይምኽኣሎምን ኢንዳስትርያዊ ሓተላ ኣብ ገማግም ማያት ሶማል ይጕሓፍ ብምህላውን ቀንዲ ምኽንያታት ቀርሰና'ዮም ማለት ኣይኮነን፣ እቲ ቐንዲ መንቀሊ ቐርሰና ኣብ ሶማል መንግስትን መንግስታዊ ትካላትን ስለ ዘየሎ'ዩ።



እቲ ፍታሕ ኣብ ኢድ ሶማላውያን እዩ ዘሎ፣ ሶማላውያን ጥራይ ከኣዮም ነዚ ጕዳይ'ዚ ዝፈትሕዎ። ነቲ ጕዳይ ንምፍታሕ ብዝተፈላለያ ሃገራት ዝተላእካ ዓበይቲ መራኽብ ኵናትን ዝተራቐቐ ተክኖሎጅን ኣየድልን። እዚ ዝተጠቕሰ መሳርሒታት ንተርእዮ ቐርሰና ከጥፍእ ኣይከኣለን። በንጻሩ እቲ ኩነታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናገደደ ይኸይድ ኣሎ። ብወገንና እቲ መሰረታዊ ፍታሕ፡ ሶማል ከም መጠን ሉኣላዊት ሃገር ሓድነታ ተሓልዩ ሕጋዊ መንግስቲ ቆይሙ፡ ኣድማዒ መንግስታዊ ትካላት ምስ ዝምስረት ምዃኑ ንኣምን። ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት፡ ማለት ቅድሚ ስርዓት ስያድ ባረ ምውዳቑ፡ ሶማል ወተሃደራዊ ትካላት፡ ሓይሊ ባሕርን ዓቕሚ ምክልኻልን ነይሩዋ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከምኡ ዝአመሰለ ስርዓትን መንግስታዊ ትካላትን እንተ ዝነብር ተርእዮ ቐርሰና ኣይመጋጠመን። ሶማል ርግኣትን ሰላምን እንተ ዝሰፍና፡ ዕድላት ስራሕ ምነበረ፡ ሶማላውያን ናብ ስደት ከምርሐ ኣይምተገደዱን ነይሮም። ኣህጉራውያን ኩባንያታት ካብ

ቀርሰና ብተዘዋዋሪ መንገዲ ይረብሓ እየን። ብገማግም ሶማል ዝሓልፋ ንብረት ዝጽዕና መራኽብ፡ እቲ ኸባቢ ጸጥታኡ ዘየተኣማምን ብምዃኑ ልዑል ክፍሊት መድሕን ከም ዝኸፍላ ይግበር። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ከባቢ ድሕነት መራኽብ ንግዲ ንምውሓስ ብዝብል ምኽኒት ከም ብላክዎተር ዝኣመሰላ ብብሕቲ ዝነጥፋ ትካላት ሓይሊ ጸጥታ ኣለዋ። ኩባንያታት መድሕን'ውን ልዑል መጠን መኽሰብ ክሓፍሳ ጀሚረን። ንኣብ ቀርሰና ዝተዋፈሩ መራኽብ ዝጨውዩ ውልቀሰባት ካሕሳ ዝኽፈሎም እንተደኣ ኾይኑ፡ ካልኦት ተመሳሳሊ ተግባራት ንኽፍጽሙ ዘተባብዕ'ዩ። ቀርሰና ንኽቕጽል ዝደፋፍኡ ብዙሓት ወገናት ኣለዉ፣ እቶም ዝያዳ ዝረብሑ ከኣ ዘይሶማላውያን እዮም። ተርእዮ ቐርሰና ክፍታሕ ዝኽእል፡ ኣብ ሶማል ርግኣት ምስ ዝሰፍንን ሶማላውያን ጉዳዮም ባዕሎም ንኽፈትሑ ዕድል ምስ ዝወሃቦምን፡ ሕጋዊ መንግስትን መንግስታዊ ትካልን ምስ ዝቐውምን እዩ። ኣብቲ ከባቢ ዓበይቲ መራኽብ ኵናት ኣመሪካ፡ ፈረንሳ፡ ቻይና፡ ጀርመን ወዘተ... ምውፋር ዘምጽኦ ውጽኢት የልቦን። ኤርትራ ንቐርሰና ካብቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ፓለቲካውን ጸጥታውን ኵነታት ነጺላ ኣይትርእዮን እያ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት ካብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ከይወጻእና፡ ዓበይትን ማእከሎትን ሃገራት ሰላምን ጸጥታን ቀይሕ ባሕሪ ውሕስነቱ ዘተኣማምን ክኸውን ይግባእ ብምባል ላዕልን ታሕትን ክብላ እንከለዋ፡ ሃገራት እቲ ከባቢ ግን እጃመን ከየበርከታ ኣማዕድየን ይዕዘባ ኣለዋ። ኤርትራ ነዚ ተኣፋፊ ጉዳይ'ዚ ብኸመይ ትሕዞ'ላ።**

መልሲ፡- ኤርትራ ንምትእትታው ወጻኢ ኣይትቕበሎን'ያ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ምትእትታዋት ዘይምቕባላ ድማ ብስምዒትን ፓለቲካዊ ምኽንያታትን ኣይኮነን። ሃገራት እቲ ኸባቢ፡ ጉዳያተን ንኽፈትሓ ናጻ እንተ ኾይነን፡ ዓቕምታተን ኣወሃሂደን ብግብራውን ተክኒካውን መዳያት ነቲ ሽግር ክፈትሓኦ ይኽእላ እየን። ናይ ጸጥታ ሽግር እንተ'ሎ ዝተራቐቐ ተክኖሎጅን ዓበይቲ መራኽብ ኵናትን ናብ'ቲ ኸባቢ ብምጕራት ንምፍትሑ ኣይመድለየን። ሃገራት እቲ ኸባቢ ንሓድሕደን ብምትሕግጋዝ፡ ሓገዝ ወጻኢ ከይሓተታ ብዓቕመን ክፈትሓኦ ምኽኣላ። እቶም ኣብ ተግባራት ቀርሰና ተዋፊሮም ዘለዉ ሰባት ብፋይበር ግላስ ዝተሰርሓ ጀላቡ እዮም ዘንሳፍፉ፣ መዳፍዕ ኮነ ካልእ ከበድቲ ኣጽዋር የብሎምን። ፈኰስቲ ብረት ክዓጥቁ ይኽእሉ፣ ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባራቶም ዝገትእ ሓይሊ ስለ ዘየልቦ፡ እቲ ፈኰስቲ ብረት ከድምዕ ይኽእል። ማያዊ ስፍሓት ገማግም ሶማል ምስ መቐጻልታኡ ዝኾነ ህንዳዊ ውቅያኖስ ተደሚሩ፡ መራኽብ ኵናት ብልዑል መጠን ብዝሒ እንተ ተዋፈራ'ውን ንምቍጽጻሩ ዘጸግም'ዩ። ብወተሃደራውን ተክኒካውን ምኽንያታት ኣብቲ ኸባቢ ተጓሪቱ ዘሎ ኣጽዋርን መራኽብ ኵናትን ሽግር ቀርሰና ንኽፈትሕ እንጽበዮ ኣይኮነን። ንሶማላውያን ዕድል እንተ ተዋሂቡ፡ ምስተን ኣብ ከባቢ ቐይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደን ዘለዋ ሃገራት ብምድግጋፍ፡ ንሽግራት ቀርሰና ምፍታሕ ምተኻእለ። እዚ ግን ምስቶም ኣብ ቀርሰና ረብሓ ዘሎዎም ወገናት ዝቃዶ ኣይኮነን። ንቐርሰና ምኽኒት ገይረን ኣጀንዳታተን ኣብዚ ኸባቢ ከተግብራ ዝደልያ ሓይልታት ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምትሕግጋዝ ኣብ ግብሪ ክውዕል ድሌት የብለንን። ዝምልከተን ሃገራት ንምድግጋፍ ፈተነ ኣብ ዝገብራሉ እዋን፡ በተን ኣብ ምጕህሃር ቅልውላው ረብሓ ዘለወንን ኣብ ማያት ከባቢና መራኽብ ኵናት ኣዋፊረን ዘለዋን ሓይልታት ይብደሃ። ኣብ'ዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ማያዊ መስመር ቅልውላውን ዘይምርግጋእን ንክቕጽል ጥቕሚ ዘሎወን ሓይልታት ከም ዘለዋ ክፍለጥ ይግባእ። እዘን ሓይልታት እዚኣተን ኵናት ኣንጻር ግብረ ሽበራን ቀርሰናን ብምክያድ ዘተኣማምን ሃዋህው ክንፈጥር ኢና ብምባል ዘጕባዕብዓ እየን። እዚ መግለጽታት እዚ ብደገ ክስማዕ እንከሎ ሰናይ ዘረባ ይመስል፣ እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ'ዩ። እዚ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን መግለጽታት፡ ቀንዲ ዕላማኡ ኣብ ከባቢና ቅልውላውን ሽግርን ከም ዝቕልቀል

ብምግባር ነቲ ቕልውላው ንምምሕዳር እዩ። እዚ መግለጽታት እዚ ንኸባቢ ቐርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ዝምልከት ዝተወጠነ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምሽፋን ዝቐርብ'ዩ።

**ሕቶ:- ከቡር ፕረዚደንት ኣብ መንጎ ሃገራት ምንጪ ፈለግ ኒልን፡ እቲ ፈለግ ዝሓልፈለን ሃገራትን ዝቕልቀል ምስሕሓባት ኣሎ። መበገሲ እዚ ምስሕሓባት'ዚ እንታዩ? ኤርትራኸ ብኸመይ ትርእዮ?**

መልሲ:– ኣብዚ ተጠቂሱ ዘሎ ኸባቢ ዓሰርተ ሃገራት ኣለዋ። ንሕና ኣብቲ ምትእኽኻብ ከንኣቱ ኣይደለናን። ብዙሕ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው ከም ተዓዛቢ ኣባል ክንኸውን መሪጽና። እዚ ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ ጉዳያት ፖለቲካዊ መልኸዕ ሒዙ ኣሎ። እቲ ዕላማ ኸኣ ኣብ መንጎ ሃገራት ምንጭን መዕለብን ቅልውላው ንምፍጣር'ዩ። ኣብ መንጎ ምስርን ሱዳንን ይኹን እተን ሃገራት ምንጪ ኢና በሃልትን ውዲት ብምእላም፡ ረብሓ ኹሎም ወገናት ዘውሕስ ስምምዕ ምእንቲ ከይብጻሕ`ዩ እቲ ዝድለ ዘሎ። እቲ ብስም ጉዳይ ማይ ኒል ተባሂሉ ዝለዓል ዘሎ ኣርእስቲ፡ መሸፈኒ ናይ ካልእ ኣጀንዳ ኮይኑ፡ ጸቕጢ ብምግባር ኣብ መንጎ ሃገራት ኒል ዘይምቅዳው ንምፍጣር`ዩ። እቲ ዘሎ ዓቕምታት ማይ እንተ ተዓዚብና፡ ዳርጋ ኹለን ሃገራት ከምቲ ዝድለ ኣይተጠቐማሉን ምባል ይከኣል። ብፖለቲካዊ መዳይ ዘይኮነ ብተክኒካዊ ወገን ክንዛረብ እንከለና፡ ትሕተ ቕርጺ ኣዋዲድና ዝብላ ሃገራት እውን ከምቲ ዝድለ ኣይተጠቐማሉን። ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ 20 ዓመታት ንማይ ፈለግ ኒል ከምቲ ዝድለ ኣብ ጥቕሚ ዘውዓለ ወገን ኣይነበረን። በቲ ቕድሚ ሕጂ ዝተገብረ ስምምዓት ዝበዝሐ እጃም ይብጸሓና ዝብላ ምስርን ሱዳንን'ውን ከምቲ ዝድለ ኣይተጠቐማሉን። እታ 80% ካብ ማይ ሰማያዊ ኒል ካብ መሬታ ከም ዝምንጩ እትገልጽ ኢትዮጵያ እውን ንሕርሻ ይኹን ምምንጫው ጸዓት ብ2% ወይ 3% እኺ ኣብ ግብሪ ኣየውዓለቶን። እተን ዝተረፋ ብምሉኣን ትሕቲ 20% ናይ ማይ ኒል ዝምንጭዋ ሃገራት ዝናብን ካልእ ኣማራጽታት ኣሎወን። ማይ ኒል ገዲፍካ ናይ ዝናብ ካልእ ምንጭታትን ኣለወን። ንነፍስ ወከፍ ሃገር ንበይና እንተ ረኣና፡ ኵነታት መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ፡ ነዚ ዓቕምታት'ዚ ኣብ ጥቕሚ ኣውዒላዶ? ንሕርሻ ይኹን ንምምንጫው ጸዓት እቲ ዝድለ ትሕተ ቕርጺ ኣዋዲዳዶ? ዝብል ሕቶታት እንተ ኣቕሪብና መልሱ ኣይፋል`ዩ። ንምምዕባል ሕብረተሰብ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዘሎ ዓቕምታት ካብ ሓደ : ክልተ ወይ ሰልስተ ሚእታዊት ዘይበዝሕ`ዩ። ስለዚ ናይ ብሓቂ ጸገም ማይ ኣሎ ድዩ ዝብል ሕቶ ይለዓል። ብግብሪ ዋሕዲ እንተ'ሎ እተን ሃገራት ምንጪ ይኹና ናይ መዕለቢ ሃገራት ብጽሒትና ኣይረኸብናን ብምባል ግጭት ወይ ምስሕሓብ ክፈጥራ ይኽእላ። እቲ ሓቂ ግን ከምዚ ኣይኮነን፡ ዋሕዲ ማይ ከም ዘየልቦ ርዱእ ነገር ኮይኑ መካትዒ ጉዳይ `ውን ኣይኮነን። ከም ዝመስለኒ እቲ ዕላማ ነናትካ ጕጅለ ወይ ክበብ ንምፍጣር'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ነዚ ጉዳይዚ መዝሚዙ፡ ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ሃገራት ጸቕጢ ክፈጥር ይፍትን ኣሎ። ምስ ገለ ካብተን ሃገራት ኒል ክበብ ብምፍጣር፡ ምስ ጉዳይ ማይ ኒል ርክብ ዘይብሉ ኣጀንዳታት ንምትግባር ይሕልን ከም ዘሎ ብሩህ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት፡ ሓደ ንሱ ዝቈጻጸሮ ቀጽሪ ክምስርት ይሓሰብ ይኸውን። እቲ ሕቶ ግን ኣድላይነት ናይ ከምዚ ዘኣመሰለ ቀጽሪ እንታይ'ዩ? ከምዚ ዓይነት ቀጽሪ ምስ ረብሓታት እተን ሃገራት ከመይ ዝኣመሰለ ሓባራዊ ጥቕሚ ኣሎዎ? ናይ ብሓቂኸ ኣብ መንጎ እዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ምንጪ ብሓደ ወገን፡ ሱዳንን ምስርን በቲ ካልእ ምስሕሓብ ዘልዕል ፍልልያት ኣሎዶ? እዚ ጉዳይ ብፍላጥ ካብ ባዶ ዝተላዕለ'ዩ። ኣብዚ ከባቢ'ዚ ወጥርን ዕግርግርን ምስ ተፈጥረ፡ ብድሕሪኡ ነቲ ቕልውላው ምምሕዳር ይመጽእ። ናይ ማይ ጸገም የልቦን፣ ኣብ መንጎ ሃገራት ምንጭን መዕለብን ኣብ ምክፍፋል ማይ ዝተላዕለ ግጭት የልቦን። ኵሉ'ቲ ነገር ካብ ባዶ ዝተበገሰ'ዩ። ምቹእ ባይታን ሃዋህውን እንተ ዝህሉ እዘን ሃገራት ብሓንሳብ ኮፍ ኢለን ነቲ ጉዳይ ብህድኣትን ልቦናን ዘተ ኽገብራሉ ምኽኣላ። ዘሎ ዓቕምታት ማይ

ንናይ ኩሉ ረብሓ ብዘውዕል መንገዲ፡ ንሕርሻ ይኹን ንኻልእ ጥቕምታት ዝከኣል እዩ። ማያዊ ዓቕምታት ኒል ንኤርትራ ብምድማር ንብምሉኣተን ዓሰርተ ሃገራት ኣኺሉ ዝተርፍ እዩ። ብርእይቶና እዘን ሃገራት እዚኣተን ካብዚ ሕጂ ኣትየንኦ ዘለዋ ደልሃመት ክወጽኣ ይግባእ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ደልሃመት ምጥሓል ነቲ ጉዳይ መሊሱ ስለ ዝሓላልኽ። ምትሕልላኽ ጥራይ ዘይኮነ'ውን ነተን ሃገራት ብዘይምቕላብ ኣብቲ ሕቡእ ኣጀንዳታት ከም ዝኣትዋ ይኾና። እተን ሃገራት ምንጪ ተባሂለን ዝጽወዓ፡ ምስ ሱዳን ይኹን ምስ ምስሪ ኣብ ግጭት ክኣትዋ ረብሓ የብለንን። በንጻሩ እቲ ሃብቲ ማይ ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ኒል ቀኒጠባዊ ዝምድናታት ብምምስራት፡ ነቲ ዘሎ ዓቕምታት፡ ኣብ ረብሓ ኹሉ ህዝብታት ውዒሉ፡ እቲ ተረፍ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ክሰደድ ምተኻእለ። ሃገራት ኣዕራብን ማእከላይ ምብራቕን ኣብ ሃብቲ ማይ ኒል ገንዘባዊ ወፍሪ ክገብራ ምኸኣላ። ካብ ኤውሮጳን እስያን ወፍርታት ንኽመጽእ ዕድል ምነበረ። በዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ሃገራት ምንጭን፡ መዕለብን ፈለግ ኒል ዝነብሩ ወለዶታት ዝረብሑሉ ዕድል ክኽፈት ምተኻእለ ነይሩ። ኣብዚ እዋን`ዚ ግን እቲ ጉዳይ ኣብ ምንቛትን ፖለቲካዊ ሕልኽላኻትን ዘንቢሉ ኣሎ። ሃገራት ኒል ኣብ ነንሓድሕደን ከምዚ ዘኣመሰለ ምስሕሓብ ኣየድልየንን እዩ። ንረብሓታት ናይ ሎምን መጻእን ወለዶታት ዘይጠቅም ጥራይ ዘይኮነስ ትርጉም እውን የብሉን።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ምስ ማዕከናት ዜና ዓረብ ኣብ ዝገበርካዮ ቃለ መጠይቕ፡ ጉዳይ ኒል ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ክተኣሳሰር ኣይግባእን ብምባል ምኽሪ ትህብ ኔርካ። ብግብሪኸ ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ዝተኣሳሰረዶ ይመስለካ?**

መልሲ፡- ንኹሎም ወገናት ዘጠቓልል መኣዲ ዘተ ክህሉ ይግባእ። ኣብ ባእስን ምስሕሓባትን ብምእታውን፡ ነቲ ጉዳይ ብምምዝማዝን ፖለቲካዊ ጥቕምታት ምርካብ ምፍታን ትርጉም የብሉን። እቲ ዝሓሸ ፍታሕ፡ እተን ዝምልከተን ሃገራት ብሓደ ኮፍ ኢለን ብህድኣንት፡ ልቦናን ውድዓውነትን ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ዘትየን ንረብሓ መጻኢ ወለዶታት እንተ ኣውዓለኦ'ዩ።

ብየዋህነት ይኹን ብዘይምርዳእ ኣብቲ መጻወድያ ብምእታው እቲ ምስሕሓብ ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ይግለጽ ኣሎ። ሓቂ'ዩ ማዕከናት ዜና፡ ናተን ኣዎንታዊ ተራ ኣለወን፣ እንተኾነ ኣሉታዊ መዳያት እውን ስለ ዘሎወን ክንጥንቀቐለን ይግባእ። ማዕከናት ዜና ብዘይምስትውዓል ኣብ ጸርፍን ኣብ ዘይድለ ዘረባታት ከም ትጥሕል ስለ ዝገብራ፡ እቲ ቁም ነገር ጐሊሑ ኣይግለጽን። ሃገራት ፈለግ ኒል ንሕቶ ማይ ኒል ከም ፓለቲካዊ ጉዳይ ክቕርብዎ ኣይግባእን፣ እዚ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ሕቶ ማይ ኒል ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ምትሕንፋጹ፡ ናብ ካልእ ዘየድሊ ሓደገኛ ኣንፈት ከም ዝወስድ ኩሉ ሰብ ክግንዘቦ ይግባእ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ መረዳእታ ካብ ናይ ቀደም ዝሓሸ'ዩ። ግዜ እናተናውሐ ብዝኸደ፡ ብዙሓት መንግስታትን ትካላትን ናብ መጻወድያ ንኸይኣትዋ ነቲ ዝእለም ዘሎ ስቱር ወዲት ከስተውዕላሉ ጀሚረን ኣለዋ። ስለ'ዚ ኣብ ምንጭን ማዕልቦን ዝርከባ ሃገራት ኒል፡ ኣብቲ ተጻዊዱለን ዘሎ መፈንጠራ ንኸይኣትዋ ክጥንቀቓ ይግባእ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት ኣብ መንጎ ኤርትራን ሃገራት ኣዕራብን ብሓደ ወገን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን እስራኤልን በቲ ኻልእ ዘሎ ዝምድና ብኸመይ ይረአ? ሓደሓደ ፖለቲከኛታትን ማዕከናት ዜናን ዓረብ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሽነካት ምትእስሳር ከም ዘሎ ይገልጹ። እዚ ካብ እንታይ ብምብጋስ'ዩ?**

መልሲ፡- እዚ የዋህነት`ዩ ዝመስል። ንሕና ብዙሕ ደኺምናሉ ኢና። ትማሊ ትማሊ ኣብ ኣኼባ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ኮፍ ኢልና እንከሎና ንጉዳይና ኣልዒሎም ይዛረቡ ነይሮም። ካብ ወርሒ

ከም ዝመጻእና ዘምስል ኣቀራርባ ነይሩ። ከስትውዓል ዝግባእ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ናይ ዓረብ ጥራይ ኣይኮነትን። ሓያሎይ ኣባል ሃገራት ኣብ ኣፍሪቃ ስለ ዝርከባ፡ ዓረባዊትን ኣፍሪቃዊትን ማሕበር ብምባል ክትስመ ይግባእ ነይሩ። ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ኣባል ስለ ዝኾና ኣፍሪቃውያን ኣይኮናን ምባል ብስነ-መጐት ቅቡል ኣይኮነን። ዓረብ ወይ ከኣ መምዘኒ ኣባልነት እቲ ማሕበር ምስ ኰነታት መበል 21 ክፍለ ዘመን ክሳነ ይግባእ። እዚ ሕጂ ዝስረሓሉ ዘሎ ኣገባብ ግዜኡ ዘሕለፈ እዩ። ኣነ ብንጹር ሓቢረ'የ። ንሕና ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን መንነት ክንረክብ ወረቐት ፍቓድ ኣየድልየና እዩ። ባህልና፡ ታሪኻዊ ህላወናን፡ ኣብዚ ኸባቢ ዘሎንና ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣን ባዕሉ ይምስክር። ከምዚ ዘኣመሰለ ጉዳይ ብስምዒት ክፍጸም ኣይግባእን። እዚ ሽግር እዚ ኣብዚ ዘሎ ጸገም እዩ። እተን ብኣድማዕነት ክሰርሓ ዝግብአን ሓይልታት ቁም ነገር ስለ ዘይገበራ፡ ቀንዲ ጉዳይ ሃገራት ኣዕራብ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ኣሎ። እቲ ክትዕ ብዛዕባ ትርጉም ዘይብሉን ንኣሽቱ ጉዳያትን ኮይኑ። ረብሓታት ዘውሕስ ምትእኽኻብ የልቦን። ኣብ መንጎ እዘን ሃገራት ምውህሃድን ምምልላእን እንተ ዝህሉ እዚ ከባቢ'ዚ ብዘይምግናን ኣህጉራዊ ሓይሊ ክምስረት ምበቕዐ ነይሩ።

**ሕቶ፡- እዚ ከባቢ ክትብል እንክሎኻ ሃገራት ኣዕራብ ማለትካ ድዩ?**

መልሲ፡- እወ ሃገራት ኣዕራብ። እዚ ኸባቢ እዚ ካብ ናይ ዓለም ጠቕላላ ስፍሓት ሓሙሽተ ሚእታዊት ዘይበዝሕ ስፍሓት ሒዙ ኸነሱ፡ ልዕሊ ሱሳ ሚእታዊት ካብቲ ዕቑር ነዳዲ ዓለም ይውንን። እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ናይ ዓለም ጂዮ ስትራተጂ፡ ተኣፋፊ ቦታ ሒዙ ይርከብ። እዚ ኾይኑ ግን ሎሚ ንሕና ኣበይ ኣለና? ንሕና ኽብል እንክሎኹ ዓረብ ንኹን ዘይዓረብ ኣፍሪቃዊ ንኹን ወይ ሰሜናዊ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ወይ ደቡብ ወይ ማእከል ብምጥቕላል'የ። እቲ ዝገርም ነገር ብፍልላጥ ይኹን ብየዋህነት፡ ካብቲ ናይ ሓባር ጉዳያት ብምውጻእ ምስ ሓባራዊ ረብሓታት ናይዞም ህዝብታትን ሃገራትን ርክብ ኣብ ዘይብሉ ንኣሽቱ ጉዳያት ብምልዓል ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያት ምትእስሳሮም'ዩ። እዚ ድማ ናብ ትርጉም ዘይብሉ ጓል መንገድን ክትዕን የእቱ። ኣብነት ናይቲ ፍረ ኣልቦ ክትዓትን ሕቶታትን ንስኻ ዓረብ ዲኻ? ወይስ ኣይኮንካን? ኣባል ማሕበራ ሃገራት ኣዕራብ ዲኻ? ወዘተ … እዮም።

ብመሰረቱ ኣብ ክንዲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዕንክሊል ምእታው ኣብ ኣገደስቲ መትከላት፡ ብውድዓዊ መንገዲ ምዝታይ ይግባእ። ሃገራት እዚ ከባብን ኩሎም ኣዕራብን ንገዛእ ርእሶም ክሓቱ ታሪኻዊ ግዴታ ኣሎዎም። ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ኣበይ ኣለና? ኣብ ማእከላይ ክፍለ ዘመን ንነብር ዲና ዘለና? ዝብል ሕቶታት ክልዕሉ የድሊ። ምስቲ ሕጂ ንዓለም ኣጋጢምዋ ዘሎ ፋይናንስያዊ ቅልውላው እቲ ዕድል ንሃገራት ኣዕራብ ምስ ግዜ ዝሑል ኩናት ወይ መወዳእታ 20 ክፍለ ዘመን ብምንጽጻር ሕጂ ዝሓሸ'ዩ ዘሎ። ስለዚ እቲ ክትዕ ካብዚ ኩርናዕ`ዚ ክብገስ ይግባእ።

ንጉዳይ ዓረብን እስራኤልን ብዝምልከት እቲ ጉዳይ ናብ ዕጹው ማዕጾ በጺሑ ኣሎ። ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ሓዲሽ ነገር የልቦን። ካብታ ስምምዕ ኦስሎ ዝተፈረመትላ ዕለት ርእይቶና ገሊጽና ኢና። ነቲ ተዋስኦ ካብ መጀምርታ ንከታተሎ ስለ ዝነበርና፡ እቲ ኣገባብ ከም ዘየዋጽእ ሓቢርና። ሓደ ግዜ ወይ ክልተ ወይ ድማ ሰለስተ ግዜ ምግጋይ የጋጥም'ዩ። ብድሕሪኡ ግን ኣብ ጌጋኻ ምቕጻል የዋህነት'ዩ። ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ዘተ ሓዲሽ ነገር ኣይርከቦን'ዩ። ኣብዚ ዘሎ ውሁብ ኩነታት፡ ቁም ነገር ዘለዎ ዘተ ክካየድ ኣይንጽበን። ዘተ ውጽኢት ከም ዘይብሉ ዝፍለጥ እንተደኣ ኮይኑ ስለምንታይ ይቕጽል? ምቕጻሉኸ ንረብሓ እስራኤል ድዩ ንረብሓ ዓረብ? ንናይ ክልቲኦም ረብሓ ኣይኮነን። ህላወ እስራኤል ኣብዚ ኸባቢ ብግብሪ ኣሎ። ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ኳ


እንተኾነት፡ ብዙሓት ሃገራት ኣዕራብ ብወግዒ ኣይፈልጥኣን። ኣብዚ ከባቢ ንምንባር ዝሕግዝ ዝሓሸ ኣማራጺ እንታይ`ዩ? እዚ ቅልውላው’ዚ ንዓቕምታት ህዝብታትን ሃገራትን ዓረብ እናኣህለኸ ንወሎዶታት ዝመሓላለፍ መወዳእታ ዘይብሉ ሕልኽላኻት ብምፍጣር ንዘለኣለም ክቕጽል ድዩ? ኣብ መጀምርታ ተስዓታት ይዝከረኒ ምስ ፍልስጤማውያን ተሰሓሒብና ኔርና፣ ቅድሚኡ እውን ዘይምርድዳእ ነይሩና። ብግልጺ ዘተ ኦስሎ ንቕድሚት ከም ዘይስጉም ገሊጽና። በዚ መሰረት መንግስቲ ራማላ ትርጉም ስለ ዘይነበሮ ኣይፈለጥናዮን። ኣብዚ እዋን`ዚ ፍልስጤማውያን ኲላቶም ኣዕራብን መንግስቲ ራማላ ትርጉም ከም ዘይብሉ ኣሚኖም ኣለዉ። እቲ ንፍልስጤማውያን ስምምዕ ኦስሎ ንኽፍርሙ ዘገደዶም ምኽንያት እንታይ`ዩ? ስምምዕ ኦስሎ ብመሰረቱ ዕላማኡ እንታይ’ዩ? ሃገረ ፍልስጤም ንምቛም ተስፋ ነይሩ ድዩ? ኣብዘን ዘሓለፋ ዓመታት እተዓዘብናዮ፡ ሓሓሊፎም ሓዲሽ ምህዞ ምምጻኦም’ዩ። ክትነብር እትኽእል ሃገረ ፍልስጤም ይብሉ፣ ጸኒሖም ድማ ክልተ ሃገራት ብሓንሳብ ምንባር ይብሉ፣ ሳልሳይ ግዜ ካኣ ሓድሽ ቅጽል ይመሃዝ፡ እዚ ኣገባብ’ዚ ከም ዝመስለኒ ንህዝብታትን ሃገራትን እዚ ኸባቢ ምንዓቕ’ዩ። እቲ ዕላማኡ ቕልውላው ከይተፈትሐ ግዜን ዕድላትን ንምጥፋእ’ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ መጀመርታ 21 ክፍለ ዘመን፡ ሃገራት ኣዕራብ ሓባራዊ ስትራተጅያዊ ረቛሒታትን ናይ ሓባር መረዳእታን ምእንቲ ኽህልወን ሓሳባተን ዳግም ብምኽላስ ፍጻመታትን ምዕባለታቶምን ብዝግባእ መንገዲ ክግምግማ የድሊ። ንስም ኤርትራ ብምልዓል ሓንሳብ ምስ እስራኤል፡ ጸኒሕካ ድማ ምስ ኢራን ሳልሳይ ምስዚ ወይ ምስ ካልእ ወገን ምትእስሳር ዘስሕቕ ነገር’ዩ። ብሓጺሩ ክብሎ ዝደሊ ንሕና ንመሸጣ እንወርድ ኣይኮናን። ምስ ዝኾነ ወገን ከኣ ምስሕሓባት ኮነ ንግዲ የብልናን። ኣብ ልፍንቲ ምስዚ ወገን’ዚ ወይ ምስቲ ኣይንኣቱን ኢና። ንሽምዚ ዓይነት ዘረባታት ዝደጋግም ወገን ድማ ኣብ ናቱ ስነ-መጐት ኣይንኣቱን ኢና። ከምዚ ዓይነት መግለጺ ፖለቲካዊ ብስለት ዝጐደሎ’ዩ። ኤርትራ ንእሽቶይን ሓዳስን ሃገር እያ፣ ኣብ መጀምርታኣ እያ ዘላ። ዝኾነ ወገን መንነት ክህበና ኣይንደልን። ካብቶም ዘለዉ ልፍንታት ወይ ምትእኽኻባት ኣብ ዝኾነ ክንኣቱ ኣይንደልን። ኤርትራ እትደልዮ ነገር እንተሎ ርግኣትን ምዕባለን ናይዚ ከባቢ’ዩ። ብውልቀይ ኣብዚ ኸባቢ እንታይ ትምነ ብምባል እንተ ተሓቲተ፡ ኲላተን ሃገራት ሰሚረን ዘሎወን ዓቕምታት ኣወሃሂደን፡ በቲ ዘሎወን ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓንቲ ካብተን ርእሰ ሓያላን ሃገራት ዓለም ክኾና ምተመነኹ ምበልኩ ነይረ። እዚ ኣብ ግብሪ እንተ ውዒሉ፡ ናይዚ ኸባቢ ርእሰ ሓያላን ካብ ቻይና፡ ህንድን ጃፓንን ከምኡ’ውን ካብ ኤውሮጳ ዝሓየለት ክትኸውን ትኽእል ኢያ። ኤውሮጳ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ፋይናንስያዊ ሽግራት ጥሒላ ኣላ፣ ኣብ ቀረባ እዋን ንኽትገላገል እውን ትጽቢት የልቦን። ስለዚ እቲ ዕድል ናይዚ ኸባቢ’ዩ። እቲ ዝድለ ዓቕምታት ኣሎ፣ እዚ ኸባቢ ኣብ ናይ ዓውለማ ስርዓት ኣገዳሲ ስትራተጅያዊ ኣቀማምጣ ሒዙ’ሎ። ነዚ ክንጥቀመሉ ምተገብኣ። ብኣተሓሳስባ ማእከላይ ክፍለ ዘመን ምንባር ግን ፋይዳ የብሉን። ብዛዕባ ዓረባውነት፡ መን ኣባል ማሕበር ሃገራት ኣዕራብ ኮይኑ መንከ ዘይኮነ? መን ምስ መን ኣሎ? ኣብ ኣየነይቲ ልፍንቲ ወይ ኪዳን ኣለኻ? ዝብል ዘረባታት ትርጉም የብሉን። ንኤርትራውያን ድማ ኣየድልየናን’ዩ።

ንእስራኤል ብዝምልከት ብናተይ ርእይቶ፡ እስራኤላውያን በቲ መዓልታዊ ንዕዘቦ ዘለና ምዕባለታት በዚ ሕጂ ዝኸድዎ ዘለዉ መንገዲ፡ ናብ ናይ መጻኢ ወለዶታት ጥፍኣት እዮም ዘምርሑ ዘለዉ። ምናልባት እዚ ዝኽተልዎ ዘለዉ ፖሊሲታት ንክቕጽሉ ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎ ኣህጉራውን ዞባውን ሃውህው ሓጊዙዎም ይኸውን። ብሽምዚ ምቕጻል ግን ናብ ጥፍኣት እስራኤላውያን’ዩ ዘምርሕ። እስራኤላውያን ናብዚ ዝኽተልዎ ዘለዉ ኣገባብ ቅድሚ ምቕጻሎም ብዕትበት ክሓስቡ ይግባእ። ሓቂ’ዩ ኣብዚ እዋን’ዚ ናይ ዓረብ ምድኻምን ምጕጅጃልን ይረአ’ዩ፣ ንእስራኤላውያን ዝሕግዝ ኣህጉራዊ ኾነታት እውን ኣሎ። እቲ እስራኤላውያን ዝኽተልዎ ዘለዉ ፖሊሲታት ግን ኣብዚ ኸባቢ’ዚ ንረብሓታቶም ዘገልግል ኣይኮነን። እስራኤላውያን ኣብዚ ኸባቢ

ክህልዉ እንተ ኾይኖም ምስ ህዝብታት እዚ ኸባቢ ምንባር ዝሓሸ ኣማራጺ’ዩ። እዚ ኣማራጺ’ዚ ድማ ናቱ ጠለባት ስለ ዘሎዎ እስራኤላውያን ክፍጽምዎ ይግባእ። ነዚ ሕጂ ዘሎ ንእስራኤላውያን ላዕለዋይ ኢድ ዝህብ ኩነታት ዓለም ተመርኲስካ ምኽድ ግን ንረብሓታት እስራኤል ዘየገልግል`ዩ። ጉዳያት ብልቦና ፍታሕ ክርከበሎም ይግባእ፣ በዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ኣብ ክልተኦም ወገናት ዘሎ ኣረኣእታት ንመጻኢ ተስፋ ዝህብ ኣይመስልን። ብቐጻሊ ሓዲሽ ፈተነ ሰላም ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ንነፍስኻ ምቕሻሽ`ዩ። እስራኤላውያን ይኹኑ ዓረብ ኣብ ጥቕሚ ዘይብሉ ዘተ ሰላም ዕንክሊል ምባል ነዚ ዘሎ ወለዶ ኾነ መጻኢ ወለዶ ዝጠቅም ኣይኮነን።

※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※※

**Part 4 Interview with President Isaias Afwerki ቃለ መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ራብዓይን ናይ መወዳእታን ክፋል**




**ቃለ መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ**

**ራብዓይን ናይ መወዳእታን ክፋል**

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ መርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት ኤርትራ፡ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መጠይቕ፡ ኣብ ራብዓይን ናይ መወዳእታን ክፋል’ቲ ቓለ-መጠይቕ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ፓለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ ወዘተ … መዳያት ንኽይትምዕብል ዝዓንቀፍዋ ረቛሒታት ኣብሪሁ። ብመርበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ ዝተዘርገሐ ሓበሬታ፡ እቲ ሰነዳት ሓድሽ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ንብስም ዲፕሎማሲ ዝካየድ ጥበብ ሓሶትን ምድንጋርን ኣብ ምቕላዕ ግደ ከም ዘሎዎ ኣገንዚቡ። ከምኡ’ውን ዓለምና ምውዳቕ ሕብረት ሶቭየትን ምድያብ ኣመሪካ ከም እንኮ ልዕለ-ሓያላንን ምንቍልቋልን ከም እተዓዘበት ገሊጹ። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ መድረኽ ኩናትን ዕብለላ ሓደ ልዕለ-ሓያላን ዘብቅዓሉ ግዜ ይኸሰት ምህላዉን፡ ዓለምና ብፍሉይ ዳይናሚካዊ ረቛሒታት ዝመሓደር ኣብ ሓድሽ መድረኽ ንምእታው ትቀራረብ ከም ዘላን ኣብሪሁ።

ፕረዚንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዛዕባ ግጭት ስነ-ሓሳብ ከም ዘብቀዐ፡ ታሪኽ ኣብ መወዳእታ መድረኽ ከም ዝኣተወ ከምኡ’ውን ግጭት ናይ ስልጣነታትን ሃይማኖታትን ከም ዝተጀመረ ዝገልጽ ስነ ሓሳባት ርእይቶኡ ተሓቲቱ ብዛዕባኡ ትንታነኡ ኣቕሪቡ። ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት ኤርትራ፡ ርእይቶታት ንምልውዋጥን ሓሳባት ንምዝርጋሕን ብቑዕ መድረኽ ንክኸውን ከኣ ምንየቱ ገሊጹ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ካብ መጀመርያ ሱሳታት ጀሚራ ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ልዑል ግደ ዝጻወት ሓይሊ ንኽትምስርትን መንገዲ ልምዓትን ሓድነትን ንኽተደንፍዕን ክትጽዕር ጸኒሓ፣ እንተኾነ ክሳዕ’ዚ እዋን’ዚ ኣይቀንዓን። ስለምንታይ’ያ ክትዕወት ዘይከኣለት?**

መልሲ፡- እቲ ሽግር ናቱ ምልክታትን ሳዕቤናትን ብዘየገድስ፡ ካብ ፍሉይ ኩነታት ኣፍሪቃ ዝተበገሰ’ዩ። ኣፍሪቃ ኣብ ዓለም ዝደሓረት ክፍለ ዓለም’ያ። ኣፍሪቃ ኣብ ዓውለማ ኣይትጥቀስን፣ ኣብ ቍጠባውን ማሕበራውን መዳያትን ትካላዊ ምዕባለን ንድሕሪት ተሪፉ’ላ። ኣፍሪቃ ከም ጥረ ነገራት ዘሎዋ መሬት ጥራይ’ያ እትፍለጥ። ህዝባ ኣገዳሲ ወይ ተሰማዕነት ዘሎዎ ባእታ ክኸውን ኣይከኣለን። እዚ ሓቅ’ዚ ፍሉጥን ኩሉ ዘስተብህለሉን ጉዳይ’ዩ። ስለምንታይ’ዩ ከም’ዚ ክኸውን ዝኸኣለ? ጠንቂ ዝተፈላለዩ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ምኽንያታትን፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ለውጥታት ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ብዘይምብጽሖምን’ዩ። ኣብ ሱሳታት እቲ ዝሓለፈ ኽፍለ ዘመን፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት ቅልጡፍ ምዕባለ ንኽምዝገብ ዝብህጉ መራሕትን ህዝብን ነይሮም’ዮም። እንተኾነ ኹሉ ዝተሃቀነ ፈተነታት ክዕወት ኣይከኣለን። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ሰላሳን ሽውዓተን ዓመታት እኳ እንተ ጸንሐ፡ ዕዉት ስራሕ ንምስራሕ ኣይበቕዐን። ባህግታት ኣፍሪቃውያን ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ፡ ድልየትን ስምዒትን ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ። እተን ንዓቕምታት ኣፍሪቃ ዝቈጻጸራ ዝነበራ ገበትን ዓብለልትን ኣህጉራውያን ሓይልታት፡ ኣፍሪቃ ንኽይትምዕብል ኣሉታዊ ተራ ነይርወን’ዩ። እዘን ሓይልታት እዚኣተን ዕላማኣን ኣፍሪቃ ኣካል ናይቲ ዓለማዊ ቍጠባ ከይኮነት፡ ንጥረ ነገራታን ዓቕምታታን ኣብ ረብሓኣን ከም ዝውዕል ንምግባር’ዩ ነይሩ።

ከምኡ’ውን ኣብ ስልጣን ዝነበራን ዘለዋን ኣፍሪቃውያን ስርዓታት ለውጢ ዘየምጽእ ሓደ ዝዓይነቱ ኣገባብ ኣሰራርሓ ስለ ዘዘውትራን መቐጸልታ መግዛእትን ሓድሽ መግዛእትን ብምዃነንን ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ ኮይነን’የን። ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ግስጋስን ምሉእ ናጽነትን ንምስፋን ዘገልግሉ ስነ ሓሳባት ይቕልቀሉ ነይሮም’ዮም። ዝሑል ኲናት ምስ ተወደአ ግን እናቕሃሙ ከይዶም። ኣፍሪቃ ዝሑል ኲናት ምስ ተዛዘመ ነቲ ዕድል’ቲ ክትጥቀመሉ ምተገብአ ነይሩ። በቲ ዝነበረ ፓለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት፡ ዓለም ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን። ልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ሓሊፉ፣ ኣፍሪቃ ዝረአ ቍጠባዊ ምዕባለ ዘይምምዝጋባ ዘገርም’ዩ። እዚ ኹነት’ዚ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓቂ ቍጠባ ኣሎዶ? ዝብል ሕቶ ከነልዕል ይድርኸና። ብኣረኣእያይ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ቀጠባ ዝበሃል የልቦን። ኣብ ምዕራብ ኮነ ኣብ ምብራቕ፡ ኣብ ሰሜን ኮነ ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ብቍጠባዊ መዳይ ክረኣ እንከሎ፡ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ስለዚ ብዛዕባ ልምዓትን ቍጠባዊ ምዕባለን ምዝራብ ትርጉም ዘሎዎ ኣይኮነን። ኣብ ስልጣን ዘለዋ ስርዓታት ኣፍሪቃ’ውን ባዕላተን ዝምስክራኦ’የን። ኣፍሪቃ ሎሚ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ዕንክሊል ኣትያ ኣላ። ኣብ ገለ ሃገራት ምርጫ ተኻዩዱ፣ ኣብ ካልእ ሃገር ዕልዋ መንግስቲ ተገይሩ ወዘተ ... ዝብል ዜና ብቐጻሊ ይስማዕ።

ብሓቂ ንምዝራብ፡ ኣፍሪቃ ገና ናጽነት ኣይጨበጠትን ኣላ። ናጽነት ከም ስያመ መጺኡ'ምበር ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ስለ'ዚ ኣፍሪቃ ገና ኣብ መግዛእቲ'ያ ዘላ። ናይ ሓድነትን ምምልላእን ኣልያ ወይ መካኒዝም ክትፈጥር ኣይከኣለትን። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣይጠቐመን። ሓንቲ'ኳ ኣየፍረየን ብምባል እቲ ውድብ ከም ዝቕየር ተገይሩ። ኣፍሪቃዊ ሕብረት ተቐልቂሉ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ'ውን ኣብ መበል ዓስራይ ዓመቱ ይኣቱ'ሎ፣ብዘይካ ስም ብዙሕ ኣየድመዐን። ኣብ ቍጠባውን ንግዳውን መዳያት ምትሕግጋዝ የልቦን። ወፍሪ ኾነ ትሕተ ቕርጺ ኣይሰጕመን። ኣብ ቅልውላው ኢና ንነብር ዘለና። ዋዕላታትን ርክባትን ኣብ ዝግበረሉ እዋን፡ ቀንዲ ዛዕባ ቕልውላው፡ ኣፈታትሓን ምክልኻልን ቅልውላውን'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ዘለኻዮ ምቛም እምበር ንቕድሚት ወይ ንድሕሪት ምስጓም የልቦን። ብኣጠቓላሊ ኣፍሪቃ ኣካል ናይቲ ኣብ ዓለም ዝረአ ዘሎ ፓለቲካዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን ለውጢ ኣይኮነትን። ሓድሽ ወለዶ መጺኡ ነዚ ዝድለ ዘሎ ለውጢ የምጽእ ይኸውን። ኣብ ነፍስ ወከፍ ከባቢ እንተ ተዓዘብና፡ ነቲ ኹነታት መን ይቈጻጸሮ፡ መን'ዩኸ ተጠቃሚ እቲ ሃብቲ ዘሎ? እቲ ህዝቢ ካብቲ ዘሎ ጸጋታት ይጥቀምዶ? እቲ መልሲ ኣይፋሉን እዩ። እቲ ጕዳይ ዕቱብ መጽናዕቲ ዘድልዮ'ዩ። ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኣፍሪቃ ዕቃበታትን ርእይቶታትን እኳ እንተ'ሎና፡ ኣብኡ ንዋሳእ ኣለና። ተስፋ ዝህብ ኣንፈት ክሳዕ ሕጂ ተሳኢኑ'ሎ። እንተኾነ ወድ ሰብ ተስፋ ቖሪጹ ክድቅስ ኣይግባእን።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብዚ መወዳእታ እዋን ብመረበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ ዝወጸ ሰነዳት ኣብ ዲፕሎማሲ ዝጥቀሙሉ ጥበብ ድርብ መለከዒታት ኣቃሊዑ ኣሎ። እዚ ድማ ብዕሊ ሓደ ነገር ምባል፡ ብሕቡእ ድማ ካልእ ኣንጻሩ ምግባር፡ ከም ዲፕሎማሲ ተባሂሉ ይግለጽ። ነዚ ተርእዮ'ዚ ብኸመይ ትትንትኖ?**

መልሲ፡- ዊኪሊክስ እንታይ ሓዲሽ ነገር ኣምጺኡ? ዊኪሊክስ ሓዲሽ ነገር ኣይፈጠረትን፣ ንሕና ድማ ካብ ዊኪሊክስ ሓዲሽ ነገር ኣይፈለጥናን። ዊኪሊክስ ዝረጋገጾ፡ ዲፕሎማሰኛ ምኳን፡ ኣብ ሓሶትን ምድንጋርን ልዑል ጥበብን ክእለትን ክህልወካ ከም ዘሎዎ'ዩ። ንሰባት ኣደናጊርካ ጕዳያት እንተ ኣሳሊጥካ ዲፕሎማሰኛ ኢኻ ማለት`ዩ። ስለዚ ዊኪሊክስ ሓዲሽ ነገር ምሂዛ ዘይኮነስ፡ ዲፕሎማሲ ናይ ብሓቂ እንታይ ምኳኑ ኣቃሊዓ። ዲፕሎማሲ ዝበሃል ምድንጋር ማለት`ዩ። እቶም ንዲፕሎማሲ ከም ሓደ ረቂቕ ጥበብ ወይ ሽግራት ንምፍታሕ ፍቱን ኣገባብ ዝወስዱዋ ዝነበሩ፡ ዊኪሊክስ ኣተሓሳስባኦም ቀዪራቶ። ዲፕሎማሲ ብልሙድ መረዳእታ እንታይ ምኳኑ ክርደኦም ጀሚሩ። ስለዚ ዲፕሎማሲ በቲ ዝግባእ ሓቀኛ ትርጕም ክግለጽ ይግባእ። ቅድሚ ሕጂ ሰብ ይገርሞ ነይሩ፣ ስለምንታይ ከምዚ ተገይሩ? ስለምንታይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጕምቲ ተወሲዱ? ሕቡእ ኣጀንዳ ኣሎ እናበሉ ሕቶታት የቕርቡ ነይሮም። እዚ ድማ ከም ትንቢት ወይ ምትንታን ዘይኮነስ፡ ካብቲ ዝረአ ዝነበረ ፍጻመታትን ምዕባለታትን ትምህርቲ ምቕሳም'ዩ ነይሩ። ዓለም ኣብ ግጉይ መንገዲ ትኸይድ ከም ዘላ ኣብ መደምደምታ ምብጻሕ ባህርያዊ ነይሩ። በተን ንሕና ዲሞክራስያውያን ሓይልታት ኢና በሃልቲ ዝግለጽ ዝነበረ ምድንጋር ምስ ግብረን ዘይቃዶ ተግባራት ኮይኑ ኸቃላዕ ጀሚሩ። እቲ ሓቂ ዲፕሎማሲ ይኹን እቲ ምእንቲ ተግባራቶም ንምምኽናይ ወይ ገበናቶም ንምሽፋን ዝወሃብ መግለጺታት ሓሶት ከም ዝነበረ ተቓሊዑ ኣሎ። ብዙሓት ሰባት ጥርጣረታትና ቅኑዕ'ዩ ነይሩ፣ ጕዳያት በቲ ዝበሃልን ዝደጋገምን ሓሶት ዘይኮነስ፡ በቲ ናይ ብሓቂ ስእሎም ክነንብቦ ይግባእ ክብሉ ጀሚሮም። ንህዝብታት ሰፊሕ መረዳእታ ፈጢሩሎም። ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ህዝብታት ዝተፈጸሙ ማእለያ ዘይብሎም ገበናትን ነውራም ተግባራትን ብሰነዳት ናይቶም ገበነኛታት ታቓሊዑ ኣሎ። ስለዚ እቲ ዝበሃል ዝነበረ ሓሶትን ምድንጋራትን ምስቲ ኣብ ግብሪ ዝረአ ዝነበረ ተግባራት ዘይስማማዕ'ዩ።

ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝተለምደ ምድንጋራትን ሽጣራታትን ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ከገልግል ኣይክእልን'ዩ። ዲፕሎማሲ በቲ ቕድሚ ሕጂ ዝለመድናዮ መረዳእታ ዘይኮነስ፡ ሓድሽ መረዳእታ ከም ዘሎዎ ኣበየ ከባቢኡ ዝነብር ህዝቢ ክስተውዕል ጀሚሩ። በቲ ኻልእ ወገን ንሕና ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ስለ ዘለናን፡ ዘመነ ተክኖሎጂ ስለ ዝኾነን ብዙሕ ነገራት ብልምዲ ዝተቐበልናዮም ሎሚ ተቐዪሮም ኣለዉ። እቲ ኹናት ናይ መን ሚሳይላት ይውንን? መንከ ቢልዮናት ዶላራት ይውንን? ዘይኮነስ መን ሓበሬታ ይውንን? እቲ ሓበሬታኸ ብኸመይ ይትርጐምን ብኸመይ ይትንተን እዩ። ናይ ምውድዳር ዕድላት ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝሓሸ'ዩ ዘሎ፣ ምኽንያቱ ሕጂ ዘሎ ኹናት ናይ ሓንጎል ኲናት ስለ ዝኾነ። ድኹማት ዝተባህሉ ነቶም ሓያላት ክወዳደሩ ይኽእሉ'ዮም። ሓደ ሰብ ጥሙይ ክኸውን ይኽእል፣ ግን ከኣ ኣብ ካልእ ዘይርከብ በሊሕ ሓንጎል ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ናይ ሓንጎል ኲናት ስለ ዝኾነ፡ ነታ ኹናት ከኣትዋ ይኽእል። በዚ ድማ እቲ ዕድል ናይ ርኹባትን ሰብ ገንዘብን ቅልጽምን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኲሉ ብማዕረ ዕድል ይረክብ። ሎሚ እቶም ዝያዳ ዝማሃሩ ምስ ኢሌክትሮኒካዊ ኹናት (ሳይበር ዎር) ዝላለዩ እቶም ሓንጎል ዘለዎም ጥራይ'ዮም። ሕሳብ ዝተማህረ ኸመይ ገይሩ ፕሮግራሚንግ ከም ዝገብር ዝፈለጠ፡ ናብ ሚስጢራዊ ሰነዳት ክሰሉኽ ይኽእል። እቲ ዕድል ክፉት'ዩ ኣብ ቅድሚኡ። ኲሉ ሰብ'ውን ከስተውዕል ጀሚሩ። ሚስጢራት ኣብ ሳጹን ወይ ኣብ ዝኾነ ካልእ ቦታ ክሕባእ ኣይከኣልን'ዩ። ብኣፍካ ገለ ተዛሪብካ ብግብሪ ግን ካልእ ኣንጻር ነገር ምግባር ዝከኣል ኣይኮነን። ዓለም ከምቲ ዝለመድናዮ ስእሊ ኣይኮነትን ዘላ። ደቅ ሰብ ንጒዳያት ኣጸቢቖም ክርድእዎ ጀሚሮም፣ ብሓድሽ ኣገባብን ሓድሽ ሓንጎልን ድማ ክሓስቡ ጀሚሮም። ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብዝተፈልየ መንገዲ ክሓስቡን ተስፋታት ክገብሩን ይረኣዩ። ወድሰብ ሓድሽ ነገር ክፈልጥ ዝኽልክሎ ሓይሊ ወይ ሰራዊት የልቦን። ንፍልጠት ዝኾነ መከላኸሊ ወይ ሚሳይላት ኣይዓግቶን'ዩ።

መርበብ ሓበሬታ ዊኪሊክስ ኲሉ ብዛዕባ ፋይናንስያዊ ቅልውላውን ባንክታትን ዘሎዋ ሓበሬታ እንተ ዘርጊሓ እንታይ ክመጽእ ይኽእል? ምስጢራት ናይተን ዓበይትን ገበትን ኣህጉራውያን ኩባንያታት ክቃላዕ ይኽእል። ንናይ ካልኦት ሃብቲ ብኸመይ ከም ዝቈጻጸራ ዘቃልዕ ሰነዳት እንተ ወጸኸ? እዚ ብዙሕ ቁም ነገር ኣሎዎ። ብዙሓት ሃገራትን ህዝብታትን ብድሕሪ ሕጂ ግዳይ ንኸይኮኑ ትምህርቲ ምተቐሰመ ነይሩ። ክሳዕ ሕጂ ከም በዓል በርናርድ ማዶቭ ዝኣመሰሉ ውልቀ ሰባት፡ ከመይ ገይሮም ብምድንጋርን ሓሶትን ብገንዘብ ሰብ ይጻወቱ ከም ዝነበሩ ተቓሊዑ ኣሎ። ካልእ ከይመጽእ ተቐላጢፎም ንዊኪሊክስ ይኹን ንጁልያን ኣሳንጅን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉን ከጥፍኡ ፈተነታት ክገብሩ እዮም። እቲ ጸገም ግን ብዙሓት ጁልያን ኣሳንጅ ኣለዉ፣ ኣሽሓት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ጁልያን ኣሳንጅ ሓንጎሎም ኣስሪሖም ንደቂ ኣዳም ዘገልግሉ ሰባት ክመጽኡ ይኽእሉ። ምናልባት ክሳዕ ሕጂ ንፍልጠትን ንሳይንስን ንግዚኡ ሓሰውትን ኣደናገርትን ክጥቀሙሉ ጸኒሖም ይኾኑ፡ ሕጂ ግን እቲ ኹነታት ተቐዪሩ'ዩ። ናብታ ቀዳመይቲ ነጥቢ ክምለስ፡ ዊኪሊክስ ሓድሽ ዝተማህዘ ነገር ኣይኮነን ኣምጺኣ፣ ንዓና ዘገረመና ነገር'ውን ኣይነበረን። ምናልባት ኣብዚ ክጥቀስ ዝከኣል ብኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ኣስመራ ዝለኣኽ ዝነበረ ደብዳበታትን ትሕዝቶኡን ዝምልከት ሰነዳት'ዩ። ገለ ወገናት ነዚ ዘይንፈልጦ ዝነበርና ይመስሎም ይኸውን። ኣነ እንተ ተሓቲተ ግን ንዓይ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። እቲ ብሕቡእን ስቱርን ዝበሃል ዝነበረ ንዓና ኣይተሰወረናን። እዚ ሰነዳት'ዚ ንውዲታትን ኣብ ጸቢብ ኩርናዕ ንኸእትዉና ዝረኣ ዝነበረ ፍጻመታትን ናይ ኣመሪካ ኣጀንዳን ዘቃልዕ'ዩ። ዊኪሊክስ ንዘንብብ ሰብ፡ ኲሉ ዝርዝራት ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። ንምጥቅላል ኣብዚ ግዜ ዲፕሎማስን ፖለቲካን ካልእ ቅጽላትን ብግብሪ ትርጒም ዘለወን ዝመስሎ ሰብ እንተ'ሎ ተጋጊዩ ኣሎ። ኣነ ብውልቀይ ነዛ ፖለቲካ እትበሃል ቃል ከይጥቀም ኣብ ምጥርጣር ኣትየ፣ ምኽንያቱ ፖለቲካን ዲፕሎማስን ከም ናይ

ሓሶትን ምድናጋርን ጥበብ’የ ዝወስደን። ስለዚ’ዩ ድማ ብግልጺ ርእይቶና ክንገልጽ እንከለና፡ ንስኻትኩም ዓሻታት ኢኹም ዝብሉና። ንሓደ ሰብ ኮፍ ኣቢልካ፡ እዚ እቲ ሓቂ’ዩ፣ እዚ ድማ ግጉይ’ዩ ። እዚ ይከኣል’ዩ፣ እዚ ከኣ ዘይከኣል’ዩ፡ እናበልካ ክግለጸሉ ይግባእ። ንስኹም ጌና ኣብ ግዜ ሰውራ፡ ብሓንጎል ናይ ገድሊ ኢኹም ትሓሰቡ ዘለኹም ይብሉኻ፣ ኣነ ግን ዝያዳ ብጋህዲ ክዛረብ፡ ሓደ ሓደ መትከላትን ክብርታትን ዘይቕየር’ዩ።

ጸሊም ሕብሪ ኹሉ ግዜ ጸሊም’ዩ፣ ጸዕዳ ድማ ጸዕዳ ኮይኑ ኸተርፍ’ዩ፣ ብስም ፖለቲካን ዲፕሎማስን ነዚ ሕብርታት ምቕያር ኣይከኣልን’ዩ። እዚ ብዊኪሊክስ ዝተቓለዐ ሰነዳት ከኣ ነቶም ክብሪ ዘሎዎም ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰሉ ንቑሓት ህዝብታት ብዙሕ ጥቕምታት ኣሎዎ። ብዊኪሊክስ ዝወጽእ ሓበሬታ ጽቡቕ ጌርና ከነንብቦን ክንርድኦን የድሊ፣ ኣብ ብዙሕ ጕዳያት ከአ ክጠቕመና’ዩ። እዚ ምዕባለ`ዚ ንረብሓናን ረብሓ ዝተዓመጹ ህዝቢታት’ዩ መጺኡ። ኣዎንታዊ ተርእዮ’ዩ። ስለዚ’ዩ ድማ ሰብ ፍሉይ ረብሓን ገበትቲ ሓይልታትን ሰንቢዶም ኣብ ሻቕሎት ዝኣተዉ። ዊኪሊክስ ምስ ኣንበብካ ብዘይምግናን እዚ ምዕባለ’ዚ ቅድሚ ዓሰርተ ወይ ዕስራ ዓመት ክመጽእ ይግባእ ነይሩ ትብል። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ተክኖሎጂ ሽዑ ግዜ ነዚ ናይ ሕጂ ደረጃ ምዕባለ ኣይበጸሕን ነይሩ፣ ሎሚ እዚ ምዕባለ’ዚ ንህዝብታትን ሃገራትን ናብ መጻኢ ንኽጥምቱ ሓዲሽ መስኮት ከፊቱ’ሎ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ድሕሪ ምውዳቕ ሕብረት ሶቬትን ናይ ኣመሪካ ምድያብን ምንቁልቃልን፣ ኣብ እስያን ላቲን ኣመሪካን ሓደስቲ ሓይልታት ክቕልቀሉን ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ተርእዮ’ዚ ንዓለም ከም ብብርቱዕ ማዕበል እትጽፋዕ ዘላ መርከብ ኣምሲልዎ’ሎ፣ እዛ ከም’ዛ ዝተገልጸት መርከብ ዝተመሰለት ዓለም ኣበየነይቲ ወደብ’ያ ክትጽጋዕ?**

መልሲ፡- ግዜ ንድሕሪት ክምለስ ኣይክእልን`ዩ። በዛዕባ’ዚ ኣርእስት’ዚ ትንታነታት ክህሉ ይኽእል። ኣነ ኣብ ትንታነታትን ትንቢታትን ክኣቱ ኣይደልን’የ። ብሓጺሩ ክብሎ ዝደሊ ግን ንሕና ኣብ መጀመርታ ውድቀት ኢምበራጦርያ ኣመሪካ ኢና ዘለና። እዚ ናይ ዲማጎጂን ናይ ስምዒትን ዘረባ ዘይኮነስ ነቲ ኣብ ዓለም ዝረአ ዘሎ ቊጠባዊ፡ ልምዓታውን ተክኖሎጅያውን ለውጢታት ብግቡእ ምንባብን ምትንታንን’ዩ። ኣመሪካ በቲ ዘርኣየቶ ኢንዳስትርያዊ ምዕባለ፡ ተክኖሎጅያዊ ግስጋሰን ምህዞታትን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ዝተፋላለየ ዓውድታት ዝገበረቶ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምን ከም ርእሰ-ሓያላን ተቐልቂላ። ሕብረት ሶቬት ድማ ብሰንኪ ሓደ ሓደ ታሪኻዊ ፍጻመታትን ከምኡ’ውን ካልኦት ሕጂ ኣብ ዝርዝራቶም ክኣቱ ዘይደለኹ ረቛሒታትን ወዲቓ። ብዙሓት ሰባት ምውዳቕ ሕብረት ሶቬት ንረብሓ ኣመሪካ’ዩ ብምባል ኣብ መደምደምታ በጺሖም። እቲ ሓቂ ግን በንጻሩ`ዩ። ምውዳቕ ሕብረት ሶቬት ንድኻማት ርእሰ-ሓያል ኣመሪካ ከቃልዕ መጺኡ። ግዜ ምስ ከደ ከኣ እቲ ታሪኻዊ ለውጢ መጺኡ። ኢንዳስትሪ ናብ ካልእ ቦታት ክሰግር ጀሚሩ፣ ዓለም ከም ልሙድ ዘይኮነ እና ተቐየረት መጺኣ። ቻይና ኢንዳስትርያዊት ሃገር ኮይና፣ ብዕቤት ኣብ ዓለም ካልኣይ ደረጃ ዝሕዝ ቊጠባ ክትውንን በቒዓ። ህንዲ’ውን ብዝሒ ህዝባ ብዘየገድስ፡ ቅልጡፍ ልምዓታዊ ምዕባለ ተርኢ ስለ ዘላ፡ ከም ሓንቲ ካብተን ብቊጠባ ዝሓየላ ሃገራት ኮይና ክትቅልቀል ጀሚራ። ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ዘመን፡ ማለት ድሕሪ ኻልኣይ ኲናት ዓለም ብፍሉጥ ምኽንያታት ጃፓን ከም ቊጠባዊ ሓይሊ ተቐልቂላ፣ ኣብ ቊጠባ ዓለም ዘሎዋ ተራ ግን ከም ቀደሙ ኣይክቕጽልን’ዩ። ኤውሮጳ ከምዚ ሕጂ ዘላቶ ኣብ ቊጠባ ዓለም ኣይክትህሉን’ያ። እዚ ማለት ኤውሮጳ ክትወድቕ’ያ ዘይኮነስ ካብቲ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት ዝረኣናዮ ዝተፈልየ ዳይናሚካዊ ለውጥታት ክመጽእ’ዩ። ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝነበረ ድኻማት ተሸፊኑን ተኸዊሉን ጸኒሑ። ሕጂ ግን ኲሉ ነገራት ተጋሂዱ። ኣመሪካ ከም እንኮ ርእሰ-

ሓያላን ኮይና ክትቅጽል ንቻይናን ህንድን ካልኦት ሃገራትን ቍጠባኦን ከየማዕበላ ብምኽልካል ኩሉ'ቲ ትውንኖ ዝጸንሐት ኢንዳስትርያዊ ክእለት እንደገና ክትመልሶ ትኽእል ድያ? ምስቲ ሕጂ ዝረአ ቑጠባዊ ለውጢታት ናይ ፖላሪዝም ስነ ሓሳብ ክህሉ ድዩ? ኣነ ናይ መጻኢት ዓለም ዝረኣየኒ ስእልን ምልክታትን ንጹር ኮይኑ ኣሎ።

ታሪኽ ድማ ብድልየት ኣመሪካ ይኹን ብድልየት ኤውሮጳ ንድሕሪት ክምለስ ኣይክእልን'ዩ። ሓደስቲ ሕግታትን ሓደስቲ ተዋሳእቲ ሓይልታት ይቕልቀሉ ኣለዉ። እዘን ሕጂ ዝቕልቀላ ዘለዋ ሓይልታት ናተን ተራን ጽልዋን ድሕሪ ሓሙሽተ ወይ ዓሰርተ ዓመታት ኣጸቢቑ ክረአ'ዩ። እዚ'ዩ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ቑጠባ ክንብል እንከለና፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ፍርያምነት፡ ምክፍፋልን ምህላኽን ቍጠባ'ዩ። እዘን ዝሓለፋ 100 ዓመታት ወይ ድሕሪ መበል 19 ክፍለ ዘመን ዝማዕበላ ሃገራት ምዕራብ ቍጠባአን ኣብ ናይ ምጽንጻን ወይ ስፐክዩለሽን ዝተሃንጸ እዩ። ኣነ ናይ ካዚኖ ቑጠባ ወይ ናይ ዓፍራ ቑጠባ'የ ዝብሎ። እዘን ዘየፍርያ ትካላት፡ ብፋይናንስያዊ ወረቃቕቲ እናተጻወታ ክኸዳ ጸኒሐን። እቲ ዝነበረ ዓለማዊ ስርዓትን ዝሑል ኲናትን ነቲ ዝነበረ ድኻማት ስለ ዝሸፈነለን ንቑጠባ ዓለም ክቈጻጸራ ዕድል ረኺበን። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ዓፍራ ዓፍራ ምዃኑ ስለ ዘይተርፍ እቲ ሓቂ ተጋሂዱ። እዘን ትካላት እዚኣን ኣፍረይቲ ስለ ዘይኮና ክቕጽላ ኣይክእላን'የን። ከም በዓል ፎርድ ወይ ክራይስለር ወይ ጂ ኤም ዘኣመሰላ ኣይክህልዋ'የን። ምኽንያቱ ምስናዕ ስለ ዘየልቦ። ምናልባት ጀርመና ኣብ ናይ ምስናዕ ንጥፈታት ትቕጽል ትኸውን፡ ኣመሪካ'ውን ካብዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ኣካይዳ ተማሂራ ኣብ ቍጠባኣ ምምሕዳራዊ ለውጥታት ብምግባር፡ ናብቲ ቐንዲ መትከላት ናይ ምህናጽ ቍጠባ ትምለስ ትኸውን። ኣመሪካ ግን ንቻይና ይኹን ንህንዲ ከይምዕብላ ክትዓግተን ኣይትኽእልን'ያ። ኤውሮጳ'ውን ኣካይዳኣ ክትቕይር ምስቲ ኣብ ዓለም ዝረአ ዘሎ ለውጥታት ክትወሃሃድ እንተ ደልያ ኣመሪካ ክትዕንቅፋ ኣይትኽእልን'ያ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ እዚ መጀመርታ መስርሕ ምውዳቕ ናይተን ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት ዓብሊለን ዝነበራ ኢምበራጦርያታት እዩ።

ሓደ ፖላር ወይ ሓደ ርእሰ-ሓያላን ጥራይ ክህሉ'ዩ ዝብል ዝነበረ ኣተሓሳስባ፡ ከም በዓል ፎኮያማን ሃንቶንግ ቶንግንን ካልኦት ዝጐስጐሱሉ ዝነበረ ስነ-ሓሳብ ኣብቂዑ እዩ። ንሳቶም ዝብልዎ ዝነበርሩ፡ ድሕሪ ምውዳቕ ሕብረት ሶቬት ኣመሪካ ንበይና ዓለም ክትቈጻጸር'ያ፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ንሓምሳ ዓመት ዝኸውን ንኣመሪካ ዝወዳደር ሓይሊ ኣይክህሉ`ዩ ይብሉ ነይሮም። እዚ ዘረባ እዚ ትማሊ ትማሊ ንሰምዖ ዝነበርና ንዕኡ ብዝምልከት መጻሕፍቲ ተሓቲሙ፡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ፖሊሲታን ውጥናትን ተሓንጺጹ ክስረሓሉ ጀሚሩ። ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ግን ካልእ'ዩ። እዚ ኣተሓስሳባ እዚ ግብራዊ ዘይኮነስ ከም ሕልሚ ኣብ ሓንጎል ናይቶም ዓለም ዝወነኑ ዝመስሎም ውልቀሰባት ዘናውጽ ዝነበረ ሓሳባት እዩ። ሎሚ ንሕና ኣብ ሓድሽ ታሪኻዊ መድረኽ ኢና ንኣቱ ዘለና። ንጉዳያት ብውድዓውነት ክነንብቦ ይግባእ። እቲ ንዕዘቦ ዘለና ምልክታት፡ ዓለም ከምቲ ዝለመድናዮ ናይ ዝሓለፈ 20 ዓመት ኲነታት ዘይኮነስ ናብ ሓድሽ መድረኽ ዝሰግር ናይ ሕርሲ ምልክታት ተርኢ ኣላ።

**ሕቶ፡- ክቡር ፕረዚደንት ኣብ መወዳእታ ካብዚ ክንርደኦ እንኽእል ከም ርእሰማልነትን ማሕበርነትን ዘኣመሰላ ስነ-ሓሳባት መደረኽን ተወዲኡ ኣብ ናይ ሃማኖታትን ስልጣነታትን ግጭት ኣቲና ዲና ዘለና? ወይስ ከመይ`ዩ?**

መልሲ፡- እንሓንሳእ ኣብ ውሽጢ ስነ-ሓሳብ ኣቲኻ ክትዛረብ እንከሎኻ ንጉዳያት ብኽፉት ሓንጎል ክትምርምሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ብዛዕባ ርእሰማልነት ወይ ማሕበርነት ምዝራብ ኣድላዪ ኮይኑ ኣይስመዓንን። በዘን ፍሉጣት ስነ-ሓሳባት ዘረባ እንተ ጀሚርና ሓንጎልና ምሉእ

ብምሉእ ክፉት ኣይከውንን`ዩ። እዚ ማሕበርነት ወይ ገስጋሲ ስነ- ሓሳብ ዝበሃል እንተ ረአና፡ ካብ ጥንቲ ጀሚርካ ኣብ ባህርያዊ ሕግታት ዝተጠቓለለ’ዩ። ንድሕሪት ተመሊስና እንተ ኣስተውዒልና፡ ሕብረተ ሰባት ካብ ጫካታት ወጺኦም፡ ኣብ ዝተወሰነ ቦታታት ክነብሩ ምስ ጀመሩ፡ ነዞም ሕብረተ ሰባት ዝቈጻጸር ቅጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሕግታት ክቕልቀል ጀሚሩ። ኣብዚ ሕግታት’ዚ ምርኵስ ብምግባር፡ ውሑዳን ንብዙሃን ክቈጻጸሩ ኣይክእሉን’ዮም፣ እዚ ባህርያዊ ሕጊ እዩ። ቀጠባ ከኣ ኣብ ፍርያምነት፡ ምክፍፋልን ምህላኽን እዩ ዝምስረት። እዚ ዘይቅየር ባህርያዊ ሕጊ እዩ። ካልእ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝበሃል ነገር ኣሎ።

ሓደ ስነ-ሓሳብ ወይ ገስጋሲ ሓሳብ ነዚ ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ክብር’ዚ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ እንተ ዘይከኣለ ኣብቲ ዘሎ ሕብረተ ሰብ ንእሽቶ ይኹን ዓቢ ከምኡ’ውን ኣብ ሃገር ወይ ኣብ ከባቢ ወይ’ውን ኣብ ዓለም ርግኣትን ሰላምን ኣይህሉን’ዩ። እቲ ኹሉ ዝለዓል ግጭት፡ ሓደ ንኡስ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ’ቶም ብዙሃን ኮይኑ ንዝኾነ ነገር ክቈጻጸር እንከሎ’ዩ ዝመጽእ። ምኽንያቱ ባህርያዊ ሕጊ ኣይፈቕደሉን`ዩ። ነዚ ማሕበርነት በሎ ወይ ካልእ ስም ሃቦ። ምናልባት ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ወይ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ዝምልከት ጥቕሲ ክህሉ ይኽእል’ዩ፣ ናተይ ፍልጠት ውሱን ስለ ዝኾነ ግን ኣይዝክሮን`የ። እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ መሰረታዊ ሕጊ እዩ። ምናልባት ሓደ ንማሕበራዊ ፍትሒ ዘየኽብር ስነ-ሓሳብ ወይ ፖለቲካዊ ስርዓት ከመጽእ ይኽእል’ዩ፣ ንውሱን ግዜ ክዕብልል ይኽእል`ዩ። ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክቕጽልን ተቐባልነት ክረክብን ግን ዓቕሚ የብሉን። ብሓጺሩ ባህሪ ናቱ ሕግታት ኣሎዎ። ናይ ወድ ሰብ ባህሪ ከኣ ናቱ ኽብርታት ኣሎዎ። ካብዚ ሕግታትን ክብርታትን ወጺኡ ኣብ ክንድኣም ናቱ ሕግታት ዘምጸአ ንውሱን ግዜ’ምበር ቀጻልነት የብሉን። ካብዚ ብምብጋስ፡ ርእሰ-ማልነት ውሱን ዕድመ’ዩ ዘሎዎ። በዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ከኣ፡ ርእሰ-ማልነት ናይ ካዚኖን ግምታትን ቁማርን ቀጠባ ማለት`ዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ርእሰ-ማልነት ኣብ ውሱን ግዜ ምናልባት ናቱ ሕግታት፡ ክብርን ፍሉይነትን ነይሩዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ ማሕበራዊ ፍትሒ መሰረት ስለ ዝኾነ ንማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ ፖለቲካዊ ስርዓት ምህላው ካልእ ኣማራጺ የብሉን።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ መደምደማታ ናይዚ ኣብ መመረቕታ መርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት ኤርትራ ፣ ነዚ ቃለ መጠየቕ ክነካይድ ፍቓደኛ ምኧንካ ንምስግነካ ።**

መልሲ፡- ብወገነይ ድማ ንመርበብ ሓበሬታ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት ኤርትራ ከመስግን እፈቱ። እቲ ዝቐረበ ሕቶታትን ዝተላዕለ ኣርእስታትን ኣገዳስን እዋናውን’ዩ። ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕታት፡ ሓሳባት ንምልውዋጥን ምዝርጋሕን መድረኽን መሳለጥን ንክኸውን ተስፋ እገብር፣ ዓወትን ኣሳልጦን ድማ እምነየሉ።

❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊❊